(ካብ ናይ ውሽጢ ትሕዝቶ ዝተቐንጠረ)



## “ካፒታሊዝም ማዕቢሉ ተዝኸውን ነቲ ፍልልያት ከጥፍኦ ነይሩ እዩ”

ዶ/ር ገላውዴዎስ ኣርኣያ

“-ትግራዋይ ኮይንካ ካብ ኢትዮጵያዊ መንነት ክትርሕቕ ኣፅጋሚ እዩ ብጣዕሚ።

-ኢህወደግ ካብቶም ዘምፅኦም ዓወታት እቲ ሓደ ናይ ብሄራት መሰል ምርግጋፅ እዩ።

-ኣብ ኩሎም ናይ ተምሃሮ ምንቅስቓሳት ብዝለዓለ ደረጃ ዝመርሑ፣ ዝፅሕፉን ዝእሰሩን ዝነበሩ ተጋሩ እዮም። እዚ ርጉፅ እዩ። ብዙሕ መስዋእቲ እዮም ከፊሎም ተጋሩ።

-ኦሮሞታት ባልቻን ኣባነብሶን ምስ ኣሉላ ተራኺቦም። ብቋንቋ እኳ ክራኸቡ ኣይክእሉን። ግን ኢትዮጵያውያን ስለዝኾኑ ተራኺቦም።

-ተጋሩ ከም ተጋሩ መጠን ተወዲቦም ንባዕሎም ዝኾኑሉ፣ ንርእሶም ዝከላኸሉሉ ውዳበ ክፍጠር ኣለዎ።

-ኣፅቢብካ ዘይኮነስ ኣስፊሕካ ምስትትሕዝ ጥራይ ኢኻ ረብሓኻ ምዕባይ እትኽእል።”



## “ብሓደ ዓይነት ሳእኒ ኪድ ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ እዩ ፀገም ፈጢሩ ዘሎ”

ዶ/ር ጉዕሽ ብርሃነ

-ህዝብና ኣብ ሕርሻ ይነብር እምበር ሕርሻ ጥራይ ኣይኮነን ዝሰርሕ።

-ኩሉ ጊዜ ሓደ ስጉሚ ንቅድሚት ክንከይድ እንተለና ፈለማ ክንገብሮ ዘለና እታ ስጉሚ ንሳ ንድሕሪት ከምዘይትምለስ ርግፀኛ ምኳን ኣድላይት እያ።

-ብዛዕባ ሕልፊ ተጠቃምነት ተጋሩ ክነውግዕ እንተለና ብዛዕባ እቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓሙሽተ፡ ሽድሽተ ሚልዮን ህዝቢ ኢና ክንሓስብ ዘለና። ካብ 5 ሚልዮን ህዝቢ እቲ 1 ሚልዮን ዝኸውን ኣብ ሰፍቲኔት ዝተፀገዐ ህዝቢ ሒዝካ ዝሓሸ ተጠቃምነት ኣሎ ምባል ንዓይ ብዙሕ ትርጉም ኣይህበንን።

-ዝበዝሕ ዝሰልጠነ ዝብሃል ሓይሊ ሰብ ትግራይ ኣብ ትግራይ ኣይኮነን ዘሎ። ዘዝተመሃረ ይወፅእ እዩ ዘሎ።

-እዛ ሃገር ፌደራል ስርዓት እያ እትኽተል። እዚ እናተኽተለት ግን እቲ ናይ ኢንቨስትመት ኣካይዳ እዛ ሃገር ፌደራል ኣይመስልን። ናብ ማእኸል ዘተኮረ ይመስል።

-ህዝቢ ዲኻ ናብቲ ልምዓት ዘለዎ እትወስዶስ ወይስ ናብቲ ህዝቢ ዘለዎ ኢኻ ክትወስዶ ዘለካ እቲ ልምዓት?

-መቐለ እንድሕር ጥቓ ጥቓ ኣዲስ ኣበባ ኮይና ሃዋሳ እውን ከምኡ እንድሕር ኮይና ኣዲስ ኣበባ ጫውጫው እንተበለት ንመቐለ ወይ ንሃዋሳ እንታይ የገድሳ?

-ሎሚ የብልካን፤ ፅባሕ ግን ክህልወካ ዘኽእል ነገር ኣለካ፤ ስለዚ ተተኣሰሰር ማለት እዩ። ልቓሕ ጠቓሚ ዝኸውን በዚ መንገዲ እዚ እዩ።

-ድኽነት ሒዝካ ክንበር ስለዘይብሉ፤ ሕዚ ናይ ማይክሮፋይናንስ ኣድላይነት ፋይናንስ ከመይ ገይሩ ናብ ገጠር ይኺድ ዝብል ሕቶ እዩ ዝምልስ።

-ኣብ ሕርሻ ፋይናንስ ፈሰስ ምግባር ካብ ዝተመኮሮሎም ናይ ዓለም ሃገራት ሓንቲ ኢትዮጵያ እያ። እዚ ዝጀመሮ ድማ ደደቢት እዩ።

-ሕዚ ኣብ ትግራይ ክንገብሮም ካብ ዘለና ነገራት እቲ ሓደ እቲ ናይ ገምጋም ስርዓትና ክስተኻኸል ኣለዎ ኢለ እየ ዝኣምን።

---

# ትሕዝቶ

1) “ሓደ ምንጪ ሕዚ ንሪኦ ዘለና ኩነታት እቲ ለውጢ ብተጋሩ ምምፅኡ እዩ” ዶ/ር ገላውዴዎስ ኣርኣያ

2) ኣድላይነት ናይ ለውጢ “ማኒፌስቶ”
ጀ. ኣበበ ተ/ሃይማኖት (ጆቤ)

3) የቐንየለይ ምባል ንኽኣል
ኣምበስ ተወልደ

4) “ብሓደ ዓይነት ሳእኒ ኪድ ዝዓይነቱ ኣተ ሓሳስባ እዩ ፀገም ፈጢሩ ዘሎ” ዶ/ር ጉዕ ሽ ብርሃነ

5) “ኣንጻር ማዕበል እናሓንበስካ ኣብ ደንደስ ባሕሪ ሰላም ክብጻሕ ከቢድ እዩ” ቸሩ ተስፋዝጊ

<u>ማንጂንግ ዳይሬክተር</u>
ጌታቸው ኣረጋዊ
አድራሻ፡-
+251 911 05 77 47
E-Mail:
gechuwurayna@
gmail.com
or
gechdwet@yahoo.com

<u>ዓምደኛታት</u>
ሙሉወርቅ ኪ/ማርያም
ናሁሰናይ በላይ
ኣቤል ጉዕሽ
ተ/ሚኪኤል ኪ/ማርያም
ኣምበስ ተወልደ
ኮረንቲ


መፅሄት ውራይና
ብውራይና ስራሕቲ
ሚድያን
ኪነጥበብን ሓ/ዝ/ው/ማ
እና ተዳለወት ማሕበራዊ፣
ኢኮኖምያውን
ፓለቲካውን ዛዕባታት
እትድህስስ ወርሓዊት
መፅሄት ውልቀ እያ፡፡

# ጥሙር ንድፈሓሳባዊ መፍትሒ ዝጠልብ መድረኽ!

ዝገጠሙናን ንቕድሚት ክገጥሙና ዝኽእሉን ፀገማት ንምፍታሕ እንኽዶ መንገዲ ንፁር ክኸዉን ናይ ግድን እዩ። ተዘየለ ፖለቲካና ፖለቲካ ኣዉያትን ጥርዓንን ይኸዉን እሞ መፍትሒ ዘይፈጥር በኻያይ ስነልቦና ሒዝና ረብሓ ክልልናን ሃገርናን ምሕላው ኣብ ዘይንኽእለሉ ተስዓራይ ባይታ ሰጣሕ ኢልና ንተርፍ። ተሞክሮ ዕዉታት ህዝብታት ዘምህረና ድማ ፀገማቱ ነፂሩ፣ ፍልፍል ሕመቓቱ ብዑምቆት ተንቲኑ፣ ተሞክሮታት ኣፅኒዑ ፍታሕ ዘነዲ ከምዝዕወት እዩ። ብበዝሒ ኣንፀርፅሮትን ያዕያዕን ዝተለወጠ ሀገር የለን።

ብርክት ዝበሉ ተጋሩ መናእሰይ፣ ነባር ተጋደልቲ፣ ሙሁራትን ሓለፍቲ ፖለቲካዊ ዉዳበታትን መራሕቲ መንግስትን ንዘለናዮ ኹነታት ጥርኑፍ ትንተናን ናይ መፍትሒ መንገዲ ክህቡ ኣይንዕዘብን። ቁርፅራፅ ሓሳባትን ናብ ጥርዓን ዘዘንበሉ ክሴታ መሰልቲ ፅሑፋትን እምበር ዘለናዮ ኹነታት እንታይ ይመስል? መንቀሊ ናይቲ ዘለናዮ ሽግር እንታይ እዩ? ዝበፅሐ ጉድኣት እንታይ እዩ? መፍትሒኡኸ እንታይ እዩ? ተዘይተፈቲሑኸ እንታይ ሓደጋ ክመፅእ ይኽእል? ብዋናነት ነቲ መፍትሒ ኣየናይ ሓይሊን መሓዉርን ኣንቀሳቒስና ኢና ንፈትሖ? ዝብሉ ገዘፍቲ ሕቶታት ክምልሱ ዝሞከሩ ፁሑፋት ብዙሕ ኣይረኣዩን ዘለው። ኣብዚ ውራይና መፂሄት ይኹን ኣብ ካሊእ መድረኻት ቡዙሓት ብሱላት ሓሳባት ካብ ሙሁራትን ሰብ ተሞኩሮን ይለዓሉ እዮም። ግን ጥሙር ንደፈሓሳባዊ መልክዕ ዘለዎም እዮም ንምባል አየድፍርን። ምናልባት ከም በዓል ጄኔራል ጻድቃንን ጄኔራል አበበን ኣብ ዉራይናን ካልእን ዝፀሓፍዎ፣ ብ ቛንቛ ኢንግሊዝኛ ድማ ዶክተር ሌንጮ ለታ በቲንዋ ዝነበረ ፅሑፍ፣ ቕድም ኢሉ ኣብ ዉራይና ዝወፀ ኩነታት ፖለቲካ ሃገርና እንታይ ይመስል? ንሕናኸ እንታይ ንግበር ዝብል ስፍሕ ዝበለ ናይ ናሁሰናይ በላይ ፁሑፍ ወዘተ ዝበሉ ዳህሳስ ሕሉፍን ህልውን ኩነታት ገይሮም መፍቲሕታት ዝጠቆሙ ሕሁፋት ብምዃኖም ከም መበገሲ ክንሪኦም ንኽእል እንተኾና እምበር ካሊእ ካብ ብቐለ መጠይቕ መልክዕ ርኢቶ መሃብ ዝዘለለ ዝቐረበ ነገር ኣይንዕዘብን።

ሳላ ፌስቡክን ዉራይናን ሰርጌንን ትግራዋይ ሓይሊ ሓሳባቱ ይገልፅ ምህላው ዓብይ ትዕድልቲ እዩ። ዝገርም ዓቕሚ ዘለዎም መናእሰይ ናብ መድረኽ ይመፁ ኣለዉ፣ ልዕሊ ኹሉ ነገር ተስፋ ዝህብ እዩ። ኾይኑ ግና እዚ ዝበሃል ሙሉእ ፖለቲካዊ ትንተናን ናይ መፍትሒ ሓሳብን ወዲቡ ዝፀሓፈን ኣንፈት መፃኢ ቓልሲ ክሕብር ዝኽእል፣ ካብ ክስተታት ምትንታን ( Event Analysis) ሓሊፉ መንገዲ ዝሕብር ኣይእምብዛን። ሓቂ ንምዝራብ ናይ ገለገሊኦም ዕላማን ድልየትን እዉን እዙይ እዩ ኢልኻ ዘይትሕዞ ኣብ ዝተረኸበት ዕዳጋ ድጋፍ ንምእላሽ ዝተወደቡ ዴሞክራስያዊ መትከልን ንፁር ዕላማን ዘይትርእየሎም ይበዝሑ ኣለዉ። ዉድብ ህወሓት ይኹን ዓረና በዚ መዳይ ዘቕረብዎ ዝርዝር ትንተናን ናይ መፍትሒ መንገድታትን ኣይራእናን፤ እዚ ክገብሩ ናይ ግድን እዩ።

ናይዛ መልእኽቲ ዕላማ ድማ ነዚ ክፍተት መን ይምላኣዮ ዝብል እዩ። ሙሁራን ተጋሩ ነቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ ናይ ልምዓት፣ ሰላም፣ ፍትሕን ዴሞክራሲን ዛዕባታት ምርምር ወይድማ “ሓዉሲ ምርምር” ገይሮም ኣጀንዳታትና ስርዓት ተዘይየትሒዘምዎ ሓይሊ ትግራዋይ ኣብ ግዝያዊ ሆይሆይታን ስምዒታዊ ምንብድባድን ምፅማዱ ኣይተርፍን። ፖለቲካ ስፍሕ ዝበለ ማሕዉራዊ ርድኢትን ዓሚቕ ግንዛበን ዝጠልብ፤ መትከልን ዕላማን ተዘይነፂርካ ዘይትዕወተሉ ሜዳ እዩ። ብኻሊእ ኣገላልፃ ሕቱኹቱኸኛ ዘይስዕረሉ ሜዳ እዩ።

ብቕርበትን ተበፃሓይነትን ሓሲብና ኣብ መቐለ፣ ዓዲግራትን ኣኽሱሙን ዘለኹም ሙሁራት ተጋሩ ዛዕባታትና ብዝግባእ ተፀኒዖም ኣጀንዳ ክኾኑ ናይ ምግባር ሓላፊነት ዘለኩም መሲሉ ይስማዓና:: ኣብ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ብርክት ዝበላ ዩኒቨርስቲታት ሀገርናን ወፃኢ ዓዲን ዘለኹም ተጋሩ እዉን እጃምኹም ክትገብሩ ንላቦ። ምሕደራና፣ ፍትሕና፣ ኩነታት ኣብ ዶብ ዘሎ ህዝቢ፣ ማሕበራዊ ግልጋሎታትና፣ ልምዓትናን ኩለ መዳይ ኸይድና ካብ ርእይቶ (Opinion) ሓሊፉ ሓቃዊ ሓበሬታን ንድፈሓሳብን ተሞክሮ ኻልኦት ሃገራትን ኣቕሪብካ ፍታሕ ምንዳይ እዩ እቲ ዝረብሕ መንገዲ። መፅሄት ዉራይና ብዝኸኣለቶ ዓቕማ ገፋሕቲ ትንተናታት ዝሓዙ መፍትሒ ክርእዩ ዝኽእሉ ፅሑፋት እናምፀአት አካል እቲ ቓልሲ ንፍትሒ፣ ንሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራሲን ክልልናን ሀገርናን ኾይና ከም ልሙድ ከም እትቕፅል ነረጋግፀልኩም።

# “ሓደ ምንጪ ሐዚ ንሪኦ ዘለና ኩነታት እቲ ለውጢ ብተጋሩ ምምፅኡ እዩ።”

## ዶ/ር ገላውዴዎስ ኣርኣያ

ዶ/ር ገላውዴዎስ ኣርኣያ ኣብ 60ታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ተመሃራይ ፖለቲካ ሳይነስ ኮይኑ ኣብቲ እዋን ኣብ ዝነበረ ናይ ለወጢ ምንቅስቓስ ንጡፋት ካብ ዝነበሩ ተጋሩ ተመሃሮ እዩ። ኣባል ኢህኣፓ ኮይኑ ዝቃለስ ዝነበረ እንትኾን ኢህኣፓ ምስ ተበታተነ ናብ ሃገረ ኣመሪካ ከይዱ ምህሩኡ ቀፂሉ ኣብ ብርኩት ዝበሉ ምርምራትን ፅሑፋትን ብንቕሓት ዝሳተፍ ዘሎ ዓብዪ ምሁር እዩ። ካብ ዝተመሃሮም ትምህርቲታት ንገሊኦም “ BA in political science from Columbia University in 1985. He then received numer-ous higher degrees from Teachers College Columbia Univer-sity. These include, an MA in Philosophy and the Social Sci-ences in 1987, Ed.M. in International Education in 1989 and his Doctor of Education in 1990 in International Studies with a specialty in Comparative and International Education.”

ዶ/ር ገላውዴዎስ Associate Professor of African and African American Studies at Lehman College at City Universi-ty of New York. እዩ። መሊሱ ድማ Professor of International and Area Studies at Central Connecticut State University እዩ። He is the founder of IDEA (Institute of Development and Education for Africa, Inc.), www.africanidea.org.

ብዙሓት መፃሕፍቲ ፅሒፉ እዩ። ካብኣቶም 1) “Ethiopia: The Political Economy of Transition, 2) “Africa in the Global Economy: Aid, Debt, and De-velopment,” 3) Ethiopia: Democracy, Devolution of Power & The Developmental State” 4) in Globalizing Africa, Cultures That We Must Preserve and Reject (ክነውግዶም ዘለና ልምድታትን ክነማዕብሎም ዝግባእ ባህልታትን ዝብል ብትግርኛ), ከምኡ ድማ ኣብ ምርምራት ዝምስረቱ ሙሁራዊ ፅሑፋትን ንዓለማዊን ሃገራዊን ኩነታት እናተኸታተለ ዝፅሮም ዓንቀፃትን ኣስታት 170 ዝኾኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ጆርናላት፣ መፂሄታትን ድረ ገፃትን/ዌብሳይታት ኣሐቲሙ እዩ። ሐዚ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርና መብርሂታት ሂቡና ኣሎ ሰናይ ንባብ።



**ውራይና፦ ኢትዮጵያ ሕዚ ዘላቶ ኩነታት ከመይ ትገልፆ?**

**ዶ/ር ገላውዴዎስ፦** ኩላትና ከምእንፈልጦ ኢህወደግ ናብ ስልጣን ካብ ዝመፅእ እቲ ናይዛ ዓዲ ኩነታት እናተመሓየሸ ይኸይድ ኣሎ ዝብል ርእይቶ እዩ ዘለኒ ኣነ። ግን ኣብ ሓደሓደ ፅሑፋተይ እውን ከምዘስፈርክዎ፣ ብፍላይ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዝፀሓፍክዎ ኢትዮጵያ፣ ልምዓትን ዲሞክራስን ዝብል መፅሓፈይ ናይ ዲሞክራሲ ሕቶ ብዝምልከት ዘዕግብ ኣይኮነን እየ ዝብል። ካልእ ግን ብዙሕ ፅቡቕ ነገር ተፈጢሩ ኣሎ። ሰላም ተፈጢሩ ኣሎ ኣብ ዝሓለፈ 26 ዓመታት። ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንርእዮ ከለና ኢትዮጵያ እውን ብኢህወደግ ዝወፀ ናይ ወፃኢ ፖሊሲ ይኹን፣ ብናይቲ ልምዓታዊ መንግስቲ መስመር ይኹን ከምዚኦም ዝበሉ ሓደሓደ ነገራት ፅቡቕ ነገር እዩ ክትብል ትኽእል ኢኻ፣ ኣነ እውን ብኣወንታ እየ ዝርእዮ።

ካልእ ግን እንታይ ኣሎ፣ እቶም ተቓወምቲ እቶም ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ድያስፖራ ማለተይ እየ እዚታት ሓደ ብፅቡቕ እውን ኣይርእይዎን። ገሊኦም ድማ ኩላትና ከምእንፈልጦም ፀረ ተጋሩ እውን እዮም። እቶም ሰፊሕ ኣረኣእያ ኣለና ዝብሉ እውን ሚዛናዊ ዝኾነ ኣረኣእያ ኣይኮነን ዘለዎም። ኣነ ከም ምሁር ከም ፀሓፊ መጠን ሚዛናዊ ክኸውን እየ ዝፍትን። ኣብ ፅሑፋተይ እውን ንሱ ኢኻ እትርኢ። ኢህወደግ ዝሰርሖ ፅቡቕ ስራሕ እናመስገንና ጎደሎ እንተሃልዩ ድማ እናኣረምና ድኣ ኢና ክንከይድ ዘለና እምበር፣ ንሳቶም ኣብ ኢትዮጵያ ምንም ከምዘይተሰርሐ፣ ብዓይኒ እኳ ዝርአ እዚ ኩሉ ፅርግያታትን ሓፅብታትን እናሃለወ ክቕበልዎ ኣይደልዩን።

ስለዚ እቲ ናይ ፖለቲካ ክርእዮ እንተለኹ ዓብዪ ፀገም ኣሎ። ኣብ ርእሲኡ ሓደ ከም ጉድለት ዝርኣኽዎ፣ ርግፅ እዩ ኢህወደግ ካብቶም ዘምፅኦም ዓወታት እቲ ሓደ ናይ ብሄራት መሰል

ምርግጋፅ እዩ። እቶም ተረሲዖም ዝነበሩ ከም ጋምቤላ፣ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ዓፋር ወዘተ ናብመድረኽ ወፂኦም ባህሎምን ቋንቆኦምን ከደንፍዑ ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ዓብዪ ዓወት እዩ።

ብካልእ ወገን ግን፤ ኣነ ቅድሚ 22 ዓመት ሓደ መፅሓፍ ፅሒፈ ነይረ ( Ethiopia: The Political Economy of Transition ዝብል)። ኣብኡ እንታይ ኢለ ነይረ ናይተን ብሄራት ናፅነት ምርግጋፁ ፅቡቕ እዩ። ይኹን እምበር ብቓንቃ ጥራይ እንድሕር ተጓዒዝና ፅባሕ ንጉሆ እቲ ኢትዮጵያውነት እናተረሰዐ ናይ ከባቢ ኣተሓሳስባ ክምዕብል እዩ ኢለ ተዛሪበ ነይረ እየ። ፅሒፈ ነይረ። ንሱ ድማ ኮይኑ። እዚ ትግራይ ንበይኑ እቲ ኦሮሞ ንበይኑ ተፈላልዩ እዩ ዝነብር፤ ብፍላይ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ። እቲ ኢትዮጵያውነት ዝብሃል ዳርጋ ተረሲዑ እዩ ክብሃል ይኽእል እዩ። እቲ ዝገርም ነገር ድማ መሰል ብሄርና ኢሎም ዝተልዓሉ ከም በዓል ወያነ እዮም ኢህወደግ ኮይኖምሲ ነታ ኢትዮጵያ ከይትጠፍእ ዝሕልውዋ ዘለዉ። ኣቶም ናይ ኢትዮጵያ ኣጀንዳ ኣለና ዝብሉ ዝነበሩ ሓይልታት ድማ ብግልባጡ ናብ ክልል እዮም ወሪዶም። እቶም ኣብ ደገ ዘለዉ ብምልኦም ወይ ናይኦም ኣካለት እዮም ወይ ባዕሎም እዮም። ስለዚ ብሓፈሻ እቲ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ኩነታት ከምዚ ዝበለ እዩ።

ከምዚ ኮይኑ ግን ኣነ ክሳብ ሕዚ ብፅቡቕ እየ ዝርእዮ ዘለኹ። ኢትዮጵያ ምስ ኩሉ ጉድለታቱ ኣብ ፅቡቕ ኣላ እየ ዝብል። ምስ ጉድለታቱ ማለት እዩ። ማንም ሕብረተሰብ፣ ማንም መንግስቲ ድማ ጉድለታት ኣለዎ እዩ። ኣብቲ ፅሑፉተይ ርኢኸዮ ኣለኻ፤ ሸውዓተ ጥንካረታት ኢህወደግ ሸውዓተ ድኽመታት ኢህወደግ ኢለ ፅሒፈ ኣለኹ። ንሳቶም እውን ክቕበለዎ ኣለዎም። እቶም ነታ ዓዲ ዝመርሑ ዘለዉ ኣሕዋትና ከምኡ ዝበሉ ፅሑፋት ሓንጎፉይ ኢሎም ክቕበልዎ ኣለዎም። ንዓኣቶም እውን ፅቡቕ እዩ። ርእይቶ እዮም ዝቕበሉ ዘለዉ። ፈታዊ እዩ እምበር ከምኡ ኣቢሉ ዘቕርብ ፀላኢ ኣይነግረካን። ኣነ ድማ ከም ምሁር ሓላፍነት ኣለኒ። እቲ ህዝቢ፣ እቲ ኣንባብየይ ኣብ ሓንጎለይ ኣእትየ ኢየ ዝፅሕፍ። ስለዚ እዚ ኹሉ ኣገናዚበ እንትሓስብ ኢትዮጵያ ተስፋ ዘለዋ ዓዲ እያ። ካብ ዓለም ኩሉ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣትዉ ዘለዉ ኢንቨስተራት ብዘይሓደ ነገር ኣይኮነን ዝኣትዉ ዘለዉ። ይጠቕሞም ምኺኑ ኣሚኖም እዮም ዝኣትዉ ዘለዉ። ክጠቕሙና ክጥቀሙ ይክእሉ እዮም። እምበር ካብ ቻይና፣ ካብ ኣሜሪካ፣ ካብ ኢንዶኖዥያ እዞም ኩሎም ሃገራት እዚኦም ናብ ኢትዮጵያ ኣይምኣተዉን፤ ኣብ ኢትዮጵያ ተስፋ ተዘይህልዎም።

**ልክዕ ኢኻ ዶክተር። ብዙሕ ስራሕ እዩ ተሰሪሑ፤ ኣብዚ ይሰማማዕ እየ። እቶም ናይ ደገ እውን ከምቲ ዝበልካዮም እዮም፤ ይሰማማዓሉ እየ። ግን ሐዚ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ርኡያት ምንቅስቓሳት እኒሀው፤ ዘየረዳድኡ ዝመስሉ ሕቶታት ይለዓሉ ኣለው፤ እቲ ከምዚ ዝበለ ኣፈላላይ እቲ ስርዓት ዶ ይኽውን ከምኡ ዝገብር ዘሎ? ብስሩ እዚ ስርዓት እዚ ንኽም ሃገርና ዝበለ ብዙሃነት ዘለዎ ዓዲ ዝምጥን ድዩ? ጥዑይ ስርዓት ድዩ? ክንሕልዎ ዝግባእ ስርዓት እዩ ዶ ትብል? ንስኻ እውን ኣብ ፌደራሊዝም ዘለካ ስግኣታት ብተደጋጋሚ ትፅሕፍ ኢኻ እሞ ከመይ እዩ ክእለ ኽ ዝኽእል ብስሩ?**

> "-ሕዚ ፀገም ዝኸውን ዘሎ ናይ ሕዚ ፖለቲካ ኣብቲ ዝፈላልየና እዩ ኣትኵሩ። ሓድነት እውን እኮ ኣለና።"

ፅቡቕ ነጥቢ ኢኻ ኣልዒዕካ ። ኣነ እንታይ እየ ዝብል፤ እቲ ጉድለታት እናኣረምና እንተኸይድና ዘይእረም ነገር የለን። ንኣብነት እዚ ናይ ብሄራት እንተርእይና ናይ ርእሰን ምምሕዳር ይሃልወን ገለ ዝብል ፅቡቕ እዩ። ተምሃሮ እናሃለና ሒዝና እኮ ዝተቓለስናሉ እዩ። እቲ ምፍንጫል ዝብል ነገር ግን ወዮ ፖለቲካል ሳይንስ እንድየ ተማሂረ ኣነ ክርእዮ እንተለኹ ምስ ኩሉ ዓለም ከወዳድር እንተለኹ ፀገም ኣለዎ። ንኣብነት ኣሜሪካ ምፍንጫል ኣብ ሕገ መንግስቶም የለን፤ ኣይፍቀድን። ብራዚል እውን ከምኡ። ኣብ ሓድነቶም እዮም ዘትኩሩ። ስለዚ ንሕና እውን ዓድና ከይዳኸም ምእንቲ፤ ብስሩ እውን ዘይተምሃረ ስለዝኾነ እሞ ክትፍንጨል ትኽእል ኢኻ ክብሃል እንተሎ ብስምዒት ከይደፋፋእ ከምኡ ከይኮን ክበሃል ዝነበሮ ምጥንቃቕ የድሊ እዩ እየ ዝብል። ብስሩ እቲ ናይ ምፍንጫል ጉዳይ ብግቡእ ዝርድኦ እውን ኣይመስለንን እቲ ህዝቢ። ስለዚ እቲ ዓንቀፅ 39 እንደገና ክፅሓፍ ኣለዎ እየ ዝብል። ወይ ክወፅእ ወይ ክመሓየሽ እዩ ዘለዎ። ኣብ ካልእ ሃገር ንስመ ምልዓሉ እውን ኣይልዓልን።

ኣብቲ ኣመሓዳድራ እውን እቶም ናይ ክልላትን ፌደራልን መንግስታት ዘለዎም ርክብ ክርእ እዩ ዘለዎ። ብርግፅ ነናይ ባዕለን ብሄራዊ  መንግስታት ኣለወን። ክሳብ ክንደየናይ ሓይሊ ኣለወን፣ ክሳብ ክንደየናይ እየን ክኸዳ ዝኽእላ ዝብል ክርአ እዩ ዘለዎ። ንኣብነት ኣነ ኣብ ሓደ ፅሑፈይ ኮነ ተረፈ ትግራይ፣ ኦሮሞን ኣምሓራን እዮም ርእሶም ክኢሎም ክንቀሳቐሱ ዝኽእሉ። ምኽንያቱ ብዙሕ ምሁር ኢትዮጵያዊ ኣብዞም ሰለስተ እዩ። ኣብ ዓፋር፣ ሶማሌ፣ ጋምቤላ ወዘተ እንተኸይድካ ከምዚ ዝብሃል የለን። ከይዶም ከይዶም ናይቲ ማእኸላይ መንግስቲ ፅግዕተኛታት እዮም ዝኾኑ። ስለዚ እዚ ኣብ ግምት ኣይኣተወን። ሕዚ ትግራይን ጋምቤላን ሓደ ክኾኑ ማለት ዘበት እዩ። ምኽንያቱ ብዙሕ ምሁር የብሎምን።  እቲ መነባብርኦም እውን ብተመሳሳሊ ገና እዩ፤ ናብቲ ሕርሻ እኳስ ትማሊ ትማሊ እዮም ኣትዮም።

ስለዚ ሓደ ምስቲ መዓት ስልጣነ ዘሕለፈ ህዝቢ ሓደ እዩ ምባል ግጉይ እዩ። እዚታት ኣብ ግምት ክኣትው ነይርዎ። ናይ ታሪክ፣ ናይ ማሕበረሰብ መፅናዕታት ክግበር ነይርዎ። ስለዚ እዚታት እውን ክእረም ኣለዎ። ንርእሰን ከማሓድራ ኣለወን ኢልካ ኣይትገድፈንን ነተን ክልላት። በየናይ መንገዲ እየን እሞ ከመሓድራ? ዝተደራጀወ ሕብረተሰብ፣ ምሁር፣ ካፒታል ወዘተ ኣለወን ዶ የብለንን ኢልካ ክፅናዕ ነይርዎ።

ካብኡ ካልእ ዝርኣየኒ ዘሎ ፀገም ኣብ መንጎ ኢህወደግን እቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘለዉ ተቓወምቲ ፓርታት ዘሎ ርክብ እዩ። ርግፅ እዩ ዝተወሰነ መድረኻት ተካይዱ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዘረባታት እውን ተካይዱ እዩ። ከምቲ ዝርኣይናዮ ግን በዓል መድረኽ ንኣብነት፤ እኒ በየነ ጴጥሮስ ዘለዉዎ ኣይተሰማምዑን። እቲ ፖለቲካዊ ብስለት እውን ሰለዘየለ ከምቲ ቀደም ተምሃሮ እናሃለና እንገብሮ ዝነበርና ረጊፅካ ምውፃእ ኣሎ ገለ ኣሎ። መንግስቲ ክንዘራረብ እንተኢሉ ንሳቶም እውን ክዘራረቡ ኣለዎም። ንይስሙላ እዩ ክብሉ ይኽእሉ እዮም፤ ዋላ ይኹን። ህዝቢ ይርኣዮ፤ ንሱ ድማ ይፍረድ። ግን ኣብቲ መድረኽ ኣትዮም ክዘራረቡ ኣለዎም። ስለዚ ምክእኣል ዝብሃል ኣይማዕበለን። ኮፍ ኢልካ ኣብ ሓደ ጠረጴዛ ምዝርራብ እኳስ ኣይተከኣለን። እዚታት ንድሕሪት ይመልሰና ኣሎ ዝብል እምነት ኣለኒ።

**ኣብዚ ጉዳይ እዙይ ኣነ ክሓስቦ ከለኹ ንሕና ከም ተጋሩ ክንክበር፣ ቋንቋና ክኽበር፣ ኣብዛ ዓዲ ተኸቢርና ክንነብር ንደሊ። ንኣብነት ኣነ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣለኹ። ኣብዚ ብትግርኛ ከም ድላየይ ክዛረብ እየ ዝደሊ። ኣብ ኢትዮጵያ ድማ ክንህልው ኣለና። እዚ ከመይ ይሳነ? ዘርኣዊ ፖለቲካ ንሓድነት ኢትዮጵያ ኣይግደስን ትብል ኣለኻ። ግን ድማ መንነትና ክኽበር ንደሊ ኢና። እዚ ከመይ ኢና እነሳንዮ?**

ቀደም ዝኾነ ሓደ ነገር ክነግረካ። ታሽዓይ ክፍሊ እናሃለኹ ማሕበር ተምሃሮ ተጋሩ ኢትዮጵያውያን ዝብል ማሕበር ኣጣይሽ ነይረ ኣብ ኣስመራ። ንቕሓት ኣይነበረንን። ካብ ኣቦታተይ ተለቂሐ እየ ከምኣ ሓሲበ። ከምኡ ገይርና ተንቀሳቒስና፤ ነቲ ዓጋመ ገለመለ ዝብል ዝነበረ እውን መቃወሚ ክኸክውን ኢልና። ሓቦ ሒዙና ኢና ጀሚርናዮ። ኣነ እየ ዝመርሖ ነይረ እቲ ማሕበር። ብትግራውነተይ ብጣዕሚ እየ ዝኹርዕ ዝነበርኩ። ፈልየ ክርእዮ ድማ ኣይክእልን ዝነበርኩ ትግራውነትን ኢትዮጵያውነትን። ንምንታይሲ እቲ ኢትዮጵያ ዝብል ስነ ሓሳብ ባዕሉ ኣብ ትግራይ እዩ ተመስሪቱ። ናይዛ ሃገር ስልጣነን ገለን ትግራይ እዩ። ዋላ ቅድሚ ኣክሱም! ኩሉ ነገር ኣብ ትግራይ እዩ ተመስሪቱ። ትግራዋይ ኮይንካ ካብ ኢትዮጵያዊ መንነት ክትርሕቕ ኣፀጋሚ እዩ ብጣዕሚ።

ስለዚ ከም ታሪክ ክንህብን ክንቕበልን እዩ ዘለና። ስለዚ ካብ ክንቕበሎ ዘለና ሓደ ኣምሓርኛ እዩ። ሃገራዊ ቋንቋና እዩ። ሃፀይ ዮሃንስ ብዙሕ ኣስተውዒሎምልሲ ድሓን ኣመሓርኛ ይኹን ሃገራዊ ቋንቋ ይኩን ኢሎምሲ ኣምሓርኛ እዮም ዝጥቀሙ ነይሮም። ሓቆም እዮም። እቲ ትግራዋይ ከመይ ኣቢሉ ድኣ ምስ ኦሮሞ ክራኸብ። ብቋንቋ ሽግር ኣይመፅእን እየ ዝብል። ትግርኛ ክዓቢ እናገበርካ እናዕንበብካ ኣምሓርኛ እውን እናተዛረብካ ምኻድ ይከኣል እዩ። እኳድኣስ ተወሳኺ ዓቕሚ እዩ ኢለ እየ ዝኣምን ኣነ። እቲ ናይ ብሄራት እናተሓለወ እቲ ኢትዮጵያ ዝብል ነገር እውን መንግስቲ ክሓስበሉ ኣለዎ ዝብል እውን ካብዚ ተበጊሰ እየ። ዘሕዝን ኩነታት እዩ ዘሎ ሕዚ።

ሓደ ሓደ ጊዜ ገለ መዘናግዒ መደባት ንምርኣይ ናይ ኢትዮጵያ ይኸፍት እየ እሞ ሓደ እዋን ሰይፉ ሸው ይርኢ ነይረ፤ ኣበኡ ሓንቲ ትግራወይቲ ድምፃዊት ትሕተት ነይራ። ትደርፍ ከመይ ዝበለ ድምፂ ዘለዋ ቆልዓ እያ፤ ከምዚ ዝበለ የለን። እቶም ኣብታ መድረኽ ዝነበሩ ግን ኣየጣቕዑ፣ ኣይስዕስዑ ኣእዳዎም ኣጣሚሮም ሰቕ! ኣነ ሸዑ ብጣዕሚ ገሪሙኒ። ብጃንሆይ ጊዜ እኮ ትግርኛ ክድረፍ እንተሎ ጉራጌኡስ ኣምሓራዩስ ምሳና እዩ መዊኡ ሹሽ ዝብል ዝነበረ። ክሳብ ክንዲዚ ንትግርኛ ናይ ምፅላእ ኩነታት ተፈጢሩ። ንሕና ጥራይ ተዘይገዛእና ዝብል ኣተሓሳስባ ክጠፍእ ኣለዎ። እዚታት ክተዓረቕ እዩ ዘለዎ።

**ዶክተር ኣብ ፖለቲካዊ ህይወት እዛ ዓዲ ካብ ቀደም ተምሃራይ እንተለኻ ጀሚርካ ውዑይ ተሳታፋይ ምንባርካ ኣንቢበ ኣለኹ። ኣብ እዋን መስዋእቲ መለስ እውን ምስ መለስ ተኽለ ትፋለጥ ከምዝነበርካ ክትዛረብ ሰሚዐካ ነይረ (ብዛዕባ መለስ ተኽለ ደሓር ክምለሰካ እየ)። ሕዚ እቲ ኣብ 60ታት ተልዕልዎ ዝነበርኩምሕቶ ስለዘይተመለሰ ድዩ ብኦሮሞን ኣምሓራን ውጥም ቅልቅል ዝብል ዘሎ ሕቶ ክልዓል ዝኸኣለስ ወይስ እንታይ እዩ? ሓደ ሓደጊዜ እቶም ሕቶታት እውን ይቃረኑ እዮም። ግን ከመይ እዩ እኒሀ?**

ፅቡቕ ሕቶ እዩ! ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ እንከለና፤ መለስ እኳ ቅድሜና ኢዩ ነይሩ። ግን ብሄራት ብዝምልከት ብዙሕ ነገር እንድዩ ነይሩ ግን እታ ዋልልኝ መኮነን ዝፀሓፉ ፅሕፍቲ ብዙሕ ፅዕንቶ እያ ኣሕዲራ፤ ኣብ ተምሃሮ እቲ እዋን። ኮይኑ ግን ተምሃሮ እቲ እዋን ቅንዕና ድኣ ምበር ንቕሓት ኣይነበረናን። ርግፅ እዩ ፖለቲካዊ መፅሓፍቲ ነብብ ነይርና ኢና። ሕዚ ኮይነ ክርእዮ እንተለኹ እቲ ብሄራት ናፅነት ይሃልወን ዝብል ኣፀቢቕና ኣይርኣይናዮን። ሳዕቤኑ እውን ዝተረደኣና ኣይነበረን። እቲ ሕዚ ዘሎ ኩነታት ክንርኢ እንተለና እቲ ሓደ ፀገም እንታይ እዩ እቲ ለውጢ ብተጋሩ እዩ መፂኡ። ንኣብነት እቲ ሕበረ ብሄራዊ ዝኾነ ንኢትዮጵያ ዝውክል ፓርቲ ናብ ስልጣን ክመፅእ ኣይከኣለን። እቲ ብሄር ኢሉ ዝተለዓለ ወያነ ንደርጊ ስዒሩ ናብ ስለጣን ዝመፀ፤ እዚ ሓይሊ ብዋናነት ብተጋሩ ዝምራሕ ሓይሊ እዩ። ስለዚ ኣብኣ እያ እታ ፀገም ትፍጠር ዘላ ሐዚ፤ እቲ ፀገም ካብዚ እዩ ዝብገስ። ብልቢ ክቕብልዎ ኣይከኣሉን እቶም ካልኦት።

ርግፅ እዩ መጀመርታ ኢህወደግ ምስኣተወ ሰላም ዝህብ መንግስቲ እዩ ኢሎም ተቐቢሎምዎ ነይሮም እዮም። ድሓር ድሓር ግን እናተቐየረ እዩ ከይዱ እቲ ኣመለኻኽታ። ሕዚ እውን ኣስተውዒልካ እንተኾይንካ ናይ ወያነ መንግስቲ እዮም ዝብሉ እምበር ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ እዩ እኳ ኣይብልዎን። ኢህኣዴግ ክትበሉ ኣለኹም ኢለ ኣነ ንኣብነት ብዙሕ ጊዜ ፅሒፈ እየ። ምኽንያቱ ብኣዴን ኣሎ፣ ኦሆዴድ ኣሎ፣ ደህዴን ኣሎ፤ ህወሓት እውን ኣሎ። ሕዚ እውን ኣይቕበልዎን። እዚ እዩ ፍልፍል እቲ ፀገም። ምኽንያቱ እዞም ውድባት ብተመሳሳሊ ግዜ ተመስሪቶም ብነዊሕ ግዜ ዝመፁ ኣይኮኑን፤ ኣብ መወዳእታ ወያነ ዝፈጠሮም ወይ ዝደገፎም እዮም። ከምቲ ኣብ ናይ ተመሃሮ ምንቅስቓስ ጀመርናዮ ዝነበርና ካብ ኩሉ ብሄር ዝተወፃፃእና ኮይናስ ናብ በረኻ ወፂእና እሞ ድማ ደርጊ ስዒሩ እቲ ሓይሊ ንሱ መንግስቲ እንተዝኸውን ነይሩ እዚ ነገር እዚ ኣይመትልዓለን። ሕዚ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ወያነ እዩ ኢሉ እዩ ዝኣምን ዘሎ እቲ ካልእ ኣካል።

ኣብቲ ዘልዕልካዮ ነጥቢ፤ ኣብቲ ናትና ዘበን እውን ብዙሕ ክንርእዮ ዝግብኣና ነገር ነይሩ እዩ። እታ ሓንቲ ዝበሰለት እትብሃል ፅሕፍቲ ናይ ብርሃነ መሰቀል ፅሕፍቲ እያ ነይራ።

## እንታይ ትብል ነይራ?

ነቶም ኣብ ደገ ዝነበሩ ተቓዊሙ ናይ ኤርትራን ካልኦት ብሄራትን ደጊፉ ዝፀሓፋ እያ ነይራ። ንኩሉ ደጊፉ እዩ ዝፅሕፍ ነይሩ። ከምኡ ምኳኑ እውን ንብርሃነ መስቀል ንባዕሉ ፀገም ፈጢሩሉ ነይሩ እዩ ኣብ ውሽጢ ኢህኣፓ። ምኽንያቱ ናይ ኤርትራ ክንድግፎ ኣይብልናን ዝብሉ ናይ ኢህኣፓ ኣመራርሓታት ነይሮም። ብኣኣም ተፃብኦ ይበፅሖ ነይሩ። ምግጫው ነይሩ። ብስለት ዝነበሮ፣ ሰፊሕን ኣብ ታሪክ ዝተመስረተን ግን ንሱ እዩ ነይሩ። ካልኦቶም ግን ስምዒታውያን ፅሑፋት እዮም ነይሮም። ደረጃ ትምህርትና እውን ካልኣይ ሳልሳይ ዓመት ኢና ዝነበርና። ንሱ እውን እዩ ዘይበሰልና ኢና ነይርና ዘብለኒ።

## ኣብቲ ምንቅስቓስ ግን ግደ ተጋሩ ከመይ እዩ ነይሩ? ኣብ ኢህኣፓ፣ ሚኤሶን ዳሕራይ እውን ኣብ ተሓህት/ህወሓት ወዘተ?

ዓብዪ ነይሩ። ሓቂ ንምዝራብ እቶም ቀንዲ መራሕቲ ዝነበሩ ተጋሩ እዮም። ጉራጌን ኣምሓሩን ውን ነይሮም። ሰለስቲኦም ዓብሊሎምዎ ነየሮም ነቲ ምንቅስቓስ። ኣብ ኢህኣፓ እውን ብዙሓት ተጋሩ እዮም ነይሮም፤ ብኣመራርሓ ደረጃ ማለተይ እየ። ኣብ ውሽጢ ካምፓስ ገና ኣብ ምንቅስቓስ እንተሎ እውን ናይ ተጋሩ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ነይሩ እዩ። በዓል ኣረጋዊን ካልኦትን ጀሚሮምዎ ነይሮም እዮም። ብርግፀ ተዛራብናሉ ኢና ብዙሕ ጊዜ፤ ኣነ እውን ይድግፎም ነይረ። ሓደ ክልተ ጊዜ ኣኼባ ተሳቲፈ ኣለኹ። ግን ንበይንኻ ክትኸውን ከለኻ እቲ ቃልሲ የሸግር እዩ። መንግስቲ እውን ሓይሊ ረኺቡ ይዕምፀፀካ እዩ።  ንኽወቕዑኻ እውን ባይታ ኢካ እትኸፍት ዝብል ሓሳባት ነይሩ። ናይ ኦሮሞ ዝነበረ ኦባማ ምትኩ ዝብሃል መማህርትና ንበይንና ይሕሸና ኦነግ ኢልና ኢና እንቀሳቐስ ኢሉ ከይዱ። ድሓር እቲ ወያነ ምስተወለዐ ወያነ እውን ተንቀሳቒሱ። ኢህኣፓ እውን ኦነግ እውን ተንቀሳቒሱ ማለት እዩ። ግን ኣብ ኩሎም ናይ ተምሃሮ ምንቅስቓሳት ብዝልዓለ ደረጃ ዝመርሑ፣ ዝፅሕፉን ዝእሰሩን ዝነበሩ ተጋሩ እዮም። እዚ ርጉፅ እዩ። ብዙሕ መስዋእቲ እዮም ከፊሎም ተጋሩ።

## እዚ ግን ንምንታይ እዩ ከምኡ ኮይኑ? ካብ ምንታይ ይብገስ ይመስለካ?

ኣነ እንታይ እዩ ዝመስለኒ፤ ካብ ፅቡቕ እንድሕር ተላዒልካ፣ እንድሕር መፂእኻ ድሕሪ ባይታኻ ማለተይ እዩ ንቕሓትካ ፅቡቕ እዩ ዝኸውን። ንቕሓት ይህልወካ ፍልጠት ይህልወካ ማለት እዩ። ይዝከረኒ ኣብ ካምፓስ ከለና ነቶም ኦሮሞ እኳስ ብኦሮምኛ እባ ዘይትዛረቡ ንብሎም ነይርና። ይሓፍሩ ነይሮም ብኦሮምኛ ምዝራብ፤ ሕዚ እኳ የለን ከምኡ። ኣምሕርኛ ጥራይ ኢዮም ዝዛረቡ ዝነበሩ። ንሕና ብትግርኛ ከም ድላይና ንዛረብ። ንሳቶም ግን ይስከፉ ነየሮም። እቲ ትግራዋይ ዓርሰ እምነት ነይርዎ። ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ እውን እዩ ነይሩ። እቶም ኣምሓርኛ ዝዛረቡ እውን ብሕማቕ ኣይርእይዎን ነይሮም ብትግርኛ ምዝራብና። ምኽንያቱ ነቲ መንግስቲ ክንቃወም እንተለና ሓንቲ ኢና ንኸውን ነበርና። ስለዚ እቲ ንቕሓት ሒዞም ስለዝመፁ እቶም ተጋሩ፣ ርእይኻ ካብ ቤተሰብ ቤተሰብ እድዩ ዝውረስ ናይ ትግራይ ነገር ድማ ቀሊል ነገር ኣይኮነን፣ ኩሉ ነገር ከኣ ኣብ ትግራይ እዩ ተኻይዱ፤  ዓድውኡስ ማይጨውስ፣ ናይ ቱርኪ ኮነ ናይ ግብፂ መኸተ ኩሉ ኣብ መሬት ትግራይ እዩ ተኻይዱ። እዚታት እናተነገሮ ዝዓበየ እዩ እቲ ትግራዋይ። እዚ ታሪክ እዚ እናተነገረ እዩ መፂኡ። እዚ ንቕሓት ይውሰኽ። እዚ እዮም ሒዞም መፂኦም። ኣብቲ ካምፓስ ከም ኣያታትና እንሓስቦም ዝነበርና ተጋሩ እዚ ከምዚ ዝበለ ድሕረ ባይታ ዘብቆሎም እዮም። ኣምሓሩ እውን እቲ ናይ ቀደም ጅግንነት እናተነገሮም ስለዝዓበዩ ድሓን ነይሮም። ስለዚ እዚ እዩ ዝመስለኒ እቲ ምኽንያት።

እቲ ብታሪክ ዝረኸብናዮ ንሱ ኮይኑ እቲ ኣይድዮሎጂግን ኣብቲ ካምፓስ እዩ ተፈጢሩ። እቲ ካብ ታሪክ፣ ካብ ባህሊ ዘወረስናዮ ግን እቶም ተጋሩ ሒዞሞ እዮም መፂኦም ናብ ካምፓስ፤ እቲ ዝነቕሐ ትግራዋይ ስለዝነበረ፣ ንሱ ይፅሕፍ ንሱ ይመርሕ ንሱ እውን ይእሰር ነይሩ። ኣነ ክንደይ ዝተኣሰርኩ! ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ኣብ ሃረር፣ ኣብ ጫፍ ሶማል ክንደይ ጊዜ ኢና ዝተኣሰርና። በዓል መለስ ተኸለ እኳ ግደፎ፤ እስርቤት እዩ ገዝኦም ዝነበረ። ከምቲ ትፈልጦ እቲ ትግራዋይ ስኽ ኣይብልን። ንመሰሉ እዩ ዝቃለስ። ንሕና ጥራይ ዲና እንስር ዝብል ነይሩ። እቲ ዘይምፍራሕ ገለመለ እውን ነይሩ። ንሱ ታት ብዙሕ ግፍዒ ወሊዱ እዩ። ጀጋኑ ኣምሓሩ እውን ግን ነይሮም እዮም። ዝምስክረሎም በዓል ዋልልኝ ዝመሰሉ ዝተቐተሉ፣ ዝተኣሰሩ እውን ኣለዉ። ዓብዪ ዋጋ ዝነበሮም ኣብ ቃልሲ ብዙሓት እዮም። ከም ትግራዋይ ዝበለ ግደ ዝነበሮ ግን ኣይነበረን።

## እስቲ ብዛዕባ መለስ ተኸለ ኣውገዕና ዶክተር?

ሓቂ ክነግረካ ምስ መለስ ብጣዕሚ ኢና ንቀራረብ ነይርና። ኣብ ሓደ ፅሑፈይ እውን ርኢኻዮ ትኸውን ኢኻ መለስ ዜናዊ ናብቲ ናትና ናይ መፅናዕቲ ማእኸል ዝመፀ ብመለስ ተኸለ እዩ። ኣብቲ ናታትኩም ጉጅለ ክኾን ይደልዮ ኣለኹ ኢሉ እዩ ሒዝዎ ዝመፀ። ንመለስ ሽዑ እየ ርእየዮ። መለስ ተዛራባይ እዩ። ብዙሕ መንበባይ እውን እዩ። ኣብታ ናትና ናይ ምንባብን መፅናዕትን ክበብ ግን ክንድቲ ዝድለ ኣይተሳተፈን። ድሓር መለስ ተኸለ ንምንታይ ኢኻ ዘይትሳተፍ? እዚኦም ብዙሕ እዮም ዘንብቡ፣ ብዙሕ እዮም ዘፅንዑ ንምንታይ ኢኻ ምስኣቶም ብደንቢ ዘይትተኣታቶ ይብሎ ነይሩ። ብዙሕ ጊዜ ብሓደ እንስትየሉ እዋን እውን ነይሩ።

ናብ መለስ ተኸለ እንትንመፅእ፤ ብጣዕሚ ደፋር እዩ ነይሩ። ንዝኣመነሉ ነገር ንድሕሪት ዘይብል እዩ ነይሩ። ግን እንታይ ነይርዎ ተቖጢቡ ኣይዛረብን። ንኣብነት ሓደ ሓደ ጊዜ ልዕሊ ዓቕን ይዛረብ። እንታይ ገደሰካ ኣንታ ሓወይ ቀስ ዘይትብል ይብሎ ነይረ። ቅድሜና እንድዩ ነይሩ ግን ኣብ ናትና ክበብ እውን ምሳና ይምሃር ነይሩ እዩ። ኣብ ሳልሳይ ዓመት ብሓደ ነይርና። ንድሕሪት ተመሊሱ። ሶስተኛ ምስተኣሰረ ሰለማዊ ሰልፊ ገይርና ኢና ኣፍቲሕናዮ። ሽዑ ምሳና ኾይኑ ክፍሉ። ቀደም እዩ ክምረቕ ነይሩ እናተኣሰረ እናተፈትሐ ስለዝነበረ እዩ እምበር።

ሽዑ ኣብ ሓደ ክፍሊ ኮይንና ዘይርስዖ፤ ንሓደ ተፈራወርቅ በሻህ ዝበሃል ናይ ፖለቲካል ሳይንስ መምህርና "ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ሞድ ኦቭ ፕሮዳክሽን ፊዩዳል ድዩ ወይስ ካፒታሊስት እዩ?" ኢሉ ሓቲትዎ መለስ ተኸለ። እቲ መምህር ድማ ካፒታሊስት እዩ ኢሉ ይምልስ። ሽዑ መለስ ተኸለ ካዕ ኢሉ ይስሕቕ። ስሒቁ ናይ ብሓቂ፤ ኣላጊፅሉ። እቲ ሰብኣይ ሓፊሩ። ኣብ መወዳእታ F ሂብዎ። እቲ መምህር ከምኡ ክገብር ኣይምነበሮን። ስለዚ ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማት ነይሮምዎ እምበር ንቕሓቱ፣ ድፍረቱ ዝድነቕ ሰብኣይ እዩ ነይሩ መለስ ተኸለ። ነታ ዝኣምነላ ድማ ክሳብ መወዳእታ እዩ ዝቃለስ።

ካልእ ጊዜ ድማ ዝገበሮ ከፃውተካ፤ ኣነ፣ ንሱን ስማ ረሲዐያ እምብር ዓርኪ ነይራቶ፣ መለስ ዜናዊ ኮይንና ምሳሕ ክንበልዕ ካብ ስድስት ኪሎ ወፂእና እንትንኸይድ እቲ ዲን እውን ምስ ሰበይቱ እንሰገር ንረኽቦ እሞ መለስ ተኸለ ይፀርፎ።

## እንታይ ኢሉ?

ሲኣይኤ ኢልዎ። ሰብኣይ ነጢሩ መፂኡ። ክልቲኦም ክዋቕዑ ሓዞ ስደዶ ኮይኑ። ሰበይቱ ኣብ ማእኸል ኣትያን ከገላግላ። ሽዑ ከምኡ ክትገብር ኣይምነበረካን ኢልናዮ። እዚኣቶም ክትነግሮም ኣለካ እዩ ዝበለና ሽዑ፤ ንሶም እኳ ድላዮም እናገበሩስ ንሕና ዶ ድላይና ምዝራብ ክንስእን እዩ ዝበለ። ብጣዕሚ ዝገርም ነገር እኮ እዩ። እዚ ኹሉ ንቕሓት እናሃለዎ እዛ ስምዒታውነት ግን ድኽመቱ እያ ነይራ መለስ ተኸለ።



ኣነ ብጣዕሚ እየ ዘድንቖ ዝፈትዎ ዝነበርኩ። ሓደ ጊዜ ብኣጥናፉ ኣባተ ዝምርሑ ካብ ኩሉ ሰራዊት እተወከሉ ናይ ደርጊ አባላት ብዛዕባ ዕላማኦም መግለጺ ክቡ ናብ አራት ኪሎ ካምፓስ መፁ'ሞ መለስ ተኽለ እናላገፀ ክመርሑ ከምዘይክእሉ ነገሮም፤ኣብ ዓይኖም ድማ ኣተወ።

መወዳእታ እንታይ ይኸውን፤ ደርጊ ናብ ስልጣን ምስ መፀ ሓደ መማህርትና ዝነበረ ኣብ ደርግ ዝሰርሕ ክእሰሩ ዘለዎም ናይ ተምሃሮ ዝርዝር ዝሓዘት ሰነድ ይረክብ። ቅድሚ ናብ ዘመቻ ምውፋሩ ተምሃራይ እዚኦም ይተሓዙ ዝብል እዩ ነይሩ። ምሳና ተምሃራይ ስለዝነበረ እታ ነገር የምፅኣ እሞ ንሕና መንገዲ ክንፀርግ ኣለና እምብኣር ኢልና፤ ታገል እትብል መፅሄት ኣነ እውን ሽዑ ፅሒፈ ነይረ። መለስ ተኽለ እዩ ሓላፊኣ፤ ኣባይ ፀሃየ ናይታ መፅሄት እንግሊኛ ኤዲተር እዩ ዝነበረ። ካልኦት እውን ነይሮም። ናይ መወዳእታ ሕታም እያ ዝነበረት እሞ፤ መለስ ተኽለ ናብ ናዝሬት ከይደ ነቶም ተምሃሮ ዓዲለዮም ክመፅእ እየ ኢሉ። ኣነ ሽዑ ስማዕ ኢለዮ.... ትግራይ ክንኣቱ ኣለና። ካብኡ ናብ ድላይና ንኸይድ። ኣብዚ እንተፀኒሕና ግና ጥፍኣት እዩ። ሰብኣይ መጠንቀቕታ እናሃበናስ ንምንታይ ከምዚ ትገብር ይብሎ ኣለኹ ኣነ። ክከይድ እየ ምንም ኣይከውንን ኢሉ። ኣነ ሽዑ ጠፊአ ከይደ። ከይድና ክሳብ መቐለን ዓዲ ግራትን በፂሕና። ኢህኣፓ ኣይተኣወጀን ዝነበረ ሽዑ፤ ግን ርክብ ነይሩና እዩ ምስቲ ውድብ። ሽዓ ግን በቃ ናይ ምምላጥ ወቕቲ እያ ነይራ። ኣብኡ እውን ግን ሓጊዙ እዩ ኢህኣፓ። ደሴ፣ መቐለ መን ከምዝቕበለና ተሰናዲኡ እዩ ዝኸድና። ወዲ ግን ኣብዩና! መለስ ኣብዩ። ከይዱ። ምስ ከደ ግን ተመሊሱ ኣይፀንሐን።

ኣብቲ መዘጋጃቤት ቦንብ ፈንዱኡ። መን ከምዘፈንደኦ ኣይፍለጥን። ገሊኦም ጀብሃ እዮም ይብሉ ገለ። ገለኦም ድማ በዓል መለስ እዮም ገይሮምዎ ተባሂሉ ምሸት ተቐቲሉ። ኣነ ሽዑ ኣብ ሳሕል እየ ዘለኹ። እዚኣ ምስ ሰማዕኹ ብጣዕሚ እየ ዝሓዘንኩ። መለስ ከመይ ዝመሰለ ሰብኣይ እዩ ነይሩ። ስምዒታውነት ግን ነይርዎ። ንሳ ድማ ናብ ሞት ኣብፂሓቶ።

## ክሳብ መዓስ ኣብ ኢህኣፓ ነይርካ ?

ዝወፃእኹሉ ድሕሪ ኵናት ኢህኣፓን ህወሓትን እዩ። ብጎንደር ገይርና ኢና ዝወፃእና። ምስ ኢህኣፓ ዝነበረኒ ፀገማት ነይሩኒ። ብ1979 ዓ.ም.ፈ ብስሩዕ እየ ወፂአ። ንኣሜሪከ መፂአ። ሽዑ እውን ረኺበዮም እየ ናይ ወያነ ኣባላት፤ ኣብ ገዳሪፍ። ነዕልል ነይርና ኢና። ስዒርናኩም ይብሉኒ፤ ንስኻትኩም ድኣ መን ይኽእለኩም ይብሎም። ከምኡ እናበልና ነዕልል ነይርና። ናይ ኣሕዋት ፅልኢ እዩ ነይሩ። ብሓደ ወፅእኻ፣ ብሓደ ተማሂርካ፣ ካምፓስ ብሓደ ነይርካ፣ ብሓደ ትበልዕ ትሰቲ ኣዕሩኽ ነይርካ ገለ ክትብኣስ ሰኺ ኢልካ እዩ። ስለዚ ናይ ኣሕዋት ምፅላእ ዓይነት እዩ ዝነበረ። ስለዚ ድሕሪ ኵናት እውን ብሓደ ኮፍ ኢልና ድኣ ሻሂ ንሰቲ ነበርና።

## እስቲ ብዛዕባ ትውልድኻን መዕበየኻን ንገረና ዶክተር?

ኣብ ኣስመራ እየ ዓብየን ተማሂረን። ኣቦይን ኣደይን ግን ኢትዮጵያውያን ተጋሩ - ዓጋመ እዮም። ጋንታ ኣፈሹም - ኣዘባ ዝብሃል እዩ ዓድና። ብቆልዓይ ብዙሕ ይመላለስ ነይረ።

## እዚ ሕቶ እዚ ዝሓተትኩኻ ትውልዲ ዓጋመ እትብል ፅሕፍቲ ኣንቢበልካ ስለዝነብርኩ እየ እሞ ካብኡ ብምብጋስ ተጋሩ ዝብል ቃል ካበይ እዩ መፂኡ? ድሐሪ ውድቀት ኣክሱም ድዩ ትግርኛ? ትግራዋይነይት ዝብል ስምዒት ካበይ ይብገስ? ካብ መዓዝ? ግዝኣት ትግራይ ዝብሃል ከ ካበይ ናበይ እዩ? ብዛዕባ እዚኦም እስከ ኣዋግዐኒ?

ነዊሕ ታሪክ እንድዩ ናይ ትግራይ፤ ሓንሳእ ሓንሳእ ኣፀጋሚ እዩ። ኣብታ ዓጋመ እትብል ፅሑፈይ እውን ዓጋመ ባዕሉ እንተፈተሽኩ ብዙሕ ነገር እዩ። መወዳእትኡ ክፈልጦ ስለዘይከኣልኩ ንካልኦት እውን ሓቲተ ነይረ። በዓል ሓውዜን ዓጋመ ገለመለ ሕዚ ቅድሚ ገሊኦም ቅድሚ ትግርኛ ዝነበረ ስም እዩ ይብልዎ። ገሊኦም ድማ ዓጋመ ዝመፀስ ኣብቲ ከባቢ ዓጋም ይበዝሕ ስለዝነበረስ ምስኡ ዝመፀ እዩ ዝብሉ ኣለዉ። ጋመ ዝብል እውን ኣሎ ኣፈ ታሪክ እዩ። ኣነ እኳ ኣይተቐበልክዋን ንሳ፤ እታ ዓጋም እኳ ትሓይሽ። በቲ በለ በዚ እንተፈተሽኩ እንተፈተሽኩ ክፈልጦ ኣይከኣልኩን፤ መበቆል እቲ ቃል።

እቲ ትግርኛ ዝብሃል ግን ኣብቲ ናይ ጥንቲ ፅሑፋት እንተፈቲሽካ፤ ኣነ ብዙሕ እየ ዝፍትሽ ብዙሕ እየ ውን ዝፅሕፈሉ፤ ኣብኡ እቶም ናይ ቀደም ነገስታት ኣክሱም መጀመርያ ካልእ ቋንቋ እዮም ዝዛረቡ ነይሮም። ግዕዝ እውን ዘይኮነ ትግርኛ እውን ዘይኮነ። ወይ ንዓፋር

ዝመስል ወይ ንኩናማ ዝመስል እዮም ዝዛረቡ ነይሮም። በዓል ባዜን ንኣብነት ምውሳድ ትኽእል። ኣብ ካልእ ግን ብዙሕ ሰብ ዘይፈልጦ ንኣብነት ንግስተ ሳባ ትብል እሞ ካብኣ ትጅምር። ንሳ ግን ኣብቲ ዝርዝር ንግስነት መበል 52 እያ። ቅድሚኣ በዓል ኢትዮጲስ እውን ኣለዉ። ቅድሚኡ ካልኦት ኣለዉ። ኢትዮጲስ እዩ ንኢትዮጵያ ስም ሂብዋ ዝብሉ እውን ኣለዉ። ግን ዋላ ቅድሚ ኢትዮጵስ እውን ን200 ዓመታት ዝነገሱ ነገስታተ ኣለዉ። እዚኦም ኩሎም ትግርኛ እውን ኣይዛረቡን ዝነበሩ። ድሕሪ ልደተ ክርስቶት በዓል ኢንድቢስ፤ ኢንድቢስ ገንዘብ ዝሰርሐ ንጉስ ማለት እዩ፤ ካብኡ ጀሚሩ ኣብ 270 ድ.ል.ክ ማለት እዩ ቅሩብ ብግዕዝ ምፅሓፍ ተጀሚሩ። ብድሕሪኡ ኣፊላስ ዝብሃል ንጉስ እዩ ዝነገሰ። ቀይሕ ባሕሪ ሰጊሮም ሓደሓደ ቦታ ምሓዝ ዝጀመረ እዩ። ኣብ ናቱ ዘበን ናይ ኣክሱም ንጉስ ይብል እሞ መሊሱ ድማ ናይ ሓበሻ ንጉስ እውን ይብል። ኣብ የመን ዘለዉ ናይ ሓበሻ ንጉስ ናይ ኣክሱም ንጉስ እዮም ዝብልዎ። ናይ ኢትዮጵያ ንጉስ እውን ይብልዎ ኣብ ገሊኡ። ኣብ ሓደሓደ ፅሑፋት ድማ በቲ ጊዜ እቲ ዝተፀሓፈ ትግርኛ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ዘበነ ኢዛና ግዕዝ፣ ግሪኽ፣ ትግርኛ ይዝረብ ነይሩ።

ሰለዚ ናይ መጀመርያ ናይ መንነት ቁልፊ ቋንቋ እንድዩ ሸው ትግራዋይ ነይሩ ማለት እዩ። ሰለዚ እቶም ብግዕዝ ዝዛረቡ ግዕዛውያን እቶም ብትግርኛ ዝዛረቡ ድማ ተጋሩ ነይሮም ማለት እዩ። ቅድሚኡ እውን ነይሩ ክኸውን ይኽእል እዩ፤ ዋላ ኣይሰፋሕ። ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብዚ ናይ ሊንግዩስቲክ ትንተና እንጋገዮ እንታይ ይመስለካ ሓደ ቋንቋ ካብ ካልእ ቋንቋ ይወፅእ ንብል እሞ ቅደም ተኸተል ኢና እንሰርዖም። እነሓንሳብ እውን ጎኒ ጎኒ ክምዕብል ይኽእል እዩ። ግዕዝ እናሃለወ ትግርኛ እውን ምስኡ ጎኒ ጎኒ ክዓቢ ይኽእል እዩ። ግድን ኣይኮነን ትግርኛ ካብ ግዕዝ ክመፅእ። ትግርኛ ምስ ግዕዝ ብጣዕሚ ዝቐረበ እዩ። ኣምሓርኛ እውን ርክብ ኣለዎ ዋላ ከም ትግርኛ ኣይኹን።

ሕዚ እቲ ትግራይ ዝብሃል ነገር ምስ መፀ ካበይ ናበይ እዩ ዝብል ሕቶ ክንምልስ እንተኾይንና ፈለማ ማእኸል ትግራይ እዩ። እዚ ማለት ኣክሱም ዓድዋ ከባቢ ማለት እዩ። እዚ ሓንሳብ ክፀብብ ሓንሳብ ክሰፍሕ ይኽእል። እቶም ኤርትራውያን ትግርኛ ዝዛረብሉ ዘለው ምኽንያት ካብ ዓንተብኡ እውን ትግራይ ስለዝነበረ እዩ። ሰብ እናረሰዖ እዩ እምበር፤ ኣኩለጉዛይ፣ ሰራዬ ሓማሴን ኩሉኻብ ምስ ትግራይ እዩ ዝነበረ። ሓደሓደ ዝፈልጥዎ ኣለዎ ብርግፅ። ብባህሊ ኮነ ብቋንቋ ተፈልዩ ኣይፈልጥን። እቲ ሰርክል እናስፈሕናዮ እውን ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ክሳብ ሽረ ብኡ ሓሊፍካ እውን ክሳብ ወልቃይት ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ኣመፃፅኡ ሕዚ ብዙሕ ይብሃል እዩ ናይ ወልቃይት። ኣብ ድምፂ ራድዮ ኣሜሪካ ወልቀቶት ተጋሩ እዮም ስለዝበልኩ ግን ክንደይ ጥቕዓት በፂሑኒ እዩ። እቲ ታሪክ ዘይፈልጥዎ ስለዘለዉ እዮም። ወልቀቶት ትግርኛ ስለዝዛረቡ ጥራይ ኣይኮንኩን ከምኡ ዝበልኩ። ስም እቶም ዓድታት ምርኣይ ይከኣል። ኩሉ ትግርኛ እዩ። ዋላ ብታሪክ እውን እንተመፂእና ግን ንኣብነት ኣብ 17 ክፍለዘበን ደጃች ገላዲዎስ ዝብሃሉ ኣብ ሽረ ነይሮም። ሓያል ገዛኢ እዮም ነይሮም። ንሶም ንሽረ፣ ወልቃይት፣ ሰራዬ ጠቕሊሎም የመሓድርዎ ነይሮም። ትግራዋይ ተከዘ ኣይሰግርን ኢሎም። ዋእ ከመይ ገይሩ? ንሕና ኮ ቀይሕ ባሕሪ እውን ዝሰገርና ኢና ኢለዮም ኣለኹ ዝኾነ ጊዜ። ተከዘ ምስጋር እማ ቀሊል እዩ። ንኣብነት ፀለምቲ እንተኸይድካ ሕዋስ ኣለዎ ናይ ኣምሓርኛ፤ ግን ናብ ዓዲ ሰላም ናብ ዳሸን እናተፀጋዕኻ እንተኸድካ እቲ ትግርኛ ጠቕልሉ እናጠፍአ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ወልቃይት ግን ኩሉ ትግርኛ እዩ ዝዛረብ። ፀገዴ እውን ከምኡ። ምኽንያት ክህልዎ ኣለዎ እዚ። ሓደ ኣንትሮፖሎጂስት ከፅንዖ ከሎ ብባህልን ቋንቋን እዩ ዝጅምር።

ስለዚ ትግራይ ፈለማ እታ ማእኸል ኮይና ድሓር እናሰፍሐት ከምዝኸደት ዘርኢ ብዙሕ ኣሎ። ኣልውሃ ምላሽ ትግርኛ ዝዛረብ ኣሎ። ስለዚ ክሳብ ኣብኡ ነይሩ እዩ ማለት እዩ። ቀደም ተጋሩ ደቡብ ኢትዮጵያ እውን በፂሖም ነይሮም እዮም። ቀብሪ ድሃር ንባዕሉ ትግርኛ እዩ፤ ቀብሪ ድሓር። ኣብ ዝዋይ እንተከይድካ ቀደም ተጋሩ ዝሰርሕዎም ኣብያተ ክርስትያናት ኣለዉ። ከመይ ገይሮም ከይዶም ሰሪሖምዎ ብዙሕ መፅናዕቲ ኣይተኻየደሉን። ድሓን እዚ ኩሉ ገዲፍና እቲ ትግራይ ዝብሃል ካብ ማእኸል ዓዲ ጀሚሩ ካብ ሽረ፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም፣ ተንቤን፣ ዓጋመ፣ እንደርታ ጀሚሩ እናሰፍሐ ንምዕራብን ምብራቕን እናሰፍሐ ክሳብ ወልቃይት እውን ከይዱ ማለትእዩ። ወልቃይት ጥራይ እንተይኮነ ክሳብ ጎንደር እውን ከይተረፈ እቲ ኣምሓርኛኦም ትግርኛ እዩ ዝመስል። እዚ እውን ፅሒፈዮ እየ ኣብ ሓደ ክልተኡ ቋንቋ እናዛመድኩ ዘሰናድእከዎ ፅሑፍ። ከምዘለዎ ትግርኛ እዩ ዝመስል። ፅልዋ ናይ ተጋሩ እንተዘይነብር፣ ናይ ትግራይ ምስፍሕፋሕ እንተዘይነብር ናይ ጎንደር ኣምሓርኛ ትግርኛ ክመስል ዝኽእለሉ ዕድል ኣይምነበረን። ፅሩይ ኣምሓርኛ እዩ ክኸውን ዝግብኦ ነይሩ።

ስለዚ መዓዝ ከምዝተጀመረ እኳ ብንፁር እንተዘይፈለጥናዮ ነዊሕ ዘበን ከምዝገበረ ግን ምርዳእ ይከኣል።

**ተጋሩ ኣብ ህንፀት ኢትዮጵያ ኮነ እቲ ጠቕላላ ታሪኽ ሃገር ዘለና ግደ ከምቲ ዝተገለፀ እዩ፡፡ ግን ምስ ካልኦት ኣሓት ህዝብታት ኮይንና ከም ኢትዮጵያውያን ዝሰራሕናዮም ስርሓቲ ኣለዉ ዶ? ንኹላትና ብሄራት ዝሓውስ ናይ ነዊሕ ግዜ ሓበራዊ ፈፃመታት ክንልዕል ዶ ንክእል? ኣብዚ ምዕራፍ ታሪክ እዚ ሓደ ኮንይና እንብለሎም ሓበራዊ ስርሓቲ እንተሃልዮም?**

ብጣዕሚ ፅቡቕ ነጥቢ ኢኻ ኣምፂእኻ። ሕዚ ካብቲ ዝፅሕፍዎ እናተበገስካ ንምርኣይ እንተተደልዩ ንኣብነት እቶም ኦሮሞ እቲ ታሪኾም ባዕሎም እውን ዝፈልጥዎ ኣይመስሉን። እምበር 16 ክፍለዘበን ካብ ቦረና ከባቢ ተበጊሶም መላእ ኢትዮጵያ ንትግራይ ሓዊሱ ዝበፅሑሉ እዋን ነይሩ እዩ። ኣብዚ እንታይ እዩ ነይሩ እቲ መሬት ምሓዝ ጥራይ

ዘይኮነ ምውሳብ ኣሎ፣ ናይ ቋንቋን ባህልን ምውርራስ ኣሎ። ናይ ሸዋ ኣምሓርኛ ከም ኣብነት እንተወሲድና ናይ ኦሮሞ ቃላት ኣለዎ። ንሳቶም ተዘይመፁ ከምኡ ኣይምኾነን። እዚ ምንም ክትገበሮ ኣይትክእልን። ቅድሚ 400 ዓመት ዘጋጠመ እዩ። ማዕረ ንግስና ከይተረፈ ብጎንደር ኣቢሎም ስልጣን ዝሓዙሉ እዋን ነይሩ እዩ ኦሮሞ። ተጋሩ እውን ተመሳሳሊ ዛንታ ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ዘበነ መሳፍንቲ ተጋሩ እዮም ዓብሊሎምዎ ዝነበሩ። በዓል ስሑል ሚካኤል ንኣብነት ን40 ዓመት ምምሕዳር ነይሩ። እሞ ድማ ኣብ ትግራይ ዘይኮነስ ኣብ ጎንደር ኮይንካ። ኣብኡ ኮይኖም እዮም ነቲ ሰሜናዊ ክፋል የመሓድርዎ ዝነበሩ። ጎንደር፣ ትግራይን ኤርትራን እዩ ናብ ስሑል ዝግብር ነይሩ ብሓደ። ብድሕሪኡ ራእሲ ወልደስላሰ፣ ካብኡ ስባጋድስ፣ ካብኡ ውቤ መፀ፣ ከምኡ እናበለ ኣብ ቴድሮስ በፅሐ። ስለዚ እዚ ኹሉ ክኸውን እንተሎ እቲ ህዝቢ እኮ ይተሓዋወስ እዩ ዘሎ። ብድለየቱ ይኹን ብዘይድልየቱ ይተሓዋወስ ሓደ ይኸንው እዩ ዘሎ። ሰብ ይውለድ። ወተሃደራት እንድሕር ከይዶም ኣብኡ ይወልዱ። ከምኡ እናበሉ ሓደ ይኾኑ። ቀደም እውን ከምኡ እዩ ነይሩ። በዓል ኢዛና ናብ ኑብያ ምስ ከዱ ሕዚ እቲ ህዝቢ ሓበሻ እዮም ዝመስሉ። እቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን ከምኡ እዩ። እቶም ጉራጌ እውን ካብ ጉራዕ እዮም ዝኸዱ። ቀደም ሓያል ጥምየት ነይሩ ኣዝማቾ ስብሓት ዝብሃሉ እዮም ሒዞምዎም ከይዶም። ብዙሕ ታሪክ ኣለዎ። ንሳቶም ይፈልጡ እዮም እዚ ብደንቢ።

ንኣብነተ ይዝከረኒ ኣነ ኣብ ኣስመራ ኤክስፖ ተካይዱ ብ1970 ዓ.ም። ናይ ምሉእ ኢትዮጵያ ወከልቲ ብሄራት መፂኦን ባህለን የቕርባ ነይረን። ጃንሆይ እውን ነይሮም ሸዑ። እቶም ካብ ጉራጌ ዝመፁ ሸዑ እንታይ ድዮም ኢሎም፤ "መበቆልና ጉራዕ እዩ ስለዝብሃልሲ ናብኡ ውሰዱና ክንርእዮ።" እዮም ኢሎም። ወሲዶም እውን ኣርእዮምዎ እዮም። ሕዚ ጉራዕ ኣብ ኤርትራ እዩ ዘሎ ግን ቀደም ትግራይ እዩ ነይሩ። ክንደይ ታሪክ ኣቦታትና ዝተፈፀመሉ እውን እዩ። ስለዚ ዝተሓዋወሰ እዩ እቲ ህዝቢ ንምባል እዩ። እቶም ኣደሬ ንባዕሎም ካብ ትግራይ ከይዶም እዩ ዝብሃል። ድሓር ምስ ቱርኪ ምስ ግብፂ ተሓዋዊሶም

> **"ተጋሩ ከም ተጋሩ መጠን ተወዲቦም ንባዕሎም ዝኾኑሉ፣ ንርእሶም ዝከላኸሉሉ ውዳበ ክፍጠር ኣለዎ።"**

እስልምንኦም ተቐቢሎም ካልእ ህዝቢ ኮይኖም። ኣብቲ ቋንቆኦም ከይተረፈ ብዙሕ ትግርኛ ዝመስል ነገር ኣለዎም ትግረ። እዚ እንታይ እዩ ዘርእየካ፤ እቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝብሃል ዝተሓዋወሰ እዩ። ሓደ ዝገብሮ ብዙሕ ኣሎ። ባህሊ ካብኦም እቲ ሓደ እዩ። ኣሰራርሓ ምግቢ ከይተረፈ። ርግፅ ኣፈላላይ ዘለዎም ባህልታት ኣለዉ። እቶም ሓደ ዝገብሩና ድማ ዝበዝሑ እዮም። እናሓንሳእ ክዝረብ ኣለዎ እምበር ክትፈልጦ ኣይትኽእልን። ምስተዘረበ እትፈልጦ ግን ከምቲ ናይ ጉራጌ ዝበልኩኻ ማለት እዩ ሓደ ምኽንና ኢኻ እትግንዘብ።

ሕዚ ፀገም ዝኸውን ዘሎ ናይ ሕዚ ፖለቲካ ኣብቲ ዝፈላልየና እዩ ኣትኵሩ። ሓድነት እውን እኮ ኣለና። ናይ ዓድዋ ሓደ ዘሕብን ዓወት እዩ። ናይ ኢትዮጵያ ጥራሕ እውን እይኮነን። ናይ ኣፍሪካ እውን እዩ። ብዓል ማርኩስ ጋርቪ ዝሕበንሉ ዝነበረ እዩ። ምሉእ ኢትዮጵያ እዩ ኣብኡ ተሳቲፉ። ኦሮሞቶት ባልቻን ኣባነብሶን ምስ ኣሉላ ተራኺቦም። ብቋንቋ እኳ ክራኸቡ ኣይክእሉን። ግን ኢትዮጵያውያን ስለዝኾነ ተራኺቦም። ናብ ትግራይ መፂኡ ዘይፈልጥ ናይ ደቡብ ህዝቢ ብዓድዋ ጊዜ መፂኡ ኣሎ። ብዙሕ ሰብ ዘይፈልጦ ድማ እንታይ ኣሎ፤ ኣነ እውን ዳሕራይ እየ ፈቲሸ ዝረኸብክዎ.... ኣብ ዓድዋ ንምንታይ እዩ ናይ ኣምሓርኛ ስም ሰብ ዝበዝሐ ዝብል ሕቶ ንባዕለይ ሓቲተ። ጥላሁን፣ ጌታቸው ገለመለ ዝበሉ ስማት ኣብ ካልእ ናይ ትግራይ ክፋል እውን ኣለዉ፤ ኣብ ዓድዋ ግን ይበዝሕ። ኣቶ በላይ ግደይ ዝፀሓፍዋ መፅሓፍ ይረክብ እሞ ኣብኣ እንታይ እያ እትብል ዓድዋ ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት እዮም መስሪቶምዋ ዝብሃል ኣሎ ግን ከተማ ክትኸውን ከም ከተማ ዘጣየሽዋ ግን ደጃት ስባጋድስ እዮም ይብሉ እቶም ፀሓፋይ። ዋላ እውን ዓዲ ግራት እንተነበረ እቲ መንግስቶም ዓድዋ ድማ ማእኸል ማእከል ምጣኔ ሀብቲ/ንግዲ ኢትዮጵያ ክትኸውን ኣዊጆም እዮም ዝበሉ እቶም ፀሓፋይ። ኩሉ ኢትዮጵያዊ ዕዳጋ ማእኸሉ ክገብራ ይውስኑ። ካብ ኦሮሞ ከይተረፈ፣ ካብ ቤንሻንጉል፣ ካብ ጎንደር፣ ካብ ላስታ ብዙሓት ይመፁ እሞ ናብ ዓደዋ ጓል ዓዲ ተመርዕዮም ይተርፉ። እዚ ሕዚ ብዙሕ ሰብ ኣይፈልጦን። ከምዚ ኢሎም ዝተሓዋወሱ ኣለዉ። ስለዚ እቲ ናይ ማእኸል ዓዲ ስማት ኣብ ትግራይ ምፍጣሩ ብዘይሓደ ነገር ኣይኮነን። ስለዚ ምትሕውዋስ ነይሩ እዩ። ሓደ ዝገብረና ነገር ብዙሕ ኣሎ ማለተይ እየ።

**ኣንፃር ትግራይ ዝንዛሕ ዘሎ መርዛዊ ዝኾነ ፕሮፓጋንዳ ምስ ወያነ ገለመለ እናተተሓዘ ዘስግእ ነገር ይፍጠር ኣሎ። ክሳብ ኣግኣዝያን ዝብሃል ምንቅስቓስ ምፍጣር በፂሑ ኣሎ። ኣነ ናቱ ውፅኢት እየ ዝብሎ፤ ስለዚሲ ከመይ ገይርና ኢና ንባዕልና ሚዛን ኣትሒዝና ክንነብር እንኽእል ምስቲ ኣብ ርእሲ ትግራዋይ ዝንዛሕ ዘሎ ሕማቕ ስምን ገለን?**

ዕቡቕ፤ ኣነ ቀደሙ እውን ዝኣምነሉ ዝነበርኩን ሕዚ እውን ዝኣምነሉ ተጋሩ ከም ተጋሩ መጠን ተወዲቦም ንባዕሎም ዝኾኑሉ፣ ንርእሶም ዝከላኸሉሉ ውዳበ ክፍጠር ኣለዎ። እዚ ምንም ፀገም ዘለዎ ኣይኮነን። ግን ኢትዮጵያውነት ዝብሃል እውን ግን

ክርሳዕ ኣይብሉን። ሓደ ኢትዮጵያ ዝብሃል ተጋሩ እዮም መስሪቶምዎ። ካልኣይ ብናይ ዓለም ፖለቲካል ኢኮኖሚ እንተርእይናዮ ኣፅቢብካ ዘይኮነስ ኣስፊሕኻ ምስትትሕዝ ጥራይ ኢኻ ረብሓኻ ምዕባይ እትኽእል። እዚ እንታይ ማለተይ እየ ትግራይ ሪፓብሊክ ኢልካ ምምስራት ዘይኮነሲ ኢትዮጵያ ዝብል እንተሒዝካ ኢካ ናይ ትግራይ ኮነ ኢትዮጵያ ረብሓ ምድንፋዕ እትኽእል። ስለዚ ኣነ ክልቲኡ ክንትሕዝ ኣለና እየ ዝብል። እዚ ዝብል ካብ ጥቕምን ካብ ዘሎ ኩነታት ተበጊሰ ዘይኮንኩሲ ካብ ታሪክ እውን እንተርእይኻዮ ናይ ተጋሩ ዕድል እዚ እዩ። ንሳቶም እዮም መስሪተምዎ እቲ ዓዲ፤ ካብኡ ድማ ክላቐቑ ኣይኽእሉን። ካብቲ ኢትዮጵያውነት ክላቐቕ ኣይኽእልን። እቲ ትግራዋይነትካ ማንም ኣይኽልኣካን። ትግርኛ ኢካ እትዛረብ በቃ ናትካ እዩ። ኣነ ሕዚ እዚ ናይ ኦሮሞ ኣካይዳ ኣይፈትዎን። ምኽንያቱ ጥፍኣት ከምፅኣሎም ይኽእል እዩ። ኣምሓርኛ ኣይንዛረብን፣ ኢትዮጵያውያን ኣይኮናን ገለ ዝብል መንገዲ ጥፍኣት እዩ። ለባማት ተዝኾኑ ክልቲኡ እዮም ሒዞም ክጉዓዙ ዝግብኦም ዝነበረ። ፅቡቕ እዮም ድማ ዘለዉ ብተጠቀምነት እንተሪእናዮ ሓቂ ንምዝራብ። ካብ ተጋሩ ንላዕሊ ኣብ ፅቡቕ ዘለዉስ ንሳቶም እዮም። ኣዳማ ከይድካ እንተርእይኻ ኣብዚ ሰዓት እዚ ዝሓሹ ንሳቶም እዮም። ንዕኡ ኣመስጊኖም፣ ዕድል ድማ ተፈጢራትሎም ኣላ፤ ብኣ ኣቢሎም ባህሎምን ቋንቋኦምን እናማዕበሉ ኢትዮጵያውያን ኢና ከዓ ክብሉ ኣለዎም።

**እቲ ጎንፅታት በቲ ወያነ ዝመፀ እዩ ዝብል ኣሎ። ንቡር እዩ ከምዚ ዝበለ ዝብሉ እውን ኣለዉ። ንስኻ እውን ሓንቲ ብኣምሓርኛ ዝፀሓፍካያ ፅሕፍቲ ነይራ፤ ቀደም እውን ተምሃሮ ኮይንኩም ኣብ ጃንሜዳ እናተፃወትኩምስ ትጋጨ ከምዝነበርኩም ትገልፅ ኢኻ። ስለዚስ እቲ ሕዚ ዘሎ ገርጨውጨው ንቡር እዩ ዶ ክንብል፤ ኢልና ንሓስብ። ግን ከምዚ ዝበለ ነገር እሞ መንግስቲ ስንፍ ክብል ከሎ ድማ ናብ ገለ ከይንኣቱ ትብል።**

**ስለዚስ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዘፍርሕ ደበና ዶ ይመስለካ ወይስ ንቡር እዩ ክንብሎ ንኽእል ኢና?**

እዚ ምስ ታሪክ ዝተተሓሓዘ እዩ። ኣብ ሳልሳይ ዓለም ብምልኡ ብዘይካ ምዕራብ ኣውሮፓ ዘይትስኣሉ መንገዲ እዩ ተፈጢሩ። ምዕራባውያን ምስ ዓብለልዎ ንዓለም ብኡ ክልዓል ኣይከኣለን። ካሪባን ኣይተልዓለ ገለ ኣይተልዓለ። ቻይና ጥራይ እያ ኣምሊጣ ዘላ። ንሕና እውን ካፒታሊዝም ማዕቢሉ ተዝኸውን ነቲ ፍልልያት ከጥፍኦ ነይሩ እዩ፤ እቲ ዘሎ ኣይምተፈጠረን። ሕዚ ግን በቲ ህልው ኩነታት ኢና ክንጉዓዝ ዘለና። ኩነታት ኣሎ፤ ግን ሓደ ዝገብር ድማ ኣሎ ክንብል እዩ ዘለና። ኣነ እታ ናይ ኢህወደግ ጭርሖ እውን ኣይፀልኣን እየ። እዛ Unity in Diversity እትብል ኣይፀልኣን። ምኽንያቱ እቲ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ንሱ እዩ። ካፒታሊዝም ተዝምዕብል ብንቁርቁር መበሎ ነቲ ፍልልያት።

እተን ምዕራብ ዝብሃላ በዓል ኢንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመን፣ ኣሜሪካ እውን ሓዊስካ እዩ እምበር እተን ምብራቕ ኣውሮፓ እኮ ኣይጠዓመንን። ርእሶም ክኽእሉ ኣይከኣሉን። ምዕራባውያን ወሪሮምዎም ኣንበርኪኾምዎም። ንሕና እሞ ኸኣ ሕሰቦ ድኻታት ኢና። ሰለዚ ዓብዪ ልበና ዝሓትት እዩ። እተን ብሄራት መሰለን ተሓልዩ ግን ብሓደ እንጉዓዘሉ መንገዲ። እታ ምፍንጫል ገለ ገዲፍካ ብሓደ ምጉዓዝ ዝከኣለሉ ዕድል ኣሎ እየ ዝብል።

ሕዚ ዘስግእ ነገር ዘሎ ኣይመስለንን። እቶም ኣብቲ መንግስቲ ዘለዉ ኣካላት እውን ተጋሩ እዮም። ብርግፅ ንፅባሕ ምሕሳብ ከድሊ ይኽውን። ግን ክንደየናይ እዩ ሞ ኮይኑ ዘስግእ? ኣዲስ ኣበባ እውን እንተኾነ ብኹሎም ብሄር ብሄረሰባት ዝተተሓዘ እዩ። ኢትዮጵያ ብምልኡ እውን ዳርጋ ከምኡ እዩ። ስለዚ ዘስግእ ዘሎ ኣይመስለንን። የግዳስ ሕዚ እቲ ዘዋፅእ ካብ ፅብብ ዝበለ ኣካይዳ ወፂእኻ ስፍሕ ናብዝበለ ኣተሓሳስባ ምእታው የድሊ።

ንኹሉ ዘተኣሳስር፣ ዘጠዓዕም ኣጀንዳ ምሓዝ እዩ ዘድሊ። ኣብዚ ምሁራት ዓብዪ ግደ ክህልዎም ኣለዎ። ብምምሃር ይኹን ብካልእ። ብዙሕ ጉድለታት ኣለና ኣብዚ። ኣብ ናይ ዜና ማዕኸን ኣይቐርብን። ታሪኽ ኣይቐርብን። ስኽ ኢሉ ዝደጋገም ነገር እዩ ዝቐርብ። ስለዚ ኣብኡ እውን ብስፍሓት ተዝቐርብ እሞ ህዝቢ እውን ምተምሃረ ምሓሸ እየ ዝብል። እናተቐራረበ ምኸደ ሽዑ።

**ኣብታ መበል 21 ክፍለዘበን ፖለቲካ ናብ ሃገር በቖል ክምለስ ኣለዎ ዝብል ብዙሕ ነገር ኢኻ ኣልዑልካ። እቲ “ኦርጋኒክ ኢሊት” ዝብል ብፍላይ ፅቡቕ እዩ ብጣዕሚ። ብዛዕብኡ እውን ዝተወሰነ ክትብለኒ ኢኻ?**

እወ ፅቡቕ ምኳኑ ካብ ዝተፈላለየ ከባብታት እውን ዝፀሓፉለይ ነይሮም። እወ እንታይ ይመስለካ ንኢትዮጵያ እቲ ዝዓበየ መርገም ሓጥያት ዝብሎ ደርጊ እዩ። ንሃይለስላሰ እንናፍቐሉ እዋን እዩ ሒዙ መጺኡ። ጃንሆይ ከወድቁ ብቅንዕና ኢና ተላዒልና። ብቅንዕና እውን ኢና ተቓሊስና። ደርጊ ግን መንዚዑ ናብ ጥፍኣት ወሲድዎ። ንሱ እዩ እዚ ኹሉ ምሁር ወዲኦዎ። መጀመርያ ምሁራት እዩ ቀቲሉ። ምሁር ዘይብሉ ዓዲ መራሒ የብሉን። ምሁር ማለት ከንብብን ክመራመርን ዝኽእል ንቑሕ ኣካል ማለተይ እየ እምበር ዶክትሬት ዘለዎ ገለ ማለተይ እውን ኣይኮነን። ሕዚ ኣነ እቶም ምሁራት ዝብሎም ኣብ ክልተ እየ ዝኸፍሎም። ንመሃያ ኢሎም ዝሰርሑ ኣለዉ። ንዓዶም ኢሎም ብሓቂ በታ ዝተምሃርዋ መሰረት ዝሰርሑ እውን ድማ ኣለዉ። ዚኦም ብዙሕ ዕድል ኣይረኽቡን። ፋሕ ብትን ዝበሉ እዮም። ኣብ ደገ ኣለዉ ኣነ ዝፈልጦም እኳ ብዙሓት። ዓዶም ከገልግሉ ድለየት ዘለዎም ብዙሓ ኣለዉ። እዚኦም ምትእኽካብ ከድሊ እዩ። ፖሊሲ ዘርቅቑ ምሁራት ኣለዉ። ቅድሚ 20 ዓመት እውን ዚኣ ኢሉ መኺረ ነይረ እየ። እዚ ግን ሕዚ የለን። ድኽመት ኢህወደግ ኢሉ ካብ ዝጠቐስክዎ እቲ ሓደ እውን እዚ እዩ። እቲ ናይ ምሁር ቦታ ኣብ ዓንጋልን




ተዓንጋልን ክኾውን የብሉን። ዘለቒታ ኣይህልዎን ከምኡ እንተኾይኑ። ናፃ ኮይኖም ዝንቀሳቐሱ፣ ነታ ዓዲ ዝጠቕሙ ምሁራን ቦታ ክፍጠረሎም ይግባእ፤ ሽዑ እታ ዓዲ ትጥቀም። መንግሰቲ እውን ይጥቀም።

## መንግስቲ ከምኣ ተዘይገይሩ ኸ? መንግስቲ ልቢ ኣጥርዩ ከምኣ ተዘይገይሩ እቶም ምሁራን ባዕሎም እንታይ ምግባር ይኽእሉ?

እቲ መንግስቲ ድኽመቱ ዋላ ይኹን እምበር ናቱ ድኽመት ጥራይ እውን ከምዘይኮነ ፅሒፈ እየ። ሓደ ፀሓፊ (ዶናልድ ለቪን) ናይ ገላውዴዎስ ዝበሎ ክትግበር ኣለዎ ኢሉ ዝፀሓፈ ነይሩ። ሽዑ ኣነ እንታይ እየ ኢለ እቲ ናይ መንግስቲ ድኽመት ከምዘለዎ ኮይኑ ምሁራን ድማ ባዕልና ለውጢ ክንፈጥር ኣለና ኢለ እየ ዝፀሓፍኩ። መንግስቲ ጥራይ ክገብር ክንፅበ ኣይብልናን። ብውልቀ እውን ተበግሶ ክወስድ ኣለዎ። እቲ መንግስቲ ኣብ ስልጣን ስለዘሎስ ባይታ ዶ ክፈጥር ኣይምኽኣለን እየ ዝበልኩ ዘለኹ እምበር እቲ ሓላፍነት ንኩላትና ማዕሪ እዩ። ተዘይኮይኑ ለውጢ ከቢድ እዩ ዝኸውን።

## ኣብቲ ፅሑፍካ እቲ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባታት ቅርፅታት ክወፅእ ኣለዎ ዝበልካዮ ኣሎ:: እቲ ናይ ፖለቲካ ወጥሪ ከቢድ እዩ ዘሎ ኣብዚ ዓዲ:: ንገሊኡ ሓሳብ ማርክሲስት ይብሃል፤ ማሌሊት ይብሉኻ:: ገሊኡ ድማ ናይ ሊበራል ኣተሓሳስባ ኣለዎ ኢሎም ይሙጉትኻ:: ንስኻ ድማ ሶሻል ኮንስትራክሽን ዝብል ኣልዒልካ ኣለኻ እሞ ኣብዚ እስቲ ርእይቶኻ? እንታይ እዩ እዚ ሶሻል ኮንስትራክሽንስት ዝበልካዮ ስነ-ሓሳብ/ቲዎሪ?

ፅቡቕ! ቀደም ምንም ክንገብሮ ኣይንክእልን ነይርና። እቲ ናይ ማርክስ ኮነ ካልእ ተፅዕኖ ነይሩና። ምሉእ ዓለም እዩ ድማ ነይሩ። በይንና ኣይኮናን። ማርክስ ዘይፀለዎ ኣየነበረን። ምልስ ኢልና እንተርእይናዮ ድማ ዕድመ ኣሎ፣ ትምህርቲ ኣሎ ገለ ሕዚ ኮይንና ክንርእዮ እንተለና ብዙሕ ጌጋታት ከምዝነበረና ርእይና ኣለና። ምስ ጭቡጥ ናይ ዓድና ኩነታት ከምዘይኸይድ እውን ተገንዚብና ኣለና። ስለዚ ኣነ ሕዚ ኣብ ክንዲ ናይ ማርክስ ወይ ገለ ዝብል ዘይኮነስ ናይ ፈረንሳይ ፈላስፋ Michel Foucault (ምሸል ፎካልት) ዝሓዞ ሓሳብ እዩ ዝሓይሽ እየ ዝብል። ንሱ ነገራት ብሰፊሑም እዩ ዝርእዮም። ዝምድናታት ስልጣን ኣግዝፍ ኣቢሉ እዩ ዝርእዮም። ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ስልጣን ኣሎ እዩ ዝብል። እዚ ቅድም ኢልና ኣይርኣይናዮን ነይርና። ገዛኢ ደርቢ ንብል እሞ በቃ ካብኡ ንታሕቲ ኣይንርእይን ነይርና። ኣነ ሓደ ዝፈጠርክዎ ቃል ኣሎ፤ ምሉእ ብምሉእ ናተይ ኣይኮነን። በእንግሊዝኛ Social constructionst ዝብሃል ብትግርኛ ማሕበራዊ ህንፀት ዝብሃል እዩ። እዚ እንታይ እዩ፤ ኣብ ማሕበራዊ ህንፀት እንድሕር ኣትኵርና ብዙሕ ነገር ክንሰርሕ ንኽእል ኢና ዝብል እዩ። ትምህርቲ፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ፖለቲካ፣ ኩሉ ኣብ ሓደ ይኣቱ እሞ ነቲ ህዝቢ ተምሃሮ። ሓንቲ ዓዲ ዘዋፅኣ ኣየናይ የዋፅኣ ኢልካ እትርእየሉ መንገዲ እዩ ዘርኢ ማሕበራዊ ህንፀት። ማሕበራዊ ህንፀት ሓደ ፖለቲካል ፊሎሶፊ ሒዙ ጥራይ ኣይኮነን ዝኸይድ።

ማሕበራዊ ህንፀት ዝብል እንተተኸቲልና እቲ ሓደ ረብሕኡ ሕብረተሰብ ምስታፍ እዩ። ታሕተዋይ ኣካል ማሕበረሰብ ኩሉ ይሳተፍ። ተምሃራዩ፣ ነጋዳይ፣ ሓረስታይ ኩሉ ይሳተፍ። እዚ ኣብ ግብሪ እንተውዒሉ ዓብዩ ለውጢ ዘምፅእ እዩ። ዕድል እንተተረኺቡ ሓደ መዓልቲ ህዝብና ብዝሓሸ መንገዲ ዝምሃረሉ ስነ-ሓሳብ ክኸውን ከምዝኽእል ይኣምን።

## ናብ ኢትዮጵያ መዓእኻ ትፈልጥ ዶ ዶክተር?

እወ ብዙሕ ጊዜ እምበር። ናይ መወዳእታ ዝመፃእኹ ቅድሚ 4 ዓመት እዩ። ኢህወደግ ምስኣተዉ እኮ ድሕሪ 6 ወርሒ እየ ኣትየ። ኣብቲ እዋን ንሱ ብተደጋጋሚ መፂአ ነይረ። ብ93 መፂአ። ብ94 ናይ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዋዕላ ነይሩ ናብ መቐለ ን10 መዓልቲ መፂአ ነየረ። ሽዑ ናይ ማልት ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ ፀሓፊ እየ ዝነበርኩ። ካበኡ ብ97 መፂአ ነይረ። ብድሕሪኡ ድማ ቅድሚ 4 ዓመት ብ2013 ማለት እዩ። ብዙሕ ጊዜ እየ ዝመፅእ። ክፅሕፎ ዝደሊ ብዙሕ ኣሎ፤ ንዕኡ እውን ከመፅእ ይደሊ እየ፡ ንዕኡ እውን እየ ዝመፅእ።

## ብሽም መንበብትና ብጣዕሚ ነመስግን! ክብረት ይሃበልና!

ኣነ እውን ብጣዕሚ እየ ዘመስግን። ዓብዩ ተበግሶ ኢኻ ወሲድካ። መፅሄትካ ብዙሕ ሰብ እዩ ዘመስግኖ። ብዙሕ ሰብ እዩ ዝነግረኒ። ብባህጊ ዝፅበይዎ እውን ከምዘለዉ ይፈልጥ እየ። ንኢንተርቪው ዘይኮነስ ንቲ ተበግሶ እውን የቐንየለይ!

# አድላይነት ናይ ለውጢ "ማኒፌስቶ" ንቕድሚት ንምግስጋስ

## ጀ. ኣበበ ተ/ሃይማኖት (ጆቤ)



"Crises takes place when the old has not died and the new has still not been born" Bertolt Brecht

ሃገርና ኣብ ስግግር ትርከብ፡፡ ካብ ስርዓት ምልክነት ናብ ዴሞክራሲ፡፡ እዚ ሕገ-መንግስትና ተተሪኢስካ ዝግበር ስግግር ኣብ ብተነፃፃሪ ሓፂር ግዜ ዝፍፀም እዩ፡፡ ንኣውሮፓዊያን ቡዙሕ ሚኢትታት ዓመታት ዝወሰዶም ንሕና ኣብ ትሒቲ ሓደ ሚኢቲ ዓመት ክነካዩዶ ዓለማዊን ሃገራውን ኩነታት የገድደና፡፡ እዚ ካብ ዘይንፈልጦ ናብ እናሓልሞ ዝግበር ጉዕዞ ኣረጊት ኣተሓሳስበታት፣ ውዳበታትን ኣሰራረሓትን እናወገድና ብሓዱሽ ንምትካእ ፀዓርዓርን ቡዙሕ ላዕልን ታሕትን ዘለዎ፤ ቡዙሕ ርግፀኛ ዘይሙኺን (uncertainity)፤ ምድንጋራት ዘለዎ፤ ስሕተታት ዝፍጸመሉ፤ ብዙሕ ፅንፍታት (extremisim) ዝረኣየሉ፣ ቡዙሕ ጎንፅታት ዘለዎ፣ ቡዙሕ ሂዎት ዝኸፍሎ እዩ፡፡

ከምዚ ቦኽሪ ወላድ ገና ካብ ምጥናስ ጀሚሩ ቡዙሕ ለውጥታትን ስቓይን ክትሸከም እትግደድን ኣብ ምውላድ ደማይ ንቡዙሕ ሰዓታት ኣብ ገሊኡ እውን መዓልትታት ዝወስድ እንትፋስ እተዊ ውፅኢ፡ ድጊም ኣይጠነስን ዘብላ ስቃይ ሓሊፉ ካም ማንም ንላዕሊ እትፈትዋ/እትፈትዎ ዉላድ እትሓቑፍ እሞ ኣብቲ ናይ ስቓይ እዋን እትብሎ ዝነበርት ሓዲጋ እንደገና ኣርባዕተ ሓሙሽተ ግዜ ኣትጠነስሉን ኣትወልድሉን ከይዲ እዩ፡፡

ስግግር እውን ዓወት ድሕሪ ስቓይ እዩ። ምረቱ ክንዲ ዕጥቂ ቃልሲ እኳ እንተዘየኮነ!! ስግግር ሕብረተሰባዊ ምንቅስቓስ ስለዝኮነ ግን ዝተሓላለኸ እዩ፡፡ እቲ ናይ እኖ ምውላድ ከይዲ ብተወሰነ ጥራይ እዩ ክገልፆ ዝኽእል፡፡

ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ኩነታት ንምግማት ብዘፀግም ቕልጡፍ ለውጥታት የመዝግብ ኣሎ፡፡ ሃገር ንምዕራይ ንቕድሚት ንክትውንጨፍ ዓበይቲ ዕድላት (opportunities) ይሰፍሑ ኣለዉ፡፡ ነዚኦም ዕድላት ብዝግባእ መርሚርካ ናብ ረብሓ ዓድን ህዝብን ንምውዓል ግን ናይ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ጉድለት ብሰፊሑ ይረአ ኣሎ፡፡ ዘጋጥሙ ዘለዉ ብድሆታት(challenges) ኣናኢስካ ዝረአዩ ኣይኮኑን፡፡ ናብ ዕድል ንምልዋጥ እንታይ ንግበር ንምባል ግን ዝሰኸነ ኣመራርሓ የድልዮ፡፡

ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ፈኸም እናበለ ፀኒሑ ኣብ 2008 ዝተጓሃሃረ ናይ ህዝብታት ኢትዮጵያ ቃልሲ ናብ ዘይምለሰሉ መድረኽ በፂሑ ኣሎ፡፡ ሓላፍ ዘላፍ እንተለውዎን፤ ፅንፈኛታት ክጨውዩዎን ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ጎነፂ ክፈጥሩን እንተሞከሩ እውን ናይ ህዝብታት ሕቶ ንዴሞክረሲ፣ ፍትሕን ልምዓትን እዩ ነይሩ፡፡ ብኣዋጅ እቶ እቶ (emergency) በርኒዎ (ተጨናጊፉ) (ፅንፈኛታት ሃገር ከፍርሱ ምንቅስቃስ ዝጀመርሉ ስለዝነበረ እቲ ኣዋጅ ኣድላይ እኳ እንተነበረ) ክላዓል እንተሎ መሰረታዊ ምምዕርራይ ስለዘይተገበረ እቲ ዝተደጎለ ሓዊ ሃልሃል ምባል ይጅምር ኣሎ፡፡ ኢትዮጵያ ከትበታትን ድያ ዝብል ስግኣት ይስተውዓል ኣሎ፡፡ ግቡእ ስግኣት እዩ፡፡ ኣብ ድሮ 1983 ዓም ከይትበታተን ስግኣት ነይሩ፤ ሳላ ህዝበታት ኢትዮጲያን ህዝባዊን ውሕሉልን ኣመራርሓ ኢህወዴግ ካብ ምብትታን ድሒና ጥራይ ዘይኮነ ንቅድሚት ክትስጉም፣ ኣብ ዓለም ቦትኣ ክትሕዝ ዳደ ክትብል ጀሚራ ነይራ፡፡ ሽው ዝነበረ ኣመራርሓ (መሰል ህዝብታት ንምርግጋፅ ስለተቓለሰ) ወሳኒ መሰረቱ ህዝባዊነቱ ነይሩ፡፡ ሕዚ ግን ኢህወዴግ ኣይከኣለን፡ ፡ ምኽባር መሰል ህዝብታትን ኢህወዴግን ሕቖን ከብድን ኮይኑም ኣለው፡፡

ህዝብታት ተለዓዒሎም እዮም፡፡ ሓዱሽ ፖለቲካዊ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ረበረሓታት ንምርግጋፅ ተበጊሶም ኣለው፡፡ እዚ መምለሲ የብሉን፡፡ እቲ እንፈልጦ ኢህወዴግ የለን፤ ምስ ኩነታት ክኸይድ ኣይከኣለን፡፡ እቲ ማዕበል ህዝቢ ንኢህወዴግ እውን ንፅቡቕ ይኹን ንሕማቕ ይቕይሮ እዩ ዘሎ፡፡ ኣብ ኦሆዴድ ክረአ ዝክእል ኦዎንታዊ ለውጥታት ንዕዘብ ኣለና፤ ይበል ዘብልን እናተባባዕና ናብ መሰረታዊን ሙሉእን ለወጢ ክኸውን ድጋፍ ክንገብር ዝግባእና ይመስለኒ፡፡ ኢህወዴግ ኣብ ውሽጢ እውን ከም ቀደም ክኸይድ ኣይኸኣለን። ሰብ ቅልፅም ዝነበሩ ደኺሞም ሓደሽቲ ዘይላደዩ ሓይልታት ቅልቅል/ቦኽቦኽ ይብሉ ኣለዉ፡፡ ኢህወዴግ ንባዕሉ ካብ መሰረቱ እንተዘይቀይሩ ከም ግንባር ናይ ምቕፃል ዕድሉ ኣታሓታቲ ይከውን ኣሎ፡፡ ተቓወምቲ ውድባት ሙቹው ኩነታት ተፈጢሩሎም እናሃለወ ለቑዘይዘይ እዮም ዝብሉ ዘለው፤ ክባራበሩ ይግባእ፡፡ ዘይሩ ዘይሩ ንናይ ህዝብታት

ምችው ናይ ቃልሲ ኩነታት ዝመርሕ ተሳኢኑ ኣሎ፡፡ እዚ ጉድለት ከመይ ንሸፍኖ እዩ ኣቲ ሕቶ፡፡

እቲ ኩነታት ተቐይሩ ተነፃፃሪ ርግኣት ክሳብ ዝመፅእ ብዙሕ ዘይተለመደ ነገራት ክንሪኢ ግድን እዩ፡፡ ዕግርግር ክቕፅል ይኽውን ዘሕዝን ዋላ እኳ እንተኾነ ከንዳለወሉ ይግባእ፡፡ ኣብ ፓርላማ ምጉሳት፣ ከም ኣካል ረጊፅኻ ምውፃእ፣ ክልላት ነንሕድሕደን ዝወናጀላሉ ወ.ዘ.ተ ክረአ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ፖለቲካዊ ማእኸል ሸተተት ይብል ስለዘሎ፡ ፡ ምድንጋፅን ደንበርበርን (panic) ነቲ ኩነታት ዘጋድድን ነቶም ፅንፈኛታት ዝሓሸ ዕድል ክፈጥረሎምን ተዘይኮይኑ ምንም ፋይዳ የብሉን፡፡ ኣብ ግዜ ዘይህብ ኩነታት ኮይንካ ረጊፅኻ፣ ኣፅኒዕኻ፤ ተላዚብካ ዝምጥን ራእይን ስትራቴጂን ብምሕንፃፅ መፍትሒ ምእላሽ እዩ፡፡ ክሳቡ እቲ ኩነታት ክይጋደድ እቶም ዝሓንኮርዎ ነቲ ኩነታት ዝምጥን ስልቲ ኣውፂኦም ይንቀሳቀሱ፡፡ ሓላፊነቶም ብዝግባእ ይዋፅኡ፡፡

እዚ ፅሑፍ እዚ ኣብ "ታይፒንግ" እናሃለወ ናይ ዝተኸበሩ ኣባዱላ ገመዳ ኣፈ-ጉባኤ ተወከልቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንዓርሶም ካብ ስልጣን ከምዘግለሉ ተሰሚዑ፡፡ ምስ ዘሎ ኩነታት ብዙሕ ሰብ ተደናጊፁ። ዘይተለመደ እውን ስለዝኾነ ክሳብ ባዕሎም ዕላዊ መግለፂ ዝህቡ ምስ ውድቦም ተስማዕሚዖም እዮም ዝኾኑ ዝብል ግምት ነይሩ፡፡....ንክስርሕ ዝምችው ኩነታት የለን ድልየት እውን የብለይን... ዝብል ኣዘራርባ ግን ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ከምዘለዎ ዘመላኽት እዩ፡፡ፖለቲካዊ ኣጀንዳ እንተሃልይዎም እማ ናይ ኣፈ-ጉባኤ ቦታ፤ ኣብ ልዕሊኡ ናይ መከላከያን ድህንነትን ኮሚቴ ኣቦ-ወንበር ብዝግባእ ዘይጥቀምሉ ዝብል ሕቶ ምልዓሉ ኣይተርፍን፡፡ እቲ ኣጅንዳ ክሳብ ዝፍለጥ እናገመትና ቁሊሕሊሕ ምባልና ኣይተርፍን።

ግን ብደምቢ ሓሲቦምሉ ነቲ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ዝሓሸ መንገዲ ኢሎም መሪፆም እንተኾይኖም ብሉፅ (smart) ስጉምቲ ክኸውን ይክእል እዩ፡፡ እቲ 1993 መጀመርያ ኣብ ህወሓት ደሓር እውን ኣብ ገለ መራሕቲ ኣህዴድን ደህዴድን ዝበፅሐ ኩሉ ዓይነት መንግስታዊ ደብዳብ ተዋሳኣይ ስለዝነበሩ ይፈልጥዎ እዮም፡፡ ዓርሰ-ምክልኻል ይብሉኻ እዚ እዩ!!

ናይ እማን ፖለቲካዊ ኣጀንዳ እንተሊይዎም ግን ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ትርጉሙ ዓብዪ እዩ፡፡ ኣብ ደረጃ ስልጣን ኢትዮጵያ ከም ካልኣይ ዝቖፀር ሰብ ካብ መዝነቱ ባዕሉ ወሪዱ ተራ ናይ ፓርላማ ኣባል ኮይኑ ብሰላማዊ መንገዲ ክቃለስ እዩ ማለት እንተኾይኑ ኣባዱላ ምስቲ ሓዱሽ ምዕባለ ይጓዓዙ ኣለዉ ማለት እዩ፡፡ ገና ዘይተፈለጠ እንተኾነ እውን ከምኡ እንተኾኑ የቐንየለይ ኢልካ ምምችቻው እዩ፡፡ ናብ ልመና እንተተኣትዩ ግን ጥፍኣት እዩ፤ ውረደት እዩ፡፡

## ፖለቲካ ትግራይ

ፖለቲካ ትግራይ ኣብ ዕንይንይ እዩ ዘሎ፡ ፡ ንቅድሚት ምኻድ ኣብይዎ ኣብ ደውታ ይርከብ፡፡ ኣብ ፖለቲካዊ ደውታ ነዊሕ ክፅናሕ ኣይካኣልን፡፡ ንቅድሚት ምስጓ ወይም ምንሸረታት እዩ እትዕድል፡፡ ብኡ ምኽንያት እቲ ፖለቲካ ኣብ ቀራን መንገዲ ኣሎ ይብሃል፡፡ ናይዚ ቀንዲ መግለጺ ህዝቢ ኣምሪሩ ኣይግዛእን ክብል እንቶሎን መራሕቲ ደማይ ምግዛእ ክኣብዮም እንተሎ እዩ፡፡ ህዝቢ ተወሰኽቲን ሓደሽቲን ፖሊቲካው፤ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ መሰለት እንትእልሽ መራሕቲ ደማይ ከም ቀደም በቲ ዝለመድዎ ሓድሓደ ኣናእሸተይ ምምዕርራያት ገይሮም "ፅቡቅ ኣለና በቲ ዝሃብናኩም ዕገቡ" እንትብሉ እዩ፡፡

ኣብ መራሕቲ ዘሎ ምዝሕታል ፖለቲካ ትግራይ ዕንክሊል ክብል ይገብሮ ኣሎ፡ ፡ ካብዚ ምውፃእ ጊዜ ዘይህብ ኮይኑ ኣሎ፡ ፡ ካብዚ ዕንይንይ ወፂእና ንቕድሚት ክንግስግስ፣ ዝላ ክነመዝግብ እንተኮይኑ ምስ ኩነታት ዝኸይድ፤ ነቲ ሕሉፍ ኩነታት ብዝግባእ ዝገምገመ፤ ሓዱሽ ኣተሓሳስባ፤ ፖሊሲ፤ ውዳበን ኣሰራርሓታትን ይሓትት። ምስ ኩነታት ንምሕማስን ሰዓራይ ኮይንካ ንምውፃእን ግድን ኣድላዩ ይኸውን፡፡ ዓለማዊ፤ ሃገራዊን ክልላውን ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ንቕዋሚ ፕሮግራም መሰረት ዝገበረ ወይ ምምሕያሽ ዝሓዘለ ፖለቲካዊ ማዕቐፍ/package ኣድላዪ ኮይኑ ይርከብ፡፡ ናይ ለውጢ ማኒፌስቶ ዝበሃል፡፡

ነዚ ፅሑፍ ከበሃል ማኒፌስቶ ክንብል ከለና ናይቲ ውድብ/ጉጅለ ዕላዊን ዝተፅሓፈን መግለፂ ኮይኑ ዕላሙኡን፤ እምነታቱን፤ ፖሊሲታቱን ምስ ኩነታት ዝኸይድ ምምሕያሽን ኣጠቓሊሉ ናብ ኣባላት ውድብ/ ህዝቢ ቐሪቡ ነቲ ፖለቲካዊ ምንቅስቃስ ሂወት ዝህብ ሰነድ እዩ፡፡ ናይ ቅድሚት መርኣይ ሰነድ፡፡ መራሕቲ ኣብ ውሽጢ ውድብ "ኣነ" እንተተመሪፀ ነቲ ቐዋሚ ፕሮግራም ህይወት ንምሃብ፣ ዝረኸብናዮ ዓወታት ብምዕቃብ፣ ኣጋጢሙና ዘሎ ኩለመዳያዊ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኩለመዳያዊ ምንቅስቃስ ዝሓዘ ሰነድ እዩሞ ምረፁኒ ኢሎም ዝወዳደሩሉ እዩ፡፡ እዚ ኣብ ሕወሓት ይኹን ኣብ ካልኦት ናይ ሃገርና ውድባት ዳርጋ ኣይፍለጥን፡፡

ኣብቲ ውድብ ምምሕያሹ ተቐባልነት ምስ ረኸበ ድማ ምስ ካልኦት ውድባት ንምውድዳር ዝሓሸ ሓሳብ ሒዘ ኣለኹ እሞ መንግስቲ ኮይነ ክመርሕ ዕድል ሃቡኒ ኢሉ ዝውዳደረሉ እዩ፡፡ እዚ ብሃገር/ክልል ጥራይ ዘይኮነስ ክሳብ ታሕቲ ክወርድ ዝግባእ እዩ፡፡ ናይ ወረዳ ኣመራርሓ ውድብ እውን ናይ ባዕሎም ናይ ወረዳ ማኒፌስቶ ኣዳልዮም ኣብ ውሽጦም ውድድር ኣካይዶም ዝምረፅሉን እዩ ዝኸውን፡ ፡ እቲ ናይ ወረዳ ናይ ፓርቲ ጉባኤ እቲ ዝሓሸ ሚኒፌስቶ መሪፁ ኣመዓራርዩ ወረዳ ንምምሕዳር ስዒርካ ንምውፃእ ናይ ፓርቲ ፕላትፎርም(platform) ይገብሮ ማለት እዩ፡፡

ናይ ለውጢ ሚኒፊስቶ ዝተለመደ ኣመራርሓን ኣካይዳን ውድብ ፈቲሹ ሓዱሽን መሃዛይን፣ ምስ ኩነታት ዝከይድ እምበር ነቲ ዝነበረ ኣካይዳ ከምዘለዎ ሒዝዎ ዝኸይድ ኣይኮነን፤ ዝኣረገ ኣገባብ መሪፃ ኣመራርሓን ኣካይዳን ደርቢዩ ዘበናዊን ምስ ዲሞክራሲ ዝኸይድን ዝሓዘ እዩ፡፡

ናይ ለውጢ ማኒፌስቶ ዘለዉ መማረፂ ሓሳባት ብዝግባእ ቀሪቦም ክፍተሹን

ዝሓሸን ዝማዕበለን ሓሳባት ተቀባልነት ክረክቡ ዘግብር ኩነታት ዝፈጥር እዩ፡፡ እከለ መዓዝ ተጋዲሉ፤ መዓዝ ኣባል ውድብ ኮይኑ፤ ኣበይ ኣበይ ሰሪሑ ብዝብብልን ብፍልጦን ናይ ላዕለዎት መራሕቲ ውድባዊ ኣሰራርሓ ጥራይ ዝነበረ ኣመረርፃ ናብ እዋናዊ ዓቕሚ ዝግስግስ ኣካይዳ ይኸውን፡፡ እቲ ሙሁራዊ ዓቕሚ ብፍላይ ነቲ መንእሰይ ተሳትፍኡ ልዑል ክኾን ዝገብር እዩ፡፡ በቲ ካልእ ገፅ ሰብ በብቕዓቱ (ሓሳቡን ተግባሩን) ዝምዝነሉ ኩነታት ስለዝህሉ ምጥልላፍ (networking) ዝወለዶ ፖለቲካዊ ግዕዝይና  ኣብ ምትሓት ዓብዪ እጃም ኣለዎ፡፡ ናይቲ ፓርቲ ዴሞክራሲዊ ህይወት ክህልው ወሳኒ ተራ ይፃወት። ናይ ትውልዲ ምትኽኻእ እውን ናይ ማን ተግባራዊ ክኸውን ዕድል ይህብ፡፡

ኣብ ትግራይ ህወሓትን ዓረናን ሕጋዊ ኮይኖም ይንቀሳቀሱ ኣለዉ፡፡ ነዚኦምንምዕራይንንምጥንኻርንወይሓዱሽኣወዳድባ ንምፍጣርን እቲ መንእሰይ ብፍላይ እቲ ሙሁር ክሕዞ ዝግባእ ኣካይዳ ብወገነይ ክኾን ኣለዎ ዝብሎ  ሓሳበይ ከም መበገሲ ሸው ከብል ይፈቐደለይ፡፡ ዝሓሸ ትዕዝብቲ ዘለኒ ኣብ ህወሓት ስለዝኾነ ከም መርኣያ ንህወሓት ንምሕዋይ እንታይ ዓይነት ናይ ለውጢ ሚኒፌስቶ ከምዘድሊ ዝራኣየኒ ከቅርብ እየ፡፡ ኣብ ዓረና ዘለኒ ፍልጠት ውሱን ስለዝኾነ  ሕቶታት እየ ክድርቢ፡፡

ዘይሩ ዘይሩ እታ ዓዲ ናይቲ መንእሰይ እያ እሞ ኣብቲ ፖለቲካ ብንቕሓት ክነጥፍ ሓደራ እናበልኩ ብኣካል ዘይፈልጦ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ብተባዕነት ዝነጥፍ ዘሎ መንእሰይ ዘፀኣት (ዶክተር) ኣብ ቀረባ ዝለጠፉ (post ዝገበሮ) ናይ ፈላስፋ ፕላቶ ጥቅሲ ክውክስ። “One of the penalities for refusing to participate in politics, is that you end up being governed by your inferiors”

## ፩. ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህ.ወ.ሓ.ት)

“Strong minds discuss ideas

Average minds discuss events

Weak minds discuss people” Socrates

ህወሓት እዚ ፌዴራላዊ ስርዓት ኣብ ምምስራትን ስላምን ልምዓትን ኣብ ምመፃእን ዓቢይ ግደ ነይሩዋ፡፡ ቅኑዕ ዕለማ ስለዝነበራን ንዕኡ መፈፀሚ ዝኸውን ብሉፅ ስትራተጂን ስልትን ስለ ተኸተለትን ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ኣብ ህዝባ ሙሉእ ምትእምማን ስለዝነብራን እዩ፡፡ ናእዳ ኸኣ ረከባቱሉ እያ (ብዘይካ ፅንፈኛታት)፡፡ ኣብ ጉድለታቱ ካብ ካለኣት ንለዕሊ እንተተመረረትሉ’ውን ባህሪያዊ እዩ፡፡ እቲ ዋና ጉዳይ ግን ህወሓት ሕዚ ከመይ ኣላ እዩ፡፡

ብናይተይ ትዕዝብቲ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ትግራይ ካብ “ውድብና” ናብ እዛ “ውድብ” ናብ ዝብል ናብ ምጉናይን ቅቡልነት ናይ ምስኣን ከይዲ ዘሎ እዩ ዝመስል፡፡ እቲ ውድብ ዕላምኡ ከስሕቱ ብዝኽእሉ መሰረታዊ ሽግራት ከምዝተሓላለኸ ብናይ ህዝቢ ተፅዕኖ፡ ኣባላቱ ኣብቲ 2007 ዝነበረ ጉባኤ ገምጊሞምዎ፡፡ ብፀረ-ዲሞክረሲያዊነት፣ ዓቕሚ ምስኣን፣ ኪራይ ኣካቢነት፣ ናይ ሓሶት ፀብፃብ እቲ ዝለዓለ ኣካል ዝተገምገመሉ እዩ ነይሩ፡፡ ናብ በዓል ዋና ኣይተሰጋገረን እምበይ ከምቲ ኣይተ ተኸለ ብርሃን ኣርኣያ ዝበልዎ “ስልጣን ንውልቀ ረብሓኻ ምውዓል በዓል ዋና ዘይተረከቦ ሓፈሻዊ ገምጋም”(ወይን መስከረም 01) ኮይኑ እምበይ፡፡

ከማይ እተን ጠቕላላ ናይ ዓቕሚ ምልማስን ፀረ-ዴሞክራሲያዊ ሃዋህው ዝፈጥሮ ምጥልላፍን (networking) እየን እቲ ዝለዓለ ጥፍኣት ዘምፅኣ ዝመስለኒ፡፡ ክራይ ኣካብነት ናይ ሓሶት ሪፖርትን ወ.ዘ.ተ ብዋናነት ዲሞክራሲያዊ ሃዋህው ብምስፋሕን ድኽነት ኣብ ምውጋድ ብቑዕ ኣመራርሓ ብምህላውን ዝፍትሑ/ዝንከዩ እዮም፡፡ ማንታ ሽግራትና ናይ ዴሚክራሲ ሕፅረትን ድኽነትን ስለዝኾኑ፡፡

ህወሓት ሓሚሙ ኣሎ፡፡ ዝሓዊ ድዩ ወይስ ዘይሓዊ ዝብል መካትዒ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ህወሓት ኣብዘም 43 ዓመታት ብዙሓት ደውታታት እናተኣናገደት  እያ መፂኣ። ካብኣቶም እቶም ሰለስተ መሰረታውያን ከበሃሉ ዝኽእሉ እዮም እቶም ካልኣት ንዓኣቶም ዘፈጠሩ ነኣሽቶያት ክንብሎም ንኽእል። እቲ ሰለስተ መሰረታዊ ዝበልክዎም 76/77፤ 92/93፤ ከምኡ እውን ሐዚ ዘለናዮ ደውታ እዩ።

## 76/77 ድሕሪ ደውታ ናብ መስተንክራዊ ዓወት

እዚ ደውታ እዚ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕነት ህወሓት ክቕፅል ድዩ ኣይቕፅልን ክብል ዘኽእል ነይሩ። ህወሓት ምምራሕ ኣብይዎ ዕንይንይ ዝበለሉ፣ ኣብ ህዝቢን ተጋዳላይን መንፈስ ተስፋ ምቑራፅ ዝተጀመረሉ፣ ኣብ ፖለቲካዊን ወታደራዊን ስራሕቲ ምዝሕታል ዝተፈጠረሉ፣ ናይ ተጋዳላይ መዐቀኒ መቕያር ዝተጀመረሉን ኣብ ቃልሲ ምንባር ኣተሓሳስባ ንምጋስ ዝጀመረሉን እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ወታደራዊን ፖለቲካዊን ሚዛን ብዝግባእ ምግምጋም ዘይተኸኣለሉ፤ ናይ ደርጊ ስትራተጂካዊ መጥቃዓይ ዓቕሚ እናተሸርሸረ ዝመፀሉ፣ እቲ ኩነታት ካብ ናይ ደባይ ውግእ ናብ መደበኛ ኩናት እናተቐየረ እናሃለወ ንእኡ ዝኸውን ኣተሓሳስባ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዘይነበረሉ እዩ። እዚ ደውታ እዙይ ብዝተወሰነ ኣመራርሓ ፅንዓት ጀሚሩ ብሰፋሕቲ ናይ ካድረ ምይይጣት ዝተፀንበለሉን ኣብ ናይ ማሌሊት ምስረታ ብሰፊሕ ክትዓት ዝጎልበተሉን፤ ድሕሪ ጉባኤ ማሌሊት እውን ሰፋሕቲ ክትዓት ዝቐፀለሉን ትግባርን ክልሰ ሓሳብን ኣዛሚዱ ናይ ዓወት ብርሃን ዘርኣየ መንገዲ ተፈቲሑ።

ፅንዓት መሰረት ዝገበረ ሰፊሕ ምድላው ዝተገበረ ምኻኑ፤ ንመጀመርታ ግዜ መራሕቲ ዘዝመሰሎም ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ሒዞም ክትዕ ተገይሩ። እቲ ዝበዝሕ ናብ ተመሳሳሊ ኣርዳድኣ ኣብ ወያነ ኢትዮጵያ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን ስራሕትን ዝነበረ ሕግራት ጎርጉሩ ዘውፅእ ኣብ

ወታደራዊ ስራሕትና ዝነበረ ሰንከልከል መሰረታዊ ሽግራቱ ኣነፂሩ ናይ ኣረኣእያን ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ለውጢታት ኣምፂኡ። እቲ ናይ እማን ምትኽኻእ ኣምፂኡ። ንቲ ሓዱሽ ኣተሓሳስባታት ዝተሓንገጡ ዝለዓለ መሪሕነት ጨቢጦም። ፅንዓትን ተነፃፃሪ ዴሞክራስያዊ ኣካይዳን ንቲ ደውታ ፈቲሑ ንህዝብታት ኢትዮጵያ ዝበለፀ ዝንቀሳቀሰሉ ኩነታት ብምፍጣር ናብ ዓወት ዘብፀሐ ኮይኑ።

## 92/93 ካብ ደውታ ናብ ዓሚቕ ደወታ

እዚ ደውታ እዙይ ብዋናነት ዝገለፅ ኣብ ናይ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ናይ ዕላማ ሓድነት ዘይምህላው ዝገለፅ ኮይኑ እቲ ኣብ ኢትዮ ኤርትራ ኩናት ዝነበረ ኣፈላላይ እውን ንቲ ናይ ዕላማ ዘይንፅሩነት ከይስተኻኸል ኩርኳሕ ዝኮኖ እዩ ነይሩ። ምኑፅ ሕገ መንግስቲ ሒዝካ ምስኡ ዝኸይድ ዴሞክራስያዊ ምዕቡል ኣተሓሳስባ ዘይምህላው ዝፈጠሮ እዩ። ኣብ መጀመርታ ኣብቲ ፖሊት ቢሮ ተሓፂሩ ደሓር ማእከላይ ኮሚቴ ዝተሳተፈሉ ፣ ንኣባላትን ህዝቢን ተሓቢኡ እቲ ኣፈላላይ ዝተፈጠረሉ፣ እቲ ርክባት ምስ ተበጠሰ ኣብ ኣባላትን ህዝብን ዓብዪ ምድንጋፅ ዝተፈጠረሉ፣ መትሓዚ መጨበጢ ተሳኢኑሉ ወታደራዊ ብዝኾነ መልክዕ እቲ ኩሉ ዴሞክራስያዊን ትካላዊን ኣሰራርሓታት ጥሕስሕስ ኣቢሉ ንቲ ደውታ እንተይፈትሐ ነዚ ናይ ሐዚ ደውታ ብዝለዓለ ክርአ ገይርዎ።

ናይ ህዝቢ፣ ሙሁር፣ ውድብ ዓቕሚ ኣባኺኑ ናብ መምለሲ ዘይብሉ ደውታ ኣምሪሑ። ኣብ ኩናት እዋን ስለ ዝነበረ ኣብ መጀመርያ ምሕባኡ ንምርዳእ ዘፀግም ኣይኮነን፡፡ ምይይጥ ምስተጀመረ ዝተፈላለየ መርገፂ ዘለዎም ሰፋሕቲ መግረፂ ፅሑፋት ኣቕሪቦም ምይይጥ ተጀሚሩ ነይሩ። ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ዘለዎ መድረካት ተኸፊቱ። ኣብ ሞንጎ ብዘጋጠመ ናይ ኣሰራርሓ ምውጣጥ ግን እቲ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ን ኣባልን ህዝብን ተገሊፁ ብጉባኤ ይኹን ብኻሊእ መልክዕ መዕለቢ ከይተገበሮ እቲ ደውታ ብዝሓመቀ መልክዑ ክቕፅል ተገይሩ። እቲ ጉዳይ ብዴሞክራስያዊ መንገዲ ከፍታሕ ዝተገበረ ፃዕርታት ለውጢ ከምፅእ ኣይከኣለን።

እቲ ቀንዲ ሽግር ናይ ዴሞክራስያዊ ሃዋህው እዩ ነይሩ። እቲ ዝሰዓረ ኣንጃ ዴሞክራሲ ከም ጭርሖ እንተጋውሐ እካ ኩሉ ኣካይድኡ ፀረ ዴሞክራስያዊ ኮይኑ (ገና ከጭርሒ ተሎ ጀሚሩ) ሕገ መንግስትን ናይ ህወሓት ህንፃን ብዝጥሕስ መንገዲ ናይ ዴሞክራስያዊ ሃዋህው ብዝገደደ መንገዲ ቐቲልዎ። ብ1997 ዓም ኩነታት ኣጋዲድዎ ዝተጠናኸረ ዘይዴሞክራስያዊ ውድብ እናኾነ መፂኡ። ንብዙሕ ሰብ ተስፋ ዝሀበን ንዴሚክራስያዊ ስርዓት መሰረት ዝኮኑ ማሕበረ-ኢኮኖምያዊ ለውጥታት እንተመፁ እውን ምስኡ ጎኒ ንጎኒ ዝኸይድ ናይ ሰብ ሓይልኻ ምትእኽኻብ፣ ሕገ መንግስታዊ ትካላት ብህይወት ክንቀሳቀሳ ምግባር፣ ልዕልነት ሕጊ ክርጋገፅ ምግባር ስለ ዘይተከተሎ እቲ ደውታ ብዘደንግፅ መንገዲ ቀፂሉ።

ሐዚ እውን ኣብ ሳልሳይ ደውታ እኒሀ ህወሓት። ይድሕን ዶ ኣይድሕንን መካትዒ ኮይኑ ኣሎ። ብወገነይ ህወሓት ናይ ምድሓን ዕድሉ 10% ዋላ እንተኾነ እቲ መንእሰይ ብሙሉእ ዓቕሚ ከፍውሳ ከረባርብ ኣለዎ እብል፡፡ እቲ ሕብረተሰባዊ ሃፍቲ (SOCIAL CAPITAL) እናሞሸሞሸ እንተኾነ እውን ሕዚ እውን ዓብዪ ሃፍቲ እዩ፡፡ ብሚኢቲ ኣሽሓት ኣባላት ዝሓዘ ውድብ ህወሓት ስለዝኮነ፡፡

ንምድሓን ንንቀሳቐስ ዝብሉ ላዕለዎት ኣመራርሓ ከምዘለዉ ኹሉ፤ "ፅቡቕ ኢና ዘለና ቀደሙ እውን ዝነበሩ ሽግራት ክንድዚ ዝገንኑ ኣይኮኑን፣ ኣብ ውሽጥና ዘለዉ ስልጣን ዝደልዩን ምስ ፀላእቲ ተሓባቢሮም ንዓና ክወቕዑ ሰማይ ሰቒሎም እምበር ድሕሪኡ እውን በቲ 'ዓሚቕ ተሃድሶ' ኣስተኻኺልናዮ ኢና" ኢሎም ካብ ውድባት ኢህወዴግ ኣብ ገምጋም ቀዳማይ ወፂእና ኢሎም ከምመረጋገፂ እናቕረቡ ንባዕሎም ዘፅናዕንዑ፤ ዘዐሽዩ ኣለዉ፡፡ "ኣብ ፌስቡክ እንበሃሎ ግደፍዎ፣ ኣብመሬት ቡዝሕ ንስረሕ ኣለና" ዝብሉ ኣለው። ገዛኢ ፓርቲ እንትብስብስ እቲ ኩነታት ምርኣይ ይኣብዮ፤ ዝደልዮ ጥራይ ይሰምዕ፣ የነብብ፣ ይግምግም፡፡

እቲ ናይ ህወሓት ዕንይንይ ግን ኣብዚ ደው ኣይብልን፡፡እቶም ውድብ ነድሕና ዝብሉ ይኹኑ ፅቡቕ ኢና ዘለና ዝብሉ ንቕድሚት ዘሰጉም ዝተዋደደ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ብመልክዕ ሚኒፌስቶ የብሎምን፡ ፡ እንተሎ እውን ዝተበታተነን ኣብ ሓደ ኣጀንዳ ዘለዉ እኳ ሙሉእ ምርድዳእ ዘይብሉን እዩ፡፡ እዚ ኣብዘይኮነሉ እዋን እቲ ምጥልላፍ ዋና ናይ ፖለቲካዊ ቃልሲ መልክዕ ኮይኑ ምቕፃሉ ኣይተርፍን፡፡ ዝገደደን ሓደገኛን ክኸውን እዩ፡፡ ንኻልኦት ሓይልታት እውን ዝዕድም ክኸውን እዩ፡፡

እቶም ህወሓት ፅቡቕ እያ ዘላ ዝብሉ መራሕቲ (መርትዖ እንተሃሊይዎም) እቲ ዋና ነገር ኣብዝሓለፈ ስለዘይኮነ ትግራይና ንቕድሚት ብዝለዓለ ደረጃ ከትጓዓዝ ምስ ኩነታት ዝኸይድ ሚኒፌስቶ ኣዳልዮም ብሕብሕብኢተይ ዘይኮነስ ብዕልን ሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ናብ ኣባላት ውድብ፣ እንተተኻኢሉ ናብ ህዝቢ ዘርጊሖም ክቃለሱ ኣይረኣዩን፡፡

እቶም ውድብ ነድሕና ዝብሉ እንተኾነ እውን ንሶም ዝሓሰብዎ መደብ ይህልዎም እምበር ንኣባልን ህዝብን ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ዕላማ ዘሰልፍ ምስቲ ኩነታት ዝኸይድ ሚኒፌስቶ የብሎምን፡፡ ኣብ ቐረባ ዝርከብ ሃፍቲ ናይ ማረት ይኹን ናይ ፕሮፖጋንዳ ዓቕሚ ተጠቒምካ ንህዝቢ ምዝሕሓልን ነቶም ተፃረርቲ ዝብልዎም ናይ ምንሻው መንገዲ እዮም ሒዞም ዘለዉ፡፡

"ቐደሙ እውን ህወሓት ኣብ ገምጋም ብዙሕ ግዜ እተጥፍእ ውድብ እያ፡፡ ብተወሳኺ ህዝቢ ንምዝሕሓል ኣብ ዝገብርዎ ምንቅስቃሳት ነቶም መሰረታዊ ሕቶታት ክምልስዎ ግዜ እውን ዘለዎም ኣይመስለን" ኢሉ ኣብ ማሕበረዊ ሚድያ ሓደ ንጡፍ ዘቕመጦ ከካፍለኩም፡፡

በዓላት ንምድላውን ንምኽባርን ዝጠፍእ ግዜ ዘገርም እዩ፡፡ ሓዱሽ

ዓመት፤ መስቀል ኣብ ጮምዓን ዓዲግራትን ከኽብሩ፤ ሕዳር 11 የርክበሎም፤ ሕዳር ፅዮን ይበፅሕ፤ ኣዋርሕ ዝወስድ ዓብዪ በዓል ለካቲት 11 ይመፅእ፤ ናይ ኣድዋ ዓወት በዓል ይስዕብ፤ ሰነ 15 ናይ ስዉኣት መዓልቲ ብኡ ኣቢሉ ኣሸንዳ ይሰግሩ በለ እሞ፤ እሞ ሃይማኖት ስለዝኣምኑን ንህዝቢ ስለዘኽብሩን ከይመስለኩም ካብ ነብሲ ወከፍ ምንቅስቃስ ትርፊ ክረኽብሉ እምበር፡፡

ኣብ ናይ ለውጢ ሚኒፌስቶ መሰረት ዝገበረን ንፁር ዘፈላልዮም ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ኣብዘይብሉን ክቡር ኣይተ ኣባይ ወልዱ ወሪዶም ክቡር ዶክተር ደብረፅዮን ወይም ክቡር ኣይተ ኣለም ገ/ዋህድ እንተኮኑ ምንም ለውጢ ኣየምፅኡን፡፡ ወጮስያ ተገልበጥካዮ ወጮ እዩ ዝኸውን፡፡

ፖለቲካ ናይ ይኸተሉ ትብሎም ህዝቢ/ክፋል ህዝቢ ንዋታዊ ረብሓታትን ክብርታትን ብዘይ ምቁራፅ ንምዕቃብን ንምጉልባትን ዝግበር ምንቅስቃስ እዩ፡፡ ካልእ ፈይዳ የብሉን፡፡ እዚ ብሰላም፤ ዲሞክራሲ፤ ልምዓት ዝግለፅ ረብሓን ክብርታትን መሰረት ዝገበረ ምንቅስቓስ ንመላእ ህዝቢ ዘሳትፍ፣ ዘሰልፍ ክኸውን ይግባእ፡፡ ህዝቢ ብዝተማልአ ንምስላፍ ዴሞክራሲያዊነትን ናይ ኣመራርሓ ብቕዓትን ይሓትት፡፡ እቲ ናይ ለውጢ ሚኒፌስቶ ነዚኣን መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ፤ ትካላዊ ምምዕርራይ፤ ዳግመ-ፍተሻ ፖሊሲታትን ውድባዊ አሰራርሓታትን ምስ ዘበኑ ክኸዱ ምግባር ብዝብል ክትንተኑ እዮም፡፡

## 1. ናይ ኣተሓሳስባ መሰረታዊ ለውጢ

"ብዘይካ መስመር ህወሓት ኩሉ መንገዲ ጥፍኣት እዩ" ዝብል ኣተሓሳስባ ህወሓት ንኹሉ ሕ/ሰብ ኮላይ ዝተፈለየ ኣተሓሳስባ ዘለዎ በብእጃሙ፡ ሕብረተሰብ ንንዋታዊ ረብሓታትን ክብርታቱ ንምጉልባትን ንከይስለፍ ገይርዎ እዩ፡፡ ብፍላይ እቲ ሙሁር ነዚ ተመራሚሩ ነቲ ፕሮግራም ዘለዎ ጥንኩርን ድኹምን ጎንታት በብግዚኡ እናተመዓራረየ ከይኸድ ገይርዎ እዩ፡፡

**"ካብ ርሑቕ ክሪኦ ከለኹ ላዕለዎት መራሕቲ ህወሓት ኣብ ሰለስተ ኣንጃ ተጎጃጂሎም ናይ መን ይስዕር ናይ ኣንጭዋን ድሙን ምትሕልላውን ምጥልላፍን እዮም ዝርከቡ።"**

እቲ ፕሮግራም/መስመር ዝበሃል ዘመንጭዉ ውሑዳት ሰባት እዮም፡፡ እዞም ሰባት እዚኦም ንፁህን ብቑዕን ኣእምሮ እንተሃለዎም እውን ሰባት እዮም እሞ ምስ ኩሉ ጉድለታት እዩ ዝወፅእ፡፡ ኩነታት ክቀያየር እንከሎ ንሱ እውን እናማዕበለ ዝኸይድ እዩ፡፡

"ኩሉ ካልእ መንገዲ መንገዲ ጥፍኣት እዩ" ማለት ካልእ ኣተሓሳስባታት ከይተኣናገዱ ዘኽእል ፀረ-ዴሞክረሲን ሕገ-መንግስትናን እዩ። ናይ ጥፍኣት ኣረኣእያ ከመይ ኢልካ ተተኣናግድ፡፡

እዚ ድሑር ኣተሓሳስባ እዚ ካልእ ሐደገኛ ኣተሓሳስባ ይወልድ እዩ፡፡ እዚ መስመር ኣብ ዓለም ዘየለ ንህዝቢ ትግራይ ብዘይፈላላይ ሓደ ልቢ ኮይኑ ዝተሰለፈሉ እዩ፡፡ ስለዚ እዛ መስመር ብኣ ኣቢልካ እውን ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ሓደ እዩ፡፡ ህወሓት ተዘየለ ህዝቢ ትግራይ እውን የለን ናብ ዝብል ይወስድ፡፡ ህወሓት ነቲ ህዝቢ ትግራይ ዝገብሮ ፀረ-ደርጊ ቃልሲ ዘይነዓቕ ግደ እኳ እንተገበረ እቲ ዓወት ናይ ህዝቢ ትግራይ እዩ፡፡ ኣብ ጠቕላላ ታሪኽን መንነትን ህዝቢ ትግራይ ህወሓት ከም ነጥቢ እዩ ክወስድ ዘለዎ፡፡ እቶም ረብሓታትን ክብርታትን ናይ ህዝቢ ትግራይ ንምምላእ ብቐፃልነት ዝምዕብል ኣተሓሳስባ ይሓትት፡፡

እቲ ብዉሑዳት ዝመንጨወ መስመር ኣብ ሓደ እዋን ብህዝቢ ተቐባልነት ረኺቡ ነገራዊ/ማቴርያላዊ ሓይሊ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ከምኡ ኮይኑ ግን ካብኡ ዝተፈለየ ምናልባት'ውን ዝሓሸ ኣተሓሳስባ የለን ማለት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ውድብ እውን ናይቲ መስመር መመንጨውቲ ኢና ዝብሉን ኣብቲ መስመር ዝተሰለፉን ቀፃሊ ዝኾነ ጎንፂ (conflict) እዩ ዝህልው፡፡ "ኣበይ ትፈልጡ ንሕና እንዲና ኣምፂእናዮ" ብዝብል እቲ መስመር ዝበሃል ዘይምዕብል ግኡዝ ገይርካ ምውሳድ እቶም መራሕቲ እውን ደው ኢሎም ክቐርዩ ንባዕሎም ከየማዕብሉ ይገብሮም፡፡

ኣብዚ እዋን እቶም ላዕለዎት መራሕቲ ወያናይ ዴሞክራሲ ይፈልጥዎ ዶ? ይርድእዎ ዶ ወይስ ረሲዖምዎ? ኣብዚ እዋን እዚ ናይቲ ውድብ ስነ-ሓሳባዊ (Ideologue) መራሒ ዝበሃሉ ክቡር ኣይተ ኣባይ ፀሃየ እኳ ከምዚ ይብሉ "ንኢህወዴግ ዝትክእ ሊበራል ሃፍታም ፓርቲ እዩ" (ውራይና መበል 28፡2008)። በቲ ካልእ ወገን "ወያናይ ዴሞክራሲ ሊበራል ዴሞክራሲ ክበፅሖ ዝኽእል ናይ መጨረሻ ጫፍ እዩ" እዩ ዝብል ኣብ ዕላዊ ፅሑፍ። ብናይ ኣቶ ኣባይ ኣመለኻኽታ ወያናይ ዴሞክራሲ ትሕቲ ሊበራል ዴሞክራሲ ማለት እዩ፡፡ ሊበራሊዝም ልዕሊ ወያናይ ዴሞክራሲ እንተኮይኑ ድኣ ካብሕዚኣ ህወሓት ናይ ደንበ ሊበራሊዝም ዘይትፅንበር?

እቶም ገሊኦም ላዕለዎት መራሕቲ ናይ ሊበራሊዝም፤ ክራይ ኣካብነት፤ ኣንጃ ዝብሉ መዳርጉሓት (jargons) እንትከባለሉ ትሪኦም እሞ ባዶነቶም 'ውን ትዕዘብ፡፡ ህወሓት ደው ኢላ እያ ዘላ ናይ ቀዳሞት ድሕሪት ኮይና ኣላ፡፡ ናይ ኣይዶሎጂ ፖለቲካዊ ክስረት ዘጋጠማ ኣብ ቀደም እትነብር "ሕልፈተኛ ጭዋ" ኮይና ኣላ፡፡

እዚ ድሑር ኣተሓሳስባ "ዴሞክራሲያዊ ጥርናፈ" ዝበሃል ብተግባር ግን "ኣውቶክራቲክ ጥርናፈ" ተፀንቢሉ ምናልባት ትግራይና እታ ብጣዕሚ ዓፋኒ ክልል ኣብ ኢትዮጵያ ከይኮነት ኣይተረፈትን፡፡

"ዴሞክራሲያዊ ጥርናፈ" ከም መትከል ናይ ውዳበ ኣመራርሓ ብሌኒን እንትጋዋሕ ንስርዓት ሶሻሊዝም(socialism) ማለት ንስርዓት ምልኪ ሽቃላይ (dictatorship

OF THE PROLATERIAT) ዝተብሃለ ዝተወጠነ እዩ፡፡ ንሱ እውን እንተኾነ መሰል ምንሽርሻር ነፃ ሓሳባትን ሓበራዊ ወሳነ ብጥርናፈ ምፍፃምን FREEDOM OF EXPRESSION AND UNITY OF ACTION ዘጣመረ እዩ፡፡ ምስ ፀረ-ደርግ ዝነበረ ብወታሃደራዊ ዝተሰነየ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣሰማሚዕኻ ክኸይድ ክግበር ይከኣል ይነብር፡፡ ምስ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ብዝሃነት ውድባትን (MULTI PARTY SYSTEM) ግን ፈፂሙ ኣይኸይድን፡፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ፓርቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኹሎም ሕገ-መንግስታዊ ትካላት ስለዝድርዕሞም፡፡

ወታደራዊ ኣመራርሓ ብባህሪኡ ምእማንን (CONVICTION) ምግዳድን(COERCION) ብሓደ ገፅ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ዝፈስስ ትእዛዝ በቲ ካሊእ ገፅ ዝንቀሳቐስ እዩ። ኣብ ዕጥቂ ቃልሲ እቲ ሰራዊት ስሩዕ/ ፕሮፈሽናል ኣይነበረን። ንሓደ ፖለቲካዊ እምነት ዝወነ ንእኡ ጥራይ ዝቃለስ እዩ። በዚ ምኽንያት እቲ ናይ ምእማንን ምግዳድን ሚዛን ናብ ምእማን ኣዕርዩ ዝዓዘዘ እዩ። ኣብ ስሩዕ ናይ ሃገር ሰራዊት ግን ከም ኣብ ሕገ-መግስትና ዓንቀፅ 87/5 ዘቐመጦ "ተግባር ሰራዊት ምክልኻል ካብ ፖለቲካዊ ውድባት ወገናውነት ነፃ ብዝኾነ መንገዲ ይንቀሳቐስ"ይብል። ንሓደ ውድብ ምውጋን ፀረ ሕገ-መንግስቲ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ። በዚ መሰረት ፖለቲካዊ ውድባት ኣብ ዝገብርዎ ውዑይ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኣይሳተፍን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዕማሙ መሰረት ዝገበረ ምእማን ጥራይ እዩ ዝኸውን። ምስ ፖለቲካዊ ሰራዊት ክነፃፀር እንተሎ እቲ ናይ ንእማንን ምግዳድን ሚዛኑ ዝተፈለየ እዩ።

ህወሓት ኣብ ዕጥቂ ቃልሲ ምእማን መለለይኣ እዩ ነይሩ። ከም ሰራዊት ጅግና ዝኾነሉ ፍሉይ ምኽንያት ኣሚኑ ንዕላምኡ ብዕቱብ ይቃለስ ስለ ዝነበረ እዩ። ኣብ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ግን እቲ ምግዳድ ብመልክዕ ጥርናፈ ብተወሰነ ብርኪ ዝህልው እኳ እንተኾነ ዋና መግለፂኡ ምእማን እዩ። ዕላምኡ ብዝግባእ ዝፈልጥን ኣካይድኡ ዝቐበልን ብኡ ምኽንያት ኣሚኑ ጥራይ ዝንቀሳቐስ እዩ። ነፃነት ሓሳብካ ምግላፅ ብዝተማለአ መንገዲ ብምርግጋፅ እዩ ተግባራዊ ዝኸውን።

ኣብዚ እዋን እዙይ ኣብ ህወሓት ምእማን እናሃሰሰ ምግዳድ እናጎልበተ ዝኸይድ ዘሎ እዩ ዝመስለኒ። ኣብ ናይ ፓርላማ ፌዴራል/ክልል ኣባላት ኣወሳስና እቲ ፀረ ዴሞክራቲክ ዝኾነ ቁልጭ ኣቢሉ የርኢ. ጥራይ ዘይኮነስ ክሳብ ክንደየናይ ፀረ ሕገመንግስቲ ከም ዝኾነን ሰብ ናብ ኢዱ ዘውፅእ ማሽን (ROBOT) ከም ዝቐየረን ምርኣይ ይከኣል። ኣብ ሕገመንግስትና ዓንቀፅ 5 ዘሎ ናይ ፓርላማ ስልጣንን ተግባርን ርኣዩ እሞ፡ እቲ ኣውተክራቲክ ጥርናፈ ንትካላትና ከመይ ከም ዘምከነ ምርኣይ ይከኣል። ኣባላት ውድብ ዳርጋ ካብቲ ፈፃሚ ኣካል ዝመፅእ ትእዛዝ እዮም ዝቕበሉ። 100% ናይ ሓደ ውድብ ኣባላት ኣብ ዝኾንሉ ፓርላማ ዝቐረበሎም ሕግታትን ሽመትን ሰፊሕ ምይይጥ ተኻይዱ እቲ ኣብዝሓ ዝኣመነሉ እዩ ሕጊ ክኸውን ዝነበሮ። እዚ ግን ተራእዩ ኣይፈልጥን። ሕልንኡ ዝሸጠ፣ ንዝመረፆ ህዝቢ ዝኸደዐ፣ ንሕገመንግስቲ ዝፃረር፣ ዝድቅስ ተወካሊ ተፈጢሩ ኣሎ።

ህወሓት እቲ ወታደራዊ ጥርናፈ እቲ ናይ ምእማን ጎኑ ኣህሲሱ/ኣጥፊኡ በቲ መገደዲ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ይመርሕ ኣሎ። ካብ ታሕቲ ዝመፅእ ዳርጋ የለን፣ ኩሉ ነገር ካብ ላዕሊ እዩ ዝወርድ። ሕወሓት ዝነበሮ ተወጋኣይ ሓይሉ ንመንግስቲ ኣረኪቡ ሲቢላት ዘለውዎ ወተሃደራዊ ስመስል ትካል ኮይኑ፡፡

ብዝኾነ ምስ ኩነታት ይኸይድ ድዩ እይኸይድን እንተይተብሃለ ሰቕ ኢልካ ይቐፅል ኣሎ፡፡ እቲ ሓሳብካ ብነፃ ናይ ምግላፅ ነፃነት ብመስፍናዊ ኣተሓሳስባ ተላዕጢጡ ጠቕሊሉ ጥርናፈ ጥራይ ኮይኑ ተሪፉ፡፡ መጠን ዝሓለፎ ጥርናፈ ንድኹማት ይመችወሎም፡፡ ኣብቲ ፓርቲ ሰብ ብሒጭ እንተይበለ ስለ ዝምርሐሎም ናይ ሙሉእ ጥርናፈ ፖለቲካ ደማይ ምጥልላፍ ብዝለዓለ ደረጃ መዳለዊ ይኸውን፡፡ ኣብ ሓሳባት ዝተኣኻኸበ ዘይኮነ ኣብ ጥቕመይ ጥቕምኻ፣ ኣብ ስልጣነይ ሓልወለይ ክሕልወልካ፣ ሕኽኸለይ ክሓከልካ ኣሰላልፋ እዩ ዝኸውን፡፡

ጥርናፈ ኣድላዪ እንተኾነን ጥርናፈ ዘይብሉ ውድብ እንተዘይህለወ እውን ሙሉእ ናይ ሓሳብ ነፃነት መሰል ዘየረጋግፅ እንተኮይኑ እቲ ሓደጋ እንሪኡ ዘለና እዩ፡፡ ገዛኢ ፓርቲ ኮይኑ ብሙሉእ ጥርናፈ ዝጓዓዝ እንተኮይኑ እቲ ፈፃሚ ኣካል ፍፁም ዓብላላይ ኮይኑ ነተን ካልኦት ሕገ-መንግስታዊ ትካላት ከም መውዒኢ ሕግን ተርጓሚ ሕጊ ዝመሰሉ የልምሶም፣ ልዕልነት ሕጊ ይጠፍእ ፍትሒ ይሰኣን፡፡ኣብዚ

ኩሉ ካልእ ናይ ጥፍኣት መንገዲ እዩ ዝብልን እቲ ኣውቶክራቲክ ጥርናፈን ብመሰረቱ ክቕየሩን ክስተኻኸሉን ዘኽእል ናይ ለውጢ ማኒፌስቶ የድሊ፡፡

## 2. ናይ ትካላት መንነት (INTEGRITY)ምሕላው

### 2.1 ምምሕዳርን ፓርቲን ዘለዎም ተነፃፃሪ ነፃነት ምሕላው

ኣብ ኢትዮጵያ መንግስቲን ውድብን ዘለዎ ተነፃፃሪ ነፃነት ኣብ ቦትኡ የለን፡፡ ሓደ ምኽንያት ንቅልውላው ይኸውን ኣሎ፡፡ ኣብ ትግራይ ግን ዝገደደ እዩ፡፡ ህወሓት ማለት ህዝቢ ትግራይ እዩ ዝብል ንህዝቢ ዘናሸው ኣተሓሳስባ ስለዘሎ ኣብ ትግራይ ብዝገርም መልክዑ ሓደ ኮይኖም ንፖለቲካ ትግራይ ሕምስምስ የብልዎ ኣለዉ፡፡

ኣብ ሞንጎ ምምሕዳርን ውድብን ዘሎ ምትሕውዋስ ንክልቲኦም እዩ ዘልምስ። ካብ ዕላማ እቲ ውድብ መሰረት ገይርካ ክርአ እንከሎ ህልውንኡ ኣብ ሓደጋ የእትዎ'ሎ። ናይ ሓደ ውድብ ጥንካሬ ዝልካዕ ብኣይዶሎጂን ፖለቲካዊ ብስለት፣ ብቅዓት፣ ዕሬቱን እዩ፡፡ ኣባላቱ በዚ ኣይዶሎጂኡን ፖለቲኩኡን ዘለዎም ዕጥቂ እዩ፡፡ እዚ ኣብ ህወሓት ዝረአ ዘሎ ኣይዶሎጂካዊን ፖለቲካዊን ክስረት እቲ ፓርቲ ካብ ናይ ባዕሉ ስራሕ ኣብ ዕለታዊ ናይ ምምሕዳር ስራሕቲ ኣተዩ ይሕምዙቕ እሞ እቲ ዋና ስርሑ ይሰርዕ፡፡ ኣብ ትግራይ 74 ካሬ መሬት ንመንበሪ እንተወሃብ "መንግስትናን ውድብናን" እዩ ዝበሃል፣ ውድብና ንምባል ታይ ኣድለየ? ሰብ ናብ ምምሕዳር ዝምደብ ናብ ህወሓት ብዘለዎ ቕርበት እዩ፡፡ ናይ

ትግራይን ኣምሓራን ክልላት ዶብ ንምጥራር እኳ ምምሕዳር ትግራይ ምስ ናይ ኣምሓራ ምኳኑ ተሪፍዎ "ህወሓት ምስ ብኣዴን" እዩ ተባሂሉ። ኣየ ጉድ መባእታዊ ልዕልና ሕጊ ዘይፍለጠሉ ክልል። ኣብ ትግራይ ናይ ውድብን መንግስትን በብደረጅኡ ናይ ሓባር ኣኼባ ይግበር እዩ። ኣጀንድኡ ከኣ ከም ኩሉ ነገር ዝተሓዋወሰን ግዜ፣ ጉልበት፣ ገንዘብ መጥፍኢ እዩ። ናይ ህወሓት ማእኸላይ ኮሚቴ ኣኼባን ናይ ክልል ካቢኔን ዝምልከት ኣብ ናይ ትግራይ ናይ ሰላም፣ ልምዓት፣ ዴሞክራሲ ጉዳይ እንታይ ግደ ኣለወም እንተይልካ ይድንፅወካ ካቢኔ ኣሎ ዶ ክሳብ እትብል!!

ብናተይ ርኢቶ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዋና ስርሑ ክኸውን ዝግብኦ ኣይዶሎጂን ፖለቲካን ምስ ኩነታት ክምዕብል፣ ክዓሙቕ ምግባርን ንኣባላቱ ምዕጣቕን እዩ። እቶም ኣባላቱ ብቑዓት እንተኾይኖም ኣብ ዝኸድዎ ናይ ፓርቲ ምድባታት መፈፀምቲ እዮም ዝኾኑ። እቲ ፓርቲ ናይ ባዕሉ ናይ ፅንዓትን ምርምርን ማእከል ሃሊይዎ ናይ ካልኦት ፅንዓት እውን እናተሓባበረ ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ኣይዶሎጂን ፖለቲካዊ ዕብየት ምርግጋፅን ናይ ኣባላት ፅርየት ምሕላው እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ወያናይ ዴሞክራሲ ኢና ንኸተል ይብሉ ኣብዚ እዋን እዚ፣ ዓይኑ መርፍኡ ዝጠፍአ እቶም ላዕለዎት ዝፈልጥዎን ዝሰማምዕሉን ኣይመስሉን፣ ኣበቲ ፖለቲካ እውን ከምኡ እዩ። ንኣብነት ናይ ትግራይ ዓብላልነት ኣሎ ኢሎም ፅንፈኛታት ኣንፊሖም ሓቂ ክሳብ ዝመስል ፀረ-ትግራዋይ ምንቅስቓስ ክግበር እንክሎ እሶም ዋና ስርሖም ዝመስል እከለ ኣበይ ንመድቦ እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ነቲ ሕገ-መንግስቲ ብምፅራር ነቲ ፌደራላዊ ስርዓት ንምፍራስ ካብ ኩሎም ዓይነት ፅንፈኛታት ሰፊሕ ምንቅስቓስ ኣሎ። እቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣብ ናይ ባዕሎም ውሽጣዊ ጉዳያት እዮም ድሙንሙን ዝብሉ ዘለዉ። ህወሓት ኣብዚ ሕገ-መንግስቲ ምፅዳቕ ዓብዪ ተራ ነይርዎ። ኣብዚ እዋን እዚ ናይ ህዝቢ ትግራይ ሰፊሕ ምንፅርፃርን ምሬትን ኣሎ። ህወሓት ፖለቲካሊ ብቕዕቲ ተተሃሉ ነዚ ብስፍሓት ኣፅኒዓ ኣጠቓላሊ መፍትሒ መቐመጠት። እንኳይ ንምፍታሕ ንምርዳእ ዘይትኽእል ኮይና ኣላ። ሕዚ ግን ማንም ቀላሕ ዝብላ የብላን። ካብ ቐዳሞት ዳሕራዊት ማለት እዚ እዩ።

ህወሓት ኣብ ምምሕዳር ዝተጣበቐት ቁርዲድ ኮይና ኣላ፣ ናይ መንግስትን ህዝብን ገንዘብ፣ ንብረት፣ ጊዜ ወዘተ ናታ ክሳብ ዝመስላ። እዚ ቁርዲድነት ብቕዓት ይሃልዎም ኣይሃልዎም፣ ዕላማ ውድብ ይፍለጡ ኣይፍለጡ፣ ነቶም ሓለፍቲ "ካባኹም ንላዕሊ" ዝብሉ ብምምዳብ ኣዮም ክቕፃፀሩ ዝፍትኑ ዘለው። ኣብ ኩለመዳይ ብቕዓት ስለዘይብሎም ከዓ ምምራሕ ማለት ምቁፅፃር ይኸውን። (CONTROL FREAK) ዝኾኑ ቁርዲዳት ኣብኩሉ ስራሕትታት ይምደቡ። ቁርዲድ ደም ምምጣጥ እምበይ ነቲ ዝተጣበቖ ዝጠቅም ነገር የብሉን። ናይ መንግስቲ ስልጣን ንውልቀ ጥቕሚ ምውዓል ተባሂሉ ድማ ይግምገመለይ።

ብዘይካ ፖለቲካዊ ሹመኛታት እቲ ካልእ ናይ መንግስቲ ምደባ ብሞያን ንሞይኡ ብዘለዎ ተጣባቒነትን ብቕዓትን ጥራይ ይምደብ። ህወሓት ገዛኢ ውድብ ኮይኑ ክሳብ ዝቕፀለ ናይ መንግስቲ መደባት ክግምግም ከሎ ኣጠቓላሊ ኣንፈታት ብዘቐምጥን ህዝብን መንግስትን ብዘዕግብን መንገዲ ይኹን።

ናይ ህወሓት ኣቦ/እኖ መንበር ወይ ምክትል ብዘይ ሕቶ ናይ ትግራይ ርእሰ ምምሕዳር ዝኮነሉ ኣሰራርሓ ይፈትሽ፡

**"ናይ ትግራይ ሚድያ ናይ ህወሓት ከምዝኾነ ገይሩ እዩ ንባዕሉ ዝሓስብ"**

፡ ክልተ ትካላት ብሓደ ርእሲ ምምራሕ ነቲ ፓርቲ ይኹን ነቲ ህዝቢ ዝጎድእ እዩ ዝመስለኒ። ፓርቲ ዕማሙ ክፍፅም ምምሕዳር ሕገ-መንግስታዊ ግቡእ ክዓይይ እንተኮይኖም ናይ ውድብ መራሒን ርእሰ ምምሕዳርን ክልተ ሰባት እንተኪይኖም ኣይጠቅሞን ዶ ዝብል እስኪ ይፅናዕ።

2.2 ሕገ-መንግስታዊ ትካላት ዕማሞም ክፍፅሙ ሓዱሽ ምምዕርራይ

እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ኣረኣእያታት ማለት "ኩሉ መንገዲ ጥፍኣት" ዝብልን ኣብ ጥርናፈ ዘሎ ኣካይዳን መንግስትን ፓርቲን ምትሕውዋስን ነዘን ሕገ-መንግስታዊ ትካላት ምልማስ ኮይኑ ኣሎ። መውፅኢ ሕጊ፣ ፍትሒ ኣካላት፣ ናይ ሲቪልን ሞያዊን ማሕበራት ነፃነተን ዘረጋግፃሉ ኩነታት ይፍጠር። ኣብ ዝሓለፉ ፅሑፋት ብተደጋጋሚ ዝፀሓፍኩሉ ስለዝኮነ ምውካስ ይከኣል እዩ።

## 2.3 ዝጦምበወ ቢሮክራሲ ኣፍሪስካ ከምብሓድሽ ምምዕርራይ

ምስ ናይ ህዝቢ ብኽያትን ገልታዕታዕን ክረኣ እንተሎ ዝጦምበወ ዝተጋነነ ዶ ይኸውን?

ድሕሪ 20 ግንቦት 1983 ዓም ትግራይ እቲ ዝሓሸ ብቕዓት ዘለዎ ቢሮክራሲ ንምህናፅ ካብ ካልእ ከባቢ ዝሓሸ ዕድል ነይሩዋ። ዝወየነ ህዝቢ፣ ወያናይ ካድረ፣ ሕድሪ ኣያታትና ክንቕፅለሉ ኢና ኢሉ ዘለና ሙሁር ዝወሓጀሉ ኩነታት ነይሩ። እዚ ኣጣሚርካ ንኻልኦት ክልላት ኣብነታዊ ዝኾነ ቢሮክራሲ ምተፈጠረ ግን ኣይተዓደልናን መርዓስ ይትረፍክንዋ............ ከም ዝበሃል ከምሃገሩ ተዝኸውን እውን ግርም እዩ። ናይ ኣዲስ ኣበባ ቢሮክራሲ ሕማቕ እዩ። ናይ ትግራይ ዝረኣዩ ግን ዝሓሸ እዩ ይብልዎ። ኣይ ህዝባውነት ኣይ ክእለት ሕማቕ ፖለቲካ ትግራይ ዘሕረሮ ቢሮክራሲ ኮይኑ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ላዕሊ ዝገለፅክዎም ይመስለኒ ግን ብናይ ባዕሉ ባህርይ እውን ብዙሕ ክፅናዕ ዝግብኦ ይህልዎ።

## 2.4 ነፃነት ኣካላት ፍትሒ (DE-

POLITIZATION)

ዝኾነ ፓርቲ ብምርጫ ይስዓር ብሕጊ ጥራሕ ዝንቀሳቐስ ዓቃቢ ሕጊ፣ ፖሊስ ወዘተ ከመይ ኢልና ንህነፅ ዝብል ብሰፊሑ ክስረሓሉ ዘለዎ እዩ። ሓይሊ ፖሊስ ብፍላይ ናይ ሓደ ውድብ ጨንፈር ከይኸውን ዝዓጠቐ ሲቪል ምኳኑ ገዲፉ ወተሃደራዊ (MILITARIZED POLICE) ከይኸውን ምምዕርራይ ክግበር ኣለዎ።

## 2.5 ዝፀወዮ ባዕሉ ዝሰምዕ፣ ዝፀሓፎ ንበይኑ ዘንብብ ሚድያ ናይ ህዝቢ ንግበሮ

እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሽግራት ካብ ኣብ ካልኦት መዳያት ንላዕሊ ኣብ ሚድያ ዝለዓለ ናይ ምልማስ ግደ ኣለዎም። ሚድያ ምሓዝ በቲ ሓደ ገፅ ነይ ህዝቢ ዕለማ መፈፀሚ ብካልእ ገፅ ንስልጣን፣ ንዝና ካብ ዝብል "ናይ መንግስቲ ስልጣን ንግልኻ ናይ ምጥቃም" ስለዝኾነ ኣብ ዓይኒ ብዙሕ ስለዘእትው እቲ ዝለዓለ ቁፅፅር ዝግበሮ እውን እዩ።

ናይ ትግራይ ናይ መንግስቲ ሚድያ ናይ ህወሓት ከምዝኾነ ገይሩ እዩ ንባዕሉ ዝሓስብ ዝመስል። ናይ ህዝቢ መሰረታዊ ረብሓታትን ክብርታትን ንኽምዕብል ዝሰርሕ ናይ ህዝብን መንግስትን ድልድል ከምዝኾነ ዝቕበል ኣይመስለን። ብሕግን ብሕግን ጥራሕ ከም ዝግዛእ ዝረስዐ እዩ ዝመስል። ከም ዝመሰሎ ዝሕምብጥ ትካል ኮይኑ ኣሎ።

ህዝቢ ትግራይ ብስእነት ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን እንትትዋበስ "ከም መንግስቲ ውድብ ትግራይ" የለን ዝኣንፈቱ መሀከዪ ምንቅስቃስ ይገብር። ህወሓት ብናይ ህዝቢ ፀቕጢ ሽግር ኣለና እንተበለ እውን ነቲ ህዝብን ካልኦት ፖለቲካዊ ሓይልታት ዘለዎም ዝተፈላለየ ኣረኣያታት ክንዲ ዝዕድም ባዕሉ እቲ ሽግር ክንዲ ክንቲት ከምዝኮነ ብምቅራብ ይሸፋፍኖ። መራሕቲ ሕንጥሸይ እንትብሉ ብማይክሮፎን ዘጋውሕ ትካል እዩ።

ታሪኽ ዝሰርቐ፣ ኣብ ስዉኣት እንተይተረፈ ሌላን ጉሌላን ዝገብር፣ 60 ሽሕ ስዉኣት ገዲፉ ናይ 10-15 "ፍሉያት" መድረኽ ኮይኑ ኣሎ። ናይ ዕጥቂ ቃልሲ ናይ ህዝቢ ወሳኒ ተራ የናእስ። ናይ ህዝቢ ትግራይ ፀዋረነት፣መሃዛይነትን ጅግንነት ኣዐሪዩ ሃፍታም ታሪኽ ክንዲ ዘጋወሕ እቲ ቃልሲ ናይ ውልቀሰባት መራሕቲ ይገብሮ። ናይ ህዝቢ ትግራይ ቃልሲ ናይ ደደቢት፡ክሳድ ግመልን ናይ ሃገረ ስላም ነቑጣታት ታሪኽ ይገብሮ። እቶም ውልቀሰባት እውን ሕዚ ኣብ ስልጣን ብዘለዉ ተጋደልቲ ነበር ብዘለዎ ርክብ የቕርብ የርሕቕ።

ናይ ትግራይ ቴሌቪዥን ስትራቴጂክ መጥቃዕቲ ኣቀራርባ ዝምለከት ዝነበረና ወግዒ ከካፍለኩም።

ኣነ:- ስማዕ እባ ኣብቲ ስትራቴጂክ መጥቃዕቲ ህወሓት/ኢህወዴግ ወታደራዊ ኮሚቴ ዶ ኣይነበራን እዩ? ኢለ ሓቲተዮ። ንሱ:- ነይርዋ እባ እንታይ ማለትካ እዩ?

ኣነ:- እቲ ኮሚቴ ኣቦወንበር ዶ ነይርዎ?

ንሱ:- እወ ስየ ነይሩ።

ኣነ:- እንታይ ደኣ ናይቲ ስትራቴጂካዊ መጥቃዕቲ ኣመራርሓ እንተርእይ ኣቶ ስየ ከምዘይነበረ ትገብርዎ?

ንሱ:- ንሱማ መድረኽ እዩ .......

ኣነ:- (ንምእማኑ ኣሸጊሩኒ) ሕዚ ዝኾነ ፖለቲካዊ ቅዋም ክሕዝ ሕገ-መንግስትና ዝፈጠረሉ መሰል እኮ እዩ። ካብቶም ዝነበሩና ዉሑዳት ስትራቴጂስት እሞ ናይቲ ወተሃደራዊ ኮሚቴ ኣቦወንበር ምግዳፍ ሓሶት ብምግዳፍ (OMISSION) ዶ ኣይኮነን ኢለ።

ናይ ትግራይ ማስ ሚድያ ህዝቢ ትግራይ ረብሓታቱን ክብርታቱን ዝሕልወሉ ምርምራዊ ሓሳባት ኣናቕረበሉ ኩሉ ዓይነት መሰላቱ ዘረጋግፀሉ ዘይኮነ ናይ ውሑዳት "ፍሉያት" ሰበ-ስልጣን መሳርሒ ስለዝኾነ ካብ መሰረቱ ክቕየር ኣለዎ። መሰረታዊ ሕቶታት ዝሸርሸረሉ መፍትሒታቶም ዝሕበረሉን ሓቀኛ ዜና ክሓልፍን ንህወሓት፣ንዓረናን ካልኦትን ብመዓረ ዝርኢ መተሓዳደሪ ደንቢ ክመሓየሽ ኣብ ህዝቢ ዝኣመኑን ናቶም ረብሓን ክብርን ምስ ናይ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣሳሰሩ ፖለቲከኛታትን ስብ ሞያን ከመርሕዎ ክግበር ኣለዎ።

## 3. ዳግመ ፍተሻ ፖሊሲታትን ኣተገባብርኡን

ገሊኡ ፖሊሲታት ከምዘለዎ ክኸይድ ዝኽእል እኳ እንተኾነ ኣብ ኣተገባብርኡ ግን ብዙሕ ዓንቀፍቀፍ የጋጥሞ ኣሎ። ገሊኡ ብመሰረቱ ክፍተሽ ይግብኦ። ናይ ኣተገባብርኡ ስትራቴጂን ስልትን ምስ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሽግራት ኣተኣሳሲርካ ምፅናዕ የድሊ እዩ።

ናይ ትምህርቲ ፅርየት ፋሉይ ጠመተ የድልዮ እዩ። ትውልድታት ዝሃንፅ ወይ ዝቕትል ስለ ዝኮነ። ቡዙሓት መራሕትን ሙሁራትን ትምህርቲ ናይ ቅድሚት ድልድል እዩ ይብሉ። ፅባሕ ናይቶም ሎሚ ብዝግባእ ዝተዳለው እዩ። እንደሕር ዘይኮነ ዉሑጅ ምስጋር ኣብዩዎም ኣብ ጫፍ ዕንይንይ ይብሉ የግደዱ። ን KOFI ANAN ክጠቅስ ፋቐዱለይ "KNOWLEDGE IS POWER. INFORMATION IS LIBERATING. EDUCATION IS THE PREMISE OF PROGRESS, IN EVERY SOCIETY, IN EVERY FAMILY."

ሕርሻ ዝመርሖ ኢንዱስትሪያላይዜሽን፣ ናይ ቱሪዝም ወ.ዘ.ተ ፖሊሲታት ብዙሕ ሕቶታት ዝለዓሎም እዮም። መላእ ህዝቢ ዝሳተፈሉ ብሙሁራን ዝምራሕ ፍተሻ የድሊ። ኣብዚ ክንጥንቀቐ ዘለና ከምዚ ህወሓት ዝመልመሎም "THINK THANK" መስሓቂ ከይኸውን እዩ። ኣባል ውድብ ወይ ናብኡ ዝቐረበ ክበሃል

የብሉን፡፡ መማረፂ ሓሳባት ኩሎም ንኹሎም ሙሁራን ዘሳትፉ ናይቲ ህዝቢ ዳግመ መልስ (FEED BACK) ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ኩሎም መማረፂ ፖሊሲታት ይቕረቡ እቲ ዝበለፀ ይመዘዝ፡፡

## 4. ናይ ኣንጭዋን ድሙን ፀወታ ዘወግድ ውሽጠ ምምዕርራይ ይገበር

ካብ ርሑቕ ክሪኦ ከለኹ ላዕለዎት መራሕቲ ህወሓት ኣብ ክልተ/ ሰለስተ ኣንጃ ተነጃጂሎም ናይ መን ይስዕር ናይ ኣንጭዋን ድሙን ምትሕልላውን ምጥልላፍን እዮም ዝርከቡ፡፡

ኣነ ክሳብ ዝፈልጦ ዝኾነ ጉጅለ፡ ዘነፀረን ብግልፂ ዝወፀኣን ፖለቲካዊ ኣጀንዳ የብሉን፡፡ "ፅቡቕ ኢና ዘለና፣ ኣይ ህወሓት ነሮርያ" እዩ ዝመስል፤ ምናልባት እውን ኣብ ፖለቲካዊ ዕላማ ዘይተመስረተ ተራ ናይ ስልጣን ባእሲ እውን ክኸውን ይኽእል፡፡ ህወሓት 1993 ተሃድሶ የድልያ ነይሩ፡፡ ግን ብሽም "ተሃድሶ" በርዒኑ። 2010 እውን ተሃድሶ የድልያ እዩ፤ ኣብ ዓብዪ ሕማም (I.C.U) ኮይና ስለዘላ ዓሚቕ ተሃድሶ የድልያ እዩ፡፡ ግን "ጥልቅ ተሃድሶ" ኢሎም ከምዘይትምለስ ገይሮም ከይቕብርዋ ስግኣት ኣሎ፡፡

ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ፖሊሲ፣ ኣርኣእያን ኣወዳድባን ለውጥታት ከም ዘለዎ ኮይኑ እቲ ውዱባዊ ህንፃ እውን ምስኡ ከመዓራረ ኣለዎ፡፡ "ዴሞክራስያዊ ጥርናፈ" ብመሰረቱ ክስተኻኸል፣ መራሕቲ ብብቅዓት ብሓዱሽ ኣረኣእያ ዝምርፅሉ፣ እቲ ድሕሪ 1997 ምእንተ ስልጣን ኢሉ ናብ ውድብ ዝኣተወ ዝራገፈሉ፣ መንእሰይ ሙሁራት ብሰፍሓት ኣባላት ዝኾኑሉን ዕድመ ኣባልነት እንተይቆፀርካ ናብ መሪሕነት ዝመፅሉ ኣሰራርሓ ምንዳይ ይግባእ፡፡

ኣብ እዚ እዋን እዚ ኮይነካ ብገምጋም ሽግር ኣለሊካ መሰረታዊ ፍታሕ ምምፃእ ዝከኣል ኣይመስለንን፡፡ ገምጋም መበገሲ ሐሳብ ክውጥን ይክእል የከውን ወይም ንዝተፀንዐ መሰረታዊ ሓሳብ የብልሕ ይከውን፡፡ ብ 2007 ዝነበረ ጉባኤ እቶም ናይ ሕወሓት መሰረታዊ ሽግራት ዘመላከተ እዩ ዝመስለኒ፡፡ ነዚ መሰረት ገይርካ ነቲ ሽግር በዕምቖት ኣፅኒካ ብዋናነት ግን ኣብቲ መፍተሒ ንኩሎም ዝምልከቶም ኣዋፊርካ ሰፊሕ ፅንዓት ብምክያድ ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ምተሰጋገርና ነይርና፡፡ እንታይ እሞ የኩን ገምጋም ዝበሃል ካንሰር ዐጊቱ፡ ብ2008-2009 ብ"ዓሚቕ ተሃድሶ" ብገምጋም ተጋዲትና ወርቃዊ ግዜ ሓንሸሽናዮ፡፡ ሕዚ ደማይ ብናይ ማእከላይ ኮሚቴ ገምጋም ግዓትዓት ንብል ኣለና፡፡

ብናተይ ኣረኣእያ ነገር ከቕንዕ እንተኮይኑ እቲ ማ/ኮ ኣብ ናይ ቕድሚት መፍተሒ የትኩር፡፡ እቶም መሰረታዊ ፖሊቲካዊ ኣጀዳታት ንህዝቢ ግለጹ ይኹኑ ኣብቶም ኣጀንዳታት ዘለው ሓሳባት ንህዝቢ በብእዋኑ ይገለጽ ብማስሚደያ ኣቢሉ ህዝቢ ብፍላይ እቲ ሙሁር ኣካል ናይቲ መፈትሒ የኩን፡፡ ድሕሪ ኣኬባ ተሰፋ ዘስኣን መግለጺ ከብ ምሃብ ምስታፍ የሓይሽ ከብ ምባለ እዩ፡፡

ብናተይ ሪኢቶ ካብ ዕላማ ኣንፃር ክርእ እንከሎ ህወሓት ትፈርስ እያ ዘላ፡፡ እቲ ቅርፂ(FORM) እምበይ እቲ ትሕዝቶ(CONTENT) ኦሮዩ የንቀልቁል እዩ ዘሎ፡፡እቲ ውድባዊ ህንፃ እቲ ቅርፂ እንተይፈረሰ ነቲ ትሕዝቶ ንምጉልባት ዓብዪ ተራ ኣለዎ፡፡ በዚ መሰረት እውን ይመዓረረ ካብ 1-3 ዘለዉ ከም መበገሲ ተወሰዱ፡፡

ብፍላይ ምስ ሕዚ ዘሎ ኩነታት ክርእ ዝግብእ ጉዳይ ኣሎ፡፡ ህዝቢ ትግራይ "ውፃእ-መዓት" እዩ፡፡ ንህወሓት እውን ከምኡ ገይሩ እዩ ቀሪፅዎ፡ ፡ ብውሑድ ሰብ ሓይሊን ንዋትን ነቲ ገዚፍ ሓይሊ ክስዕር እየ ኢላ ምብጋሳን ምዕዋትን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዘጋጥማ ዝነበረ ውሽጣውን ግዳማውን ፈተናታት ፈንጺሓ ጠሓሒሳ ናብ ዐወት ዝተሰጋገረት እያ፡፡

እዚ ልምዲ (TRADITION) ኣብዚ እዋን እዚ ብዓፀበ ቀለለ ብዘይ ምድንጋፅን ደንበርበር ምባል(PANIC) ብዝግባእ ክንዕቅቦ ዘለና ወርቃዊ ልምዲ እዩ፡፡ ደገፍቲ ጋንታ መቐለ (ምዓም ኣንበሳ) ተቓውሞ ኣስሚያም እንተበሃል ምድንጋፅን ናይ ዓቕሊ ፅበት ስጉምቲ ምውሳድን፤ ተምሃሮ ረቢሾም እንተበሃል ወ.ዘ.ተ ዘሎ ዙርቐፍቕነት ክስተኻኸል ኣለዎ፡፡ ምስቲ እናወዓዬ ዝኸይድ ዘሎ ፖለቲካ ሃገርናን ትግራይ ቅድሚ ሕዚ ዘይተርኣዩ ናይ ተቃውሞ ኣንፈታት ክንርኢ ግድን እዩ ዝኸውን፡፡ ከምቲ 2008 ዝነበረ ዓመፅ ዝተሓወሶ ምንቅስቃስ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ሰለማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ እውን ብዙሓት ሓደሽቲ ነገራት ክርእ እዩ፡፡ እዚ ሓደሽቲ ምንቅስቓስ ስትራቴጂካሊ ንዘይርኢ ሕዚ እውን ዓዲ ክትፈርስ እያ ካብ ዝብል ናይ ዓበርበር ስጉምቲ ብምውሳድ ዘላቒ ሓደጋ ዝፈጥር ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ህወሓት እንተ ዓርያ ካብቲ SOCIAL CAPITAL ዝኾነ ናይ ፅንዓትን ድምብርፅ ዘይብል ልምዲ ብቀሊሉ ንምሽጋር ይከኣል፡፡

## ፩ . ወያነ ኢትዮጵያ

ክሳብ ሐዚ ዝነበሩ ሓሳባት ህወሓት ንባዕላ ኣመዓራርያ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ምምራሕ ተራ ከመይ ትፃወት እዩ። ህወሓት ንምዕራይ እዚ ኣብ ወያነ ኢትዮጵያ ዘለዎ ኣርኣእያ እውን ክስተኻኸል ኣለዎ። መሰል ህዝብታት ማእኸል ዝገበረ ሰላማዊ ወያነ ንሃገርና ዘድሕናን እቲ ጀሚራቶ ዘላ ማሕበረ-ኢኮኖምያዊ ልምዓት ዝላ እትመዝግበሉ ኮነታት እዩ ክፈጥር። ኩሎም ህዝብታት ዝገብርዎ ናይ መሰልና ይረጋገፅ ሕቶታት ንሃገርና ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ዘሰጋግር እዩ። ብፍላይ ህዝቢ ኦሮሞ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ ፍሉይ ትኹረት ዘድልዮ እዩ።

እቲ 2008 ዓም ዝተወለዐ ሐዚ እውን ዝቕፅል ዘሎ ምንቅስቓስ ፅንፈኛታት ናብ ዓመፅ ክጨውይዎ እንተፈተኑ እውን ብመሰረቱ ዴሞክራስያዊን ሰላማውን እዩ። ኣንፃር ዓፋኒ ስርዓት ኢህወዴግ ዘቕነዐ እዩ። ፅንፈኛታት ናብ ተጋሩ ዘቕነዐ ሓድጋታት ንምፈጣር ክንቃሳቀሱ እነተለው ህወሓት ትተዓረ ኣይትተዓረ ከም ተጋሩ ምስቶም ዉፁዓት ህዝብታት ኩሎም ደው ድው ብምባል ኢና ድሕንነትና ከነረጋግጽ እንኽእል። ምስ ህዝቢ ኣመሓራ ኮይንና ብትምክሕቲ ዝዓወሩ ፅንፈኛታት ምስ ህዝቢ ኦሮሞ ኮይንና ብስልጣን ዝዓወሩ ፅንፈኛታት ወ.ዘ.ተ ክንስዕሮም እንኽእል፡፡ኣብ ሃገርና ፅንፈኛታት ዓቕሚ ዝረኽቡ ከንዲ ንህዝቢታት መሰሎም ኣብ ምርግጋፅ ተሰሊፍና ኣብ ምእማን እንነጥፍ ንፅንፈኛታት ብቲ ነሃቶም መንገዲ ኣንቒ መንቒ እናተበሃልና ንምምካት ምፍታን ንተ

ኩነታት ምብልሻው እዩ። ብቐዳምነት ግን ምስ እዞም ህዝብታት ከባእሱና ዝደለዩ ተጋሩ ፅንፈኛታት ከንቃለስ የግበአና፡፡ ኣብዚ ቀረባ እናተፈጠረ ዝመፀ ጎንፂ (ኣብ ሞንጎ ኦሮምያን ሶማሊ ክልልን) ተጋሩ ምስ ሶማል ኮይኖም ዝብል ግምታዊ ኣረዳድኣ (ፐርሰፕሽን) ኣብ ገለ ኦሮሞ ይስማዕ እዩ። ከም ህዝቢ ንሕና ንሶማል ወጊና ንኦሮሞ ንምጉዳእ ከም ዘይንንቀሳቐስ ምስራሕ ከድልየና እዩ።

ኣብ ህንፀት እዛ ሃገር ተጋሩ ልዑል ግደ ኣለና። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ 30 ዓመታት ኣብ ንዛ ሃገር ዳግም ምትዕርራይ (re-engeenering) ናይ ህዝብታት መሰል ብዘረጋግፅ መንገዲ ምጅማሩ ዝግበአና ክብሪ ረኺብና ኢና። እቲ ስርዓት ናይ ህዝብታት መሰላት ምርግፅ ከጅምር እንተሎ ግን ኣብ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ተጋሩ ዝለዓለ ግደ ኣለዎም ካብ ዝብል ኣተሃሳስባ (perception) እተ ዝሃበና ክብሪ ይፈርስ ኣሎ። ብቐልስና ዝረኸብናዮን ታሪኽ ዝሃበና ቦታን ሓንሺሽና በሊዕናዮ። ንኽንምለስ እቲ ብሕታዊ መንገዲ ናይ ህዝብታት መሰል ሰንደቕ (banner) ተሸኪምቲ ክነኾን ኣብ ውሽጥና ዘሎ ፀረ- ዴሞክራሲያዊ ህወህው ኣወጊድና ሰብ ፅሩይ ራእይን ስትራተጂን እንትነከውን እዩ።

ህዝብታት ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክሳተፉ እንተለው ብዙሕ ነገራት ኣብ ሕቶ እዩ ዝኣትው። እቲ ሓዱሽ ጉፅዞ ሕቶ መርገጋፅ መሰል ንብዙሕ ነገራት ከም ብሓዱሽ ዝፍትሽ፤ እቲ ፌደራላዊ ስርዓት፣ ኣብ ባንዴራ፣ ኣብ ፓርቲን መንግስትን ዘሎ ውክልና ምልዓሉ ኣይተርፍን። ከም ሰጎን ኣብ ሓሸዋ ርእሳ ኣድኒና ሽግራት ንምሕላፍ ትፍትን ንሕና እውን እቲ ንኹሉ ነገር ናይ ምፍታሽ ናይ ወያነ ባህሪ ከምዘየለ ገይርና ኣፅቂጥናን ኩሉ ነገር ሰላም ከም ዝኮነ ገይርና ዕሸሽ ምባል ዋጋ የኽፍል እዩ፤ ናይ ሓደጋ ምልክት እዩ።

ክልተ ነገራት ከልዕል፡- ሓደ ናይ ኢህወደግ ውክልና፣ ካልኣይ ናይ ሓይሊ ምክልኻልን ደሕንነትን ኣመራርሓ ዝምልከት እዩ። ኢህወደግ ክቕፅል እንድዩ? እንተኾይኑ ኸ ከመይ ኢሉ? ዝብል ምሕታት ኣይተርፍን። ብፍላይ ንህወሓት ክልተ ናይ ግጥም ከባቢ (confrontational area) ካብ ሕዚኡ ፈዘዝ እንተይበለ ኣፅኒዑ ክወስድ ይግባእ። ናይ ግንባር ውክልና ብበዝሒ ህዝቢ ዶ ይኹን ዝብልን ኣብ ኣመራርሓ ምክልኻልን ድሕንነትን ክልዓል ዝኽእልን። ኣብ ከምዚዩ ዝበለ ውዑይ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ግዜ ወሳኒ እዩ እሞ ቀልጢፍካ ምርኣይ ጠቓሚ ይመስለኒ።

ከም መጠቓለሊ፤ ኣብ ሃገርናን/ትግራይን ነቲ ኩነታት ዝምጥን ዝተማልአ ፖለቲካዊ ሚኒፌስቶ ኣማዓቢለካ ነዚ ሚኒፌስቶ ብዝተማልአ ዝርድኦን ዝኣምነሉን ኣካል እዩ ንሕወሓት ከመርሓ ዘለዎ፡፡ ብናተይ ኣረኣእያ መብዛሕትኦም ኣባላት ፈፃሚን ማእከላይ ኮሚቴን ተዘልግሱ እሞ ብሓደሽቲ ብቑዓት ሙሁራት ተዝትክኡ ህወሓት ነብሲ ምዘርኣት፡፡ ውድብ ከይትፈርስ ዝብል ናይ 1993 መጭበርበሪ ጭርሖ ግዚኡ ዝሓለፎ እዩ!!፡፡

## ፫. ዓረና እውን ይዓርይ

ብመጀመርያ ዓረና ትግራይ ኣብ ብጣዕሚ ዓፋኒ ኩነታት ዳርጋ "police state" ኣብ ዝኾነ ናይ ትግራይ ፖለቲካ ክሳብ ሕዚ ኩሉ በደላት ተፃዊሩ ሕዚ እውን ኣለኹ ምባሉ ኣድናቖትይ ክገልፅ ይደሊ፡፡ እቲ ናይ ህዝቢ ነፃነት ንምርግጋፅ ዝተጠረየ ተሞክሮ ካብ ላዕሊ ጀሚሩ ክሳብ ውደባ "ሓደ ንሓሙሽተ" ንምዕፋን ኣብ ዝጥቀመሉ እዋን እቲ ኩነታት ዓፋና ትግራይ ክሳብ ክንደየናይ ዘየንቀሳቕስ ከምዝኾነ ንምርዳእ ኣየፀግምን፡፡ ሓደ ሓደ ግዜ መንግስቲ ትግራይ የመና ጨቋኒ (the most repressive state) ደኾን ይኾን ይብል እየ፡፡ ናይ ዓረና ትግራይ ፐንካረን ድኽመት ኣብዚ ዓውዲ (context) ኣእቲኻ እዩ ክርአ ዘለዎ፡፡ ኣብ ቀረባ እዋን ብመናእሰይ ሙሁራን ዝተገበረ ምትኽኻእ እውን ኣብነታዊ እዩ፤ ውፅኢቱ ገና እንሪኦ እነተኮንና እውን፡፡

ትዕዝብተይ ብጣዕሚ ውሱን እዩ፡፡ ስለዚ ምስ ኩነታት ዝኸይድ ፖለቲካዊ ማኒፍስቶ ንክህልዎም (ክህልዎም እውን ይኽእል) ሓደ ሓደ ንውሽጦም ዝሪኢሉ እሞ ዝጥንክሩሉ ኩነታት እንተሃለወ እየ ሕቶታት ከቕርብ፡፡

ሀ- ዓረና ንፁር ራእይ፣ ፖለቲካዊ ዓላማ፣ ስትራቴጂን ስልትን ኣለዎ ዶ?

ለ- ኩሉ ኣባል ብፍላይ እቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ብተመሳሳሊ ደረጃ ይፈልጦምን ይዋደቐሎም ዶ?

ሐ- ህዝቢ ትግራይ በቲ ዘለዎ ፖለቲካዊ ስርዓት መሪርዎ መሪሕነት ኣብ ዝደለየሉ እዋን ዓረና ንምንታይ እዩ ብተዓፃፃፊነት ዘይተጠናኸረ?

መ- ተኣማኒ ተቓዋሚ (responsible opposition) ንምኳን ዝገብሮ ፃዕሪ ክሳብ ክንደይ እዩ? ምስ ህወሓት ኣብ ዘራኽብዎ ናይ ሓባር ዕላማ ብሓባር ናይ ምስራሕ ብህወሓት መሪሕነት ክልል ትግራይ ዝገብሮ ኣወንታዊ ምንቅስቃስ ምምጓስ (appreciate ምግባር) ወ.ዘ.ተ፡፡

ሰ- ናይ ተቓዋሚ ውድብ ድኽመታት ምቅላዕ ብዋናነት ዕላማኻ ንምስራዕ ምእንታን እዩ፡፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንሪኦም ተቓወምቲ (እቶም ናይ እማን ማለተይ እዩ) ንኢህወዴግ ምቅላዕ ዋና ስርሖም ይገብሩ፡፡ ቀንዲ ስርሖም ዕላምኦም ምስራዕ ሙኻኑ ይርስዑ፡፡ ስለዚ ብደገ ዘለና ዕላማ ግዲ የብሎምን ክንብል ይገብረና፡፡ ኣብ ፅሑፍ ዝተቐመጠ ፕሮግራም ንበይኑ ግኡዝ እዩ፡፡ ምስ ህልው ኩነታት ክኸይድ ዝገብር ምንቅስቃስ እንተልዩ እዩ ሂወት ዝህልዎ፡፡ ዓረና ትግራይ ከ?

ረ- ስልጣን ክንዓትር ንክእል ኢና ዝብል ሳይኮሎጂ፡፡

ኣብዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንሪኦም ተቓወምቲ(ሕዚ እውን እቶም ናይ እማን) ኾይንካ ንዘልኣለም ለጥ ኢሎም ዝነብሩ ገይሮም ዝወስዱ ይመስሉ:: ናይ 97 ኩነታት ይመፅእ ከምዘሎ ኣይዕዘቡን:: መንግስቲ እንተኾይና እዛ ዓዲ ከመይ ክንመርሓ፤እንታይ ዓይነት ጥምረት COALITION ይህልወና:: እቲ ተኣናፋይ (SENSITIVE) ዝኾነ ናይ ፀጥታ ኩነታት ክንመርሕ ብቅዓት ኣለና ዶ ኣይብሉን: : ዋላ እንተተመረፁ ብሕገ-መንግስቲ መሰረት ጥራይ ዝሰርሕ ሓይሊታት ምክልኻልን ድሕንነትን እነተልዩ ስልጣን ክሕዙ ከም ዝኽእሉ ብምእማን ነቲ ናይ ፅጥታ ሓይሊ ሞንነኛ(NEUTRAL) ክገብሩ ፖለቲካዊ ቃልሲ እነትገበሩ ኣይራኣዩን :: ነቲ ናይ ፌደራሊ መከላከያ ናይ ወያነ መከላከያ ናይ ወያነ ጀነራል እናበሉ ከርሕቑ ይፍትኑ:: ንገሊኦም ናይ ፅላሎት ካቢኔ (SHADOW CABINET) ኣለኩም ዶ እንተበልኩዎም ምንም ዝሓሰብሉ ኣይነበሩን::

ዓረና ኣብ ሓፂር እዋን ሙሉእ ስልጣን ንመቁንጣጥ እንተዘይከኣለ እኳ ኣብ ፓርላማ ትግራይ ትርጉም ዘለዎ ቦታ ክህልዎ ይኽእል እዩ፤ ነዚ ክዳለዉሉ ይግባእ::

ሠ- ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ሓሓሊፉ ከምዝከታተሎ ገለ ኣባላቱ ኣብ ብጣዕሚ ደቀቕቲ ጉዳያት፤ ኣብ ብሸሸቕ፣ ኣብ ሰብ ምትእኽኻብ ዘይኮነ ንሰብ ምንሻውን ምብታንን ዝተዋፈሩ ይመስሉ:: ብናተይ ኣረኣእያ ዋና ዕላማ ክኸውን ዘለዎ እቲ መንእሰይ ኣብ ፖለቲካ ክሳተፍን ኣብ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ሕቶታት ከትኩርን ይግባእ: : እስኪ ፈትሽዎ?

III. ሳልሳይ ወያነ? ወያናይ ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቃስ ትግራይ? ዓረና ሶሻል ዴሞክራሲያዊ ትግራይ?

ፖለቲካ ትግራይ ዋና መግለፂኡ ኣብቲ መንእሰይ (ብፍላይ ኣብቲ ሙሁር) ኣብ ህወሓት ዝነበሮ እምነት እናተሸርሸረ ብዝኸደ ቁፅሪ ተሰፋ ናይ ምቑራፅን ዝሕዞ ዝጭብጦ ናይ ምስኣን ኩነታት ይኸውን ኣሎ:: እዚ ተርእዮ ጊዝዊ እዩ ከመዓራረ እዩ::

ዕላምኡ ብንመን ከምዝምራሕ ዘይፈለጥክዎ ሳልሳይ ወያነ ዝብል ይሰምዕ ነይረ፤ ጅምር ሕድግ ደኣ ይኹን ይመስል እምበይ:: ንዓይ ካብቲ ህወሓት ዘጨማልቐ ተሃድሶ ሳልሳይ ወያነ ይሰሕበኒ: : ሳልሳይ ወያነ ንቐዳማይ ወያነን ካልኣይ ወያነን ክብርታቱ ገይሩ ወሲዱ፣ ሽግራቱ ኣሪሙ፣ ንቕድሚት ዝስጉም ናይ መበል 21 ፖለቲካ ዝዓሰሎ ዕሽል ግን ዝትኮስ ክኸውን የድልዮ:: ብናተይ ኣረኣእያ ንቐዳማይን ካልኣይን ወያነ ዘናሸው ሳልሳይ ወያነ ክኸውን ኣይክእልን:: ካልኣይ ወያነ ዘምፅኦ ዓወት እንተይ ጨበጥካ ድክመታቱ ኣብ ዓውዲ ፖለቲካ ሃገርና ሪኡ ዘይኸይድ ምንቅስቃስ መሰረት ዝህልዎ ኣይመስለንን::

እቶም ካልኦት ዴሞክራሲ ማእኸል ዝገበሩ እውን ሓልሓሊፉ ይሰምዑ እዮም:: ብናተይ ኣረኣእያ ኩነታት ሃገርና ብፍላይ ናይ ትግራይ ኩነታት ብዘይ ዴሞክራሲ ንቕድሚት ሓደ ክልተ ስድሪ ንምኻድ ዝኽእል ኣይመስለንን:: ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራሲን ዘይነፃፀሉ ናይ ሓደ ገስጋሳይ ስርዓት መግለፂ ስለዝኾኑ ብዘይ ዴሞክራሲ ሰለም፤ በዘይ ሰላም ልምዓት ኣይህልውን:: ልምዓት ድማ ንዴሞክራሲን ሰላምን መሰረቱ እዩ:: እቲ ኣብ መንእሰይና ዘሎ ዕንይንይ ኣብ መጀመርያ ባህርያዊ እዩ ግን ይፀርይ እዩ ዘሎ:: እቲ ንምውድዳብ ዝግበር ዘሎ ፈተነ ተስፋ ዝህብ እዩ::

መንእሰይ ትግራይ ሕዚ እውን እዛ ዓዲ ናትካ እያ እሞ ኣብ ህወሓት መሰረታዊ ናይ ትውልዲ ምትኽኻእ ብምግባር ይኹን ንዓረና ትግራይ ብምተንኻር ወይ 'ውን ናይ በዓልኻ ውዳብ ፈጢርኻ ፖለቲካ ትግራይ ካብ ምዝሕሓል ኣውፂእኻ ኣወዓዕዮ:: ምእንቲ እዚ ክሕግዝ ካብ ተሞክሮይን ካብ ዘንበብክዎን ፅሒፈ ኣለኹ እሞ ዘለዎ ዝሃበ ንፉግ ኣይበሃልን እሞ እስቲ ረኣዮ::

ኣብ ህወሓት ምግዳለይ ዝኾርዕ፣ ብህዝቢ ትግራይ እውን ዝሕበን እየ:: ነገር ግን ክሳብ ሕገ-መንግስትና ዝፀድቕን ዝሰናበትን ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ስለዝነበርኩ ሕዚ ተመሊሰ ክሪኦ እንተለኹ ክንገብሮ ዝነበረና ዓብዪ ዝንደለ ነገር ኣሎ:: ካብ ኩሉ ንላዕሊ እዚ ወርቂ ዝኾነ ሕገ-መንግስቲ መሰረት ገይርና እቲ መሪሕነት ከመይ ገይርና እናተገራረሰ ነቲ መንእሰይ ነረክቦ ዝብል ስትራቴጂ ዘይምውፃእና እዩ:: ኩናት ምስዓርን ሃገር ምህናፅን ነንበይኑ እዩ: : ብፍላይ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ናይ ባዕሉ መሰጋገሪ ትውልዲ የድልዮ እዩ:: እቲ ዝግባእ ምስግጋር ተኻዪዱ ተዝነብር ምናልባት ናብዚ ናይ ሎሚ ዕንይንይ ብክለተ እግርና ኣይምኣተናን::

# ተጋሩ ንሕበር

ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ክንሓብር ዘድልየሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ተጋሩ ከም ዝኾነ ካሊእ ህዝቢ ናይ ሓባር ረብሓታትን ክብሪታትን ኣለውና። ንዞም መሰላትና ክነረጋግፅ ቅልፅምና ክንተሓባብር ይግባእ። እቲ ሕብረት ግን ናይ "ሓደ ልቢ" ዝብል ዝተፋለሰ ኣርኣእያ ክኸውን ኣይብሉን። ኣብ ትግራይ እውን ሓድነት ምስ ብዙሃነት(UNITY IN DIVERSITY) እዩ ክኸውን ዘለዎ። ብምኽንያት መደባዊን ሞያዊ ኣፈላለያት (ብዓል ሓፈቲ፣ ሽቃላይ፣ ሐረስታይ ሙሁር) ብብሔር (ትግሪኛ ተዛራባይ፣ ኢሮፕ፣ ኩናማ) ሃይማኖት ጾታን ይኹን ካሊእ ዝተፈላለዩ ኣሰላልፋታት ክህልው ግድን እዩ። ንዚኦም ኣፈላላያት ዝፀውር ሓድነት እዩ ድልዱልን ጥንኩርን ሓድነት ዝኸውን። ፅንፈኛታት ንቲ ሓድነት ተጋሩ: ኣንፃር ኣምሓራ፣ ኦሮሞ ወይ ካሊእ ገይሮም ክገልፅዎ ምህቃኖም ኣይተርፍን፤ ግን ብፅንዓት ክንቃለሶምን ሓድነትና ረብሓና ንምርግጋፅ እምበር ኣንፃር ማንም ከም ዘይኮነ ኣሚና ኣእሚናን ክንቀሳቐስ ይግባእ:: ካልኦት ህዝብታት ኣብ ውሽጦም ክሓብሩ እንተለው ሕብረትና ሙካኑ ተቀቢልና ጠንካራ ሃገር ነክተህሉ እጃምና ክነወፊ የግባኣና።

# "ብሓደ ዓይነት ሳእኒ ኪድ ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ እዩ ፀገም ፈጢሩ ዘሎ"

## ዶ/ር ጉዕሽ ብርሃነ



ኩቡራት መንበብቲ ምስ ዶ/ር ጉዕሽ ብርሃነ ዝገበርናዮ ሰፊሕ ቃለ መጠይቕ ቀዳማይ ክፋሉ ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ኣቕሪብና ምንባርና ዝዝከር እዩ:: ሎሚ ድማ ካልኣይ ክፋሉ ብዛዕባ ልምዓትን ዕብየትን ዝብሉ ኣምራት ርክቦምን ፍልልዮምን፣ ልምዓት ዶ ዴሞክራሲ ይቕድም ወይስ ብሓደ ኣብ ዝብል ክትዕ፣ ኣብ ፋይናንሳዊ ስርዓት አዛ ሃገር፣ ኣብ ማይክሮ ፋይናንስን ሰፍትኔትን ወዘተ ዝሃቡ መፅናዕትን ምርምርን መሰረት ዝገበረ ሰፊሕ መብርሂ ክነቕርበልኩም ኢና ሰናይ ንባብ!!

**ውራይና፦ ልምዓት እንታይ እዩ? ምስ ዕቤት ዘለዎም ርክብን ፍልልይን ከ እንታይ ይመስል ብዝብል ዶ ክንጅምር?**

**ዶ/ር ጉዕሽ ብርሃነ፦** ልምዓት ማለት ብሓፈሻ በኹለመዳይ ምልማዕ ማለት እዩ። ዕብየት ማለት ቁጠባዊ ጥራሕ ክኸውን ይክእል እዩ ልምዓት ግን ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ዕብየት ዝብሃልን ልምዓት ዝበሃልን ዝተፈላለዩ እዮም። እዚ ዘልዕሎ ዘለኹ ብኣተሓሳስባ ደረጃ ንፁርነት ሒዝና ክንኣትዎ ካብ ዝብል እዩ። ስለዚ ቁጠባዊ ዕብየት ምምፃእ ማለት ናይ ግድን ልምዓት ማለት ኣይኮነን። ዲቨሎፕመንት ካልእ እዩ ግረውዝ ድማ ካልእ እዩ። እዚ እቲ ሓደ እዩ። ቁጠባዊ ዕብየት ብጂፒ ድዩ ካልእ ዝዕቀን ብክንድዚ ሚኢታዊ ዓቢና እናተብሃለ ዝንገር ናይ ሓደ ሴክተር ማለት እውን ሴክተር ቁጠባ ለውጢ ማለት እዩ። ዓሚ ኣበይ ነይርና ሎሚ ኸ ኣበይ ኣለና ኢልካ በቶም ጥረ ናይ ኢኮኖሚ ሓቅታት እትዕቅኖ እዩ ቁጠባዊ ዕብየት ማለት። ንሱ ኣብ ዘይብሉ ልምዓት ክመፅእ ኣይክእልን። ንሱ ኣሎ ማለት ድማ ናይ ግድን ልምዓት ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ናይ ምክፍፋል ጉዳይ ኣሎ። ካብቲ ዕብየት መን ይጥቀም ዝብል ማለተይ እየ። እዚ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ እዩ። ብጅኦግራፊ፣ ዲሞግራፊ፣ ፆታ፣ ዕድመ ወዘተ ዝውሰን እዩ። ብካልእ ድማ እቲ ጥረ ናይ ቁጠባ ዕብየት ኣብ ናይ ሰብ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከምፅእ ክኽእል ኣለዎ ጎኒ ንጎኒ። ሓደሓደ ጊዜ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ክመፅእ ኣሎ ዝብሃል ነገር ኣሎ። እዚ ስኽ ኢሉ ዝመፅእ ኣይኮነን። ለውጢ ኣተሓሳስባ ድዩ ንቐደም መፂኡ ዳሕራይ ልምዓት ዝመፅእስ ወይ ልምዓት ምስተረጋገፀ እዩ ለውጢ ኣታሓሳስባ ዝመፅእ? ወይ እውን ክልቲኡ ብሓደ እዩ ዝኸይድ ዝብል ዓብዪ ሕቶ እዩ። ንዓይ ቅደም ስዓቡ ኣይርኣየንን። ብሓደ ዝኸይድ ነገር እዩ። ከም ኣነ ልምዓት መፂኡ ዝብሃል ጎኒ ንጎኒ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ እውን እናማዕለ ክኸይድ እንተሎ እዩ። ማሕበራዊ ኩነታትካ፣ ኣተሓሳስባታትካ ኩሎም እቶም ፅቡቓት እናማዕበሉ ዝኸዱሉ እቶም ሕማቓት ድማ ባይታ እናሰኣኑ ዝኸዱሉ መስርሕ ይህሉ ማለት እዩ። ትካላት ድማ ይህልዉ። ናይ ልምዓት፣ ናይ ዲሞክራሲ፣ ኣተሓሳስባ እውን ባዕሉ ፅቡቕ እናኾነ ይመፅእ። እዚታት ንምንታይ ይጠቅም ይመስለካ፤ ሓደ ነገር ፅቡቕ ክትሰርሖ እንተለኻ ኣብቲ ካልእ ብዙሕ ኢንቨስት ከይገበርካ ባዕሉ ንባዕሉ ተለኻኺሙ ፅቡቕ እናፈጠረ ብኡ ብኡ ድማ እቲ ፅቡቕ ነገር እናተራበሐ እዩ ዝኸይድ። ንሱ እዩ እቲ ናይ ልምዓት ኣካይዳ።

ለሚዕና ዝብሃል ከ መዓዝ እዩ? ዝብል እውን ወሳኒ ሕቶ እዩ። ፋብሪካታት ስለዘለዉ ካልእ ካልእ ጥራይ ለሚዕና ኣይብሃልን። ለሚዕና ዝብሃል እቲ ቁጠባ ባዕሉ ንባዕሉ ክኢሉ፣ ሰባት እውን ኣተሓሳስበኦም ብኡ ተቐይሩ ሰባት ካብ ሓደታሕተዋይ ናይ

ኣተሓሳስባ ደረጃ ናብ ላዕለዋይ ናይ ኣተሓሳስባ ደረጃ እናሓሸ እንትኸይድ እዩ ዓቢና ዝብሃል። መልቲ ዳይመንሽናል ማለት እዩ ልምዓት ማለት። ስለዚ ዝተሓላለኸ እውን እዩ ልምዓት። ንፁር እዚ ዝብሃል ናይ ልምዓት ወሰነ ትርጉም እውን የለን። እዚኣ እያ እታ ናይ መጨረሻ ነጥቢ ብዛዕባ ልምዓት ኣይብሃልን። ብዙሓት ኣመለኻኽታታት ብዙሓት ፍልስፍናታት እዮም ዘለዉ። ካብዚኦም ግን ምሳና ዝኸዱ ነገራት ክንወስድ ግን ንክእል ኢና።

በዚ መሰረት እቲ ሓደ እንታይ እዩ፤ ንቡር ኩነታት ናይታ ዓዲ ማእኸል ገይርካ ምኻድ ኣድላዪ ስለዝኾነ ሓፈሻዊ ናይ ዓድና ኩነታት እንታይ ይመስል ዝብል ምርኣዩ ፅቡቕ እዩ። ብሓፈሩ ልምዓት ናይ ህዝቢ ጉዳይ ስለዝኾነ እቲ ዝበዝሕ ህዝቢ እንታይ ይገብር ዝብል እዩ እቲ ወሳኒ ሕቶ። ብምኺኑ ህዝብና ኣብ ሕርሻ ዝተመርኮሰ ህይወት ስለዝመርሕ፤ እዚ ብመሰረቱ ሰፊሕ ርእሰ ጉዳይ እዩ ባዕሉ ዝኸኣለ። ህዝብና ኣብ ሕርሻ ይነብር እምበር ሕርሻ ጥራይ ኣይኮነን ዘሰርሕ። ኣብኡ ዘሎ ዝርዝሩ ምፍላጥ የድሊ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ኣብ ሕርሻ ዝነጥፍ ማሕበረሰብ ኣብ ዝበዝሓሉ ዓዲ ካብኡ ካብ ሕርሻ እንተጀመረ እዩ ዝሓሸ ዝኸውን ዝብል ኣተሓሳስባ ኣሎ። እዚ እቲ ገዛኢ ዝነበረ ኣተሓሳስባ እዩ።

ካልእ ኣብ ስድሳታትን ሓምሳታትን ዝነበረ ኣተሓሳስባ ሕርሻ ድሑር ሴክተርእዩ፤ ብቐጥታ እዩ ናብ ኢንዳስትርያላይዜሽን ክእቶ ዘለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ እዩ። ኣብቲ እዋን ንሱ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዓዲ ተፈቲኑ እዩ። ናብ ኢንዳስትሪ ንእቶ ሕርሻ ንግደፎ ዓይነት እዩ ዝነበረ። እዚ ብሓፈሩ ስኽ ኢልና ብኢንዳስትሪ ንጀምር ዝብል እዩ። ብውሑድ በየናይ ንጀምር ኣብ ዝብል እቶም ክልተ ገዛእቲ ኣተሓሳስባታት እዚኦም እዮም። ኮይኑ ግና እዚኣቶም ጥራይ ኣይኮኑን። ኣብ ካልእ ሴክተር እውን ትኹረት ንግበር ዝብል ኣሎ። ካልእ እውን ንኩሎም ብሓባር ንርኣዮም ዝብል እውን ኣሎ። ሚዛናዊ ንኹን ዝብል ኣሎ። እቶም ገዛእቲ ግን እቶም ክልተ እዮም። እዚ ክትገብር እንተለኻ ሰፊሕ ዝርዝር ኣለዎ። በየናይ እታወት ትጅምር ዝብል ካልእ ሕቶ ኣሎ። ዝበዝሕ ምስ ሪሶርስ እዮም ዝተኣሳሰሩ። እንድሕር እኹል እታወት ወይ ሪሶርስ ሃልዩካ እዚ ሞጎታት እዚ ኣድላዪ ኣይኮነን። እንተዘይሃልዩኻ ግን እታ ዝርካባ ኣብ ምንታይ እንተውዓልካያ እያ እተዋፅኣካ ናብ ዝብል ትኣቱ ኣለኻ ማለት እዩ። እዚ ኹሉ ብዙሕ ተጻሒፉሉ ብዙሕ ሞጎታት ተካይዱሉ እዩ ኣብ ዲቨሎፕመንት ኢኮኖሚክስ። ሕዚ ህዝቢ ብዘለዎ እዩ እንተተጀመረ ዝሓይሽ ናብ ዝብል ምርድዳእ ዝተበፅሐ ይመስል። እዚ ሓቅነት ኣለዎ። ምኽንያቱ ዓዲ ፋብሪካ ብፋብሪካ ዋላ እንተገይርካያስ ገባራት ኣምፂኻ ናብኡ ክተእትዎም እንተደሊኻ ወለዶታት እዩ ዘድልየካ። እዚ ኣይክኣልን። ኣብ ልዕሊ እዚ ናይተን ፋብሪካታት እታወት ካበይ ኢኻ እተምፅእ ዝብል እውን ኣሎ፤ ሕርሻ ገዲፍካ እንድሕር ድኣ ኮይንካ እቲ ፋብሪካ እተንቀሳቕሶ ብመሰረቱ ካልእ ፍልፍል ክህልወካ ኣለዎ ማለት እዩ። እዚ ኸ ከመይ ኣቢልካ ኢኻ እተረኽቦ ወዘተ ዝብል ኣሎ፤ ብዝኾነ ዝርዝሩ ብዙሕ እዩ። እዚኦም ተደሚሮም ናበይ እዮም ዝመርሑኻ፤ ብሕርሻ ምጅማር መማረፂ ዘይብሉ እዩ ናብ ዝብል እዩ።

እዚ ኣካይዳ እዚ ንሕና እውን ኣብ 80ታትን መባእታ 90ታትን ከምዝገበርናዮ እዚ ሕርሻ ዝመርሖ ኢንዳስትርያላይዜሽን ወይ ኣድሊ ዝብሃል ከም ማለት እዩ ዝኸውን ዘሎ። ስለዚ ብሕርሻ ጀሚርካ፣ ምህርቲ ተሰስን፣ ሰባት ኣፍረይቲ ትገብሮም፣ መሬትን ሰብን ስለዝኾኑ ሃፍታትካ ኣብኦም ትሰርሕ እሞ ንኢንዳስትሪ ዝኸውን እታወት ወይ ኢንፑት ትረክብ ወዘተ ማለት እዩ። ፈለማ ግን ነዚ ኹሉ ንምግባር ሰብ ክህልወካ ኣለዎ እሞ ውሕስና ምግቢ ተራጋግፅ፣ በሊዑ ዝሓድር ዜጋ ክህልወካ ኣለዎ ኩሉ ነገር ንምግባር። ቀስ እናበልካ መሓውራዊ/ስትራክቸራል ለውጢ ናይ ምምፃእ ስራሕ ትጅምር ማለት እዩ። እዚ እቲ ገዛኢ ኣተሓሳስባ እዩ። ኢትዮጵያ እውን እዚ እያ ተኸቲላ። ቅድሚኡ እውን ነይሩ እዩ ግን ብ94 ዝወፀ ሕርሻ ዝመርሖ ኢንዳስትሪ ዝብል ፖሊሲ ብግልፂ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። ንሱ እውን እዩ ክትግበር ተጀሚሩ። እዚ ብሃገር ደረጃ እዩ።

ብሃገር ደረጃ ክርአ እንተሎ እዚ ቀሊል ዘይብሃል ለውጢ እዩ ኣምፂኡ። መረዳእታ መሰረት ገይርካ ምውጋዕ ፅቡቕ እንድዩ እቲ ስሩዕ መረዳእታ ጥራይ ዘይኮነስ ንሕና እውን ዝርኣይናዮ ኣብ ቀረባ እዋን ዝሕተም ካብ 2004 ብፈረንጂ ክሳብ 2014 ዝነበረ ቀጠባዊ ዕብየት ብፍላይ ሕርሻ እንታይ ይመስል ዝብል ፅሑፍ ኣሎ። ንሱ መሰረት ገይረ እንተተዛረብኩ ይሓይሽ። ምኽንያቱ እዛ ዓዲ ዓብያ እንተኮይና ኣብዘን 10 ዓመታት እዚኣን እያ ዓብያ።

ስለዚ ካብኡ ብምብጋስ እቶም መሰረታዊ ዝብሃሉ ነገራት ኣቐሚጡ እዩ እቲ ፖሊሲ። ፈለማ መሬት እኒሀ፣ ሓረስታይ እኒሀ፣ እቲ ሓረስታይ ክሓርስ ይደሊ፣ ካብኡ ክጥቀም ክሸጥ ይደሊ። ፈለማ እውን ነብሱ ክኽእል ኣለዎ። ናብ ዕዳጋ ድማ ክቐርብ ኣለዎ። እዩ ዝብል እቲ ኣካይዳ። ኣብዚ ዝንዳድሉ መሰረታዊ እታወታት ነይሮም እዮም። እዚኦም ንኣብነት ንጣፍ ክንደይ ጊዜ እንተፀሃኻዮ፣ ክንደይ ጊዜ እንተሓረስካዮ ይሓይሽ? ንስርናይ ከ? ንስገም ከ? ዝብሉ መሰረታዊ ዝኾኑ ገባር ዝፈልጦም ግን ድማ ቀለልቲ ዝመስሉ ብዙሓት እዮም። እዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት እዩ፤ ምኽንያቱ እነዋግዓሉ ዘለና ብሃገር ደረጃ ስለዝኾነ። ቴክኒካል ሓገዛት ተገይሮም። ኤክስቴንሽን ዝብሃል ዝሰርሖ ስራሕ ኣሎ፤ ፅቡቕ ስራሕ! ኣብ ውሽጢ ንሱ ልዕሊ 64 ሽሕ ዝኾኑ ናይ ልምዓት ሰራሕተኛታት ተዋፊሮም ኣብ ነብሲ ወከፍ ቀበሌ እንተነኣስ ሰለስተ ዲቨሎፕመንት ኤጀንትስ ዝብሃሉ ተገይሮም ፋሕተርተር ተጀሚሩ። ንሳቶም ዝገበርዎ ሓደ ዓብዪ ነገር እንተሃልዩ ገባራይ ከነቓቕሑ፣ ናብ ስራሕከኣቲ፣ ሓደሓደ እታወታት እውን ከም መዳባርያ ዝበሉ ሓገዛት ምግባር ተጀሚሩ። እዚ ዓብዪ ለውጢ ኣምፂኡ። እዚ ካብ ዜሮ ንብገስ ምስ ምንባርና ብፍላይ ኣብ ምስሳን ሕርሻ ለውጢ ክመፅእ ኣኽኢሉ እዩ። ስለዚ ብሓፈሻ ኣብ ሕርሻ ፅቡቕ ዝብሃል ለውጢ መፂኡ እዩ። እዚ ብድምር እዩ።

**እቲ ሓረስታይ ክሰርሕ፣ ባዕሉ ክኽእል፣ ካብኡ ቀጺሉ ድማ ንዕዳጋ ክቐርብ እሞ ዓቕሚ እናተፈጠረ ክይዱ ናብ ኢንዳስትሪታት ክሰጋገር እዩ እቲ ፖሊሲ ዝሕንፀፀ። ነዚ ድማ መንግስቲ ይድግፍ። ንኣብነት እቶም ክኢላታት ዝበልካዮም ኣለዉ። ካብኡ ድማ እታወታት እውን ክጥለብ ይገብር። ሕዚ ኣብ እታወታት ብፍላይ ኣብቲ**

**መዳበርያ ብዙሕ ኣንፀርፅሮት እዩ ዘሎ:: ኣብዚ ጉዳይ እዚ እንታይ ትብል?**

ፅቡቕ ሕቶ እዩ። ሕርሻ ዝመርሖ ኢንዳስትርያላይዜሽን ክነምፅእ ኢና ዝብል ፖሊሲ ክሕንፀፅ እንተሎ'ን ካብቲ ፖሊሲ እናሸረፍካ መተግበሪ ነጥብታት ክውሰድ እንተሎ ሱቕ ኢሉ ኣይኮነን። እቲ ፖሊሲ ኣንፈት እዩ እምበር ዝርዝር ኣይነግረካን። ስለዚ ኣብቲ ፖሊሲ ምንም ዘጠራጥር ኣይብሉን፤ ምስቲ ዓለምለኻዊ ኣተሓሳስባ ዝዛመድ እዩ። ምስቲ ክኸውን ዝግብኦ ዝዛመድ እዩ። ኣብ ዝርዝሩ ግን ከምኡ ዶ ክኸይድ ነይርዎ ዝብል ምልዓሉ ፅቡቕ እዩ።

ብርግፅ ሃገራት ሓደ ዓብዪ ፀገም ዘጋጥመን ኣብ ፖሊሲ ሕርሻ ሓደ መተግበሪ መንገዲ ሓሲብካ ኩለን ብኣ መገዲ ይፍፀማ እየን ኢልካ ምሕሳብ፤ ብሓንቲ መንገድስ ቦረናን ቆላ ተንቤንን ክቐየራ እየን ኢልካ ምሕሳብ እዩ እቲ ዓብዪ ሽግር። ዋላ ኣብ ትግራይ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተፈላለየ ዓይነት ተፈጥሮ፣ ሓመድ፣ ኣዝርእቲ፣ ንብረት ኣየር ወዘተ እዩ ዘለዎ። ነዚ ኩሉ ሓንቲ መፍትሒት ሒዝካ ምእታው እዩ ፀገም ዝኸውን ዘሎ። ዳሕራይ ብዝርዝር ከመፆ እኽእል እየ። ንሱ ዘምፅኦ ሓዞ ስደዶ እዩ ፀገም ዝከውን ዘሎ።

ንኣብነት መደባርያ ንውሰድ። ዩርያን ዳፕን ዝብሃላ ክልተ መደባርያታት እየን ነይረናና ክሳብ ቀረባ እዋን። ኣብ ውሽጠን ዘለዋ ትሕዝቶታት ኣብ ሓደ ከባቢ ክኃድላ ይክእላ እየን። ኣብ ካልእ ከባቢታት ድማ እተን ኣብዚ ከባቢ ዘለዋ ይህልዋ እሞ ካልእ ግን ኃዲሉ ክኸውን ይክእል እዩ። ስለዚ እቲ መዳበርያ ነቲ ዝኃደለ ዝምልእ እንተዘይኮይኑ ኣየድልን ማለት እዩ። ስለዚ ገባር ኣይደልን ክብል ከሎ ሓደ ሓደ ጊዜ ተፈጥሮ ሓመዱ ስለዝፈልጥ እዩ። ፈቲኑ ስለዝርእዮ እዩ። ካብ ተመኩሮ ስለዝርእዮ እዩ። ሕዚ እቲ ንኹሉ እንህቦ ዘለና መዳበርያ ሓደ ዓይነት እዩ። ግን ኣብ ሓደ ቦታ ካልእ ቦረን ዝብሃል መዳበርያ የድልዮ ይኸውን። ከምኡ ኮይኑ እናሃለወ ኢና ኤምፒኬ ዝብሃል እንህቦ ዘለና። ስለዚ ከም ኣተሓሳስባ ONE SIZE FITS ALL ዝብሃል ብሓደ ዓይነት ሳእኒ ኪድ ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ እዩ ጌጋ ፈጢሩ ዘሎ ማለት እዩ።

**እቶም ሕዚ ኣብ ዕዳጋ ልምዓት ዘምፅኡ ዝብሃሉ ኣተሓሳስባታትን መንገድታትን ፅቡቕ ገሊፅካዮ ኣለኻ፤ ልምዓት ካበይ ይጅመር 'ውን ኣውጊዕና ኣለና፡ ግርም፤ ኣብዚ ምስ ናይ መንግስቲ ኢድ ኣእታውነት ዝለዓል ነገር እኒሀ:: ናይ መንግስቲ ኢድ ወሳኒ ድዩ? መን ከ እዩ ዘምፅኦ ልምዓት? መንግስቲ ድዩስ ውልቀ ሴክተር? ዝብል በኸመይ ኢኻ ትገልፆ?**

ልምዓት ብኸመይ ይመፅእ ኣብ ዝብል እንተተረዳዲእና ሕዚ ፓብሊክ ሴክተር ዝመርሖ ልምዓት ዶ ወይስ ፕራይቬት ሴክተር ዝመርሖ ልምዓት ዝብል ክርክር ኢና ክነልዕ ማለት እዩ። ኣብዚ ዓዲ እውን ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ተጋኒኑ ስነ ሓሳባዊ ሃልኪ ክሳብ ዝመስል ናብ ዘየድሊ ደረጃ ደይቡ ንገለገለ ሰባት እውን ዘስክር ዓይነት እዩ ዝመስል። ንዓይ ክንድኡ ዝተጋነነ ኣይኮነን። ንዓይ ሕዚ እውን ሓንቲ መንገዲ እያ ዘላ ዝብሃል ነገር ኣይሰማምዓሉን። ወይ እቲኣ እያ ወይ እዚኣ እያ ተባሂሉ ዝተዓወተ የለን ኣብ ዓለም። ስለዚ ውልቀ ሴክተር ዝመርሖ 'ባ ኣይፋል መንግስቲ ዝመርሖ ዝብል ሞጎት ሃልኪ እዩ። ተመኩሮ ካልኦት ዓድታት እውን ዘርእየና ክንደይ ዝኣክል ሚኢታዊ ካበየናይ ወሲዶም ዝብል እዩ እምበር ሓዋዊሶም እዮም ገይሮምዎ። ናይ መንግስቲ ግደ ወሳኒ እዩ። ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ልምዓት! ኣብ ዓለም ዝተርኣየ ሓደ ዓብዪ ተመኩሮ እውን እቲ መንግስቲ ግደ ክህልዎ ግን ንናይ ውልቀ ሴክተር ክትክእ ብዘይክእል ኣካይዳ! ባይታ ዝፈጥር ዓይነት ኣካይዳ ክህሉ ኣለዎ ዝብል ኣተሓሰስባ ኣሎ። እዚ ክንብል እንተለና እቲ ምጥጥን ክንደየናይ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኣብ ሃገር ይኹን ኣብ ትግራይ ብወድዓውነት ነቶም ኣበኣ ዘለዉ ተዋሳእቲ ዝሕደግ ስራሕ እዩ። 30% መንግስቲ 70% ፕራይቬት ገለ ኢልካ እተቐምጦ ኣይኮነን። ዝወፅኣላ ሊበራል እትብሃል ኣሜሪካ እውን ኣብ መባእታዊ ምዕራፍ ለውጣ ግደ ፓብሊክ ሴክተር ዓብዪ እዩ ነይሩ። ዋላ ሕዚ!

ስለዚ ነቶም ናይ መንግስቲ ግደ ብዙሕ ክህሉ ኣይብሉን ዝብሉ ሰባት ዝብሎም የድሊ እዩ ግን ኣበይ እዩ ዘድሊ ዝብል ዝርዝር ናይ ስራሕን ኣተሓሳስባን ጉዳይ እዩ እቲ ወሳኒ። እቲ ዘተ ክኸውን ዘለዎ ኣብዚ እዩ። ነቶም ፕራይቬት ሴክተር ዝብሉ እውን ተመሳሳሊ ዝኾነ ኣካይዳ ክኽተሉ ኣለዎም ዝብል እምነት ኣለኒ። በይኑ ፕራይቬት ሴክተር ዋጋ ኣይብሉን። ምኽንያት ድማ ኣለዎ።

ንምንታይ እዩ ብፍላይ ኣብ መባእታዊ ብርኪ ምዕባለ ግደ ፓብሊክ ሴክተር ዘድሊ? ሓደሓደ ስርሓቲ ንውልቀ ትካላት ምችዋት እዮም። ከስቢ ኣለዎም፤ ነዚ ክብል ድማ ከሉ ይኣትዎም እዩ። ካልኦት ሴክተራት ግን ፕራይቬት ሴክተር ክኣትዎም ቀሊል ኣይኮነን። ሓደ ገዚፍ በጀት ዝሓቱ ክኾኑ ይክእሉ እዮም። ካልኣይ ድማ ሪስክ ክወስዱ ኣይኽእሉን። እዚ ብኣብነት ንምድጋፍ ፅርግያ ንውሰድ። መንግስቲ እንተዘይሰሪሕዎ መን ክሰርሖ ይክእል? ናይ መገዲ ትርፊ ኸ ብኸመይ ክዕቀን ይኽእል? እዚ መሰረተ ልምዓት ስለዝኾነ ብመሰረቱ ናይ መንግስቲ ግደ እዩ ዝኸውን። ካብኡ ሓሊፉ እውን ሓደሓደ ፕራይቬት ክገበሮም ዘይክእል ሴክተራትኣለዉ። ንኣብነት ሓይሊ ምፍልፋል ፕራይቬት ሴክተር ዝሓስቦ ኣይኮነን፤ ገዚፍ በጀት እዩ ዝሓትት። ስለዚ ኣብ ኩለን ሃገራት ዓለም ፓብሊክ ሴክተር እዩ እቲ ስራሕ ዝጅምሮ ኣብ ከይዲ ግን እቲ ጉዳይ ናብ ፕራይቬት ክኸይድ ይክእል እዩ። ስለዚ መዓዝ ዝብል እንተዘይኮይኑ ናይ መንግስቲ ኢድ ወሳኒ እዩ እየ ዝብል።

**ኣብዚ ካብ ዘለዉ ክትዓት እቲ ካልእ ልምዓትን ዲሞክራስን መን ቀዲሙ ይመፅእ ዝብል እዩ:: ክልቲኦም ብሓደ ይኸዱ ዝብሉ እውን ኣለዉ:: ተመዛዚኑ ክኸይድ ዶ ኣይምኸኣለን? ቁጠባኻ እንትዓቢ መሰልካ ትሓትት ዝብል ስነ ሞጎት ኣሎ:: ግን ድማ ገገሊኡ ብኣግባቡ እንተዘይተኸይዱ ብሓደ መዓልቲ እውን 100 ፋብሪካ ዝቃፀልእንተኾይኑ ብሓቂ ድዩ**

## እቲ ናይ ልምዓት ጉዕዞ ኣቐዲምካ ምኻድ ኣዋፃኣይ ክኸውን?

መን ይቕድም ዝብል ክትዕ ብጣዕሚ ገዚፍ ክትዕ እዩ። ኣጠቓሊልካ ምብጋስ እውን ንእሽተይ ሓደጋ ክህልዎ ይክእል እዩ። ናብ ዝርዝር ክንኣቱ እንተለና ግን ብመሰረቱ ንምንታይ እዩ እዚ ሕቶ እዚ ሕቶ ኮይኑ ዝብል ምልዓሉ ኣገዳሲ እዩ። እተን ሕዚ ዓብየን ዘለዋ ዓድታት እዚ ሕቶ እዚ ሕቶኣን ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣብ መብዛሕትኡ ጉዕዞ ብፍላይ ቅድም ኢንዳስትራያላዊ ወያነ ዝነበረ እዋን ዲሞክራሲ ዝብሃል ነገር ከም ዛዕባ ኣብዙይን ኣብቱይን ይነብር ይኸውን እዩ። ግን ከም ኣማራፂ እዚ ዶ ይሓይሽ እዚ ምቕዳም ዝብል ዛዕባ ግን ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን ንሱ ንዓኣቶም ዝሃቦም ረብሓ ኣሎ። ክሳብ ትማሊ ክሳብ ደቡብ ኮርያ ኢ ዲሞክራስያዊ ዝኾነ ኣካይዳ እዮም ዝኸዱ ነይሮም። ዓዲ ዝቐየረ እዩ ናይ ደቡብ ኮርያ መንግስቲ፤ ግን ብቕሉዕ ኢ-ዲሞክራስያዊ እዩ ነይሩ። ካልኦት እውን ከምኡ እየን። ህፃውንቲ ናብ ስራሕ ሕርሻ ኣእትዮም፣ ባርያ ተጠቒሞም ወዘተ እዮም ኣብዚ በፂሖም። ግፍዕታት እውን ወሲኾሙሉ እዮም ለሚያም። ንሕና ድሓር ስለዝመፃእና በቲ ዳሕራይ ንሳቶም ዘምፅእዎ መዐቀኒ ኢና ክንዕቅን ንፍትን ዘለና። ምስ ዓበዩ እቶም ቀደም ዝገብርዎም ዝነበሩ ይገድፍዎ እሞ ንሕና እቲ ጉዕዞ ሓደ ኢልና እንትንጅምር በቲ ናይ ሕዚ ደረጅኦም ኢና ንባዕልና እንርኢ። ዲሞክራሲ የድልየና እዩ ምባል ምስጀመሩ ዕብየት ዶ ይሕሽ ዲሞክራሲ ዝብል መካትዒ መፂኡ። እዚ ሕቶ እዚ ኣሸጋሪ ዝኾነሉ ምኽንያት እውን እዚ እዩ። ታሪካዊ ፈለግ ኣይብሉን። ክትማሀረሉ እትኽእል ኣይኮነን።

ብመሰረቱ ክትርእዮ እንተለኻ ዝዓበያ ሃገራት እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ኣቀዲመን ብምሓዘን ዘይኮናስ ኢኖቬሽን ከበረታትዕ ዝክእል ባይታ ዝነበረን ሃገራት እየን ቀዲመን ዓብየን። ካብ ሮማን ኢምፓየር ጀሚሩ ዝነበሩ ህዝብታት እቲ ዝዓበዩሉ መንገዲ ዝተወሰነ ናይ ዲሞክራሲ ባህሪ ካብ ዝነበሮም ማሕበራዊ ትካላት እናተበገሱ እውን እዩ ዓብዩ። እዚ ትርጉም ኣለዎ ዋላ ንዓና እውን።

ናብ ዓድና እንትንመፅእ ድማ፤ ርኢኻ እቲ ናይ ዓድና ፖለቲካል ኮንቴክስት ድሕሪ ባይታ ሕልኽልኽ ዝበለ ክኸውን እዮም ዝገብርዎ። ብጣዕሚ ኮምፕሌክስ እዩ። ብመሰረቱ ግን ብዘይካ ዴሞክራሲ ልምዓት ክመፅእ ኣይክእልን። እንተመፀ እውን ግን ከምቲ ዝተብሃለ ተመሊሱ ዝፈርስ እዩ ልምዓት እዩ ዝከውን። ስለዚ ኩሉ ጊዜ ሓደ ስጉሚ ንቅድሚት ክንከይድ እንተለና ፈለማ ክንገብሮ ዘለና እታ ስጉሚ ንሳ ንድሕሪት ከምዘይትምለስ ርግፀኛ ምኳን ኣድላይት እያ። ንሳ ናይ ምግባር ስራሕ እያ እታ ቀንዲ።

ሕዚ ዘለናዮ ደረጃ ቀሊል ኣይኮነን። ገሊኦም ኣተሓሳስባታት ማዕበላት ዝመስሉ፣ መፍራሕቲ ዝመስሉ ነገራት ንዓይ ዕድላት እዮም ኢለ እየ ዝሓስብ። ምሕሳብ ጥራይ እዮም ዝጠልቡ ኢለ እየ ዝኣምን። ስለዚ ጥቕልል ኣቢልካ ልምዓት ጥራይ ንግበር እሞ ዳሕራይ ናብ ዴሞክራሲ ክንኣቱ ። ኣይፋል ዲሞክራሲ ፈለማ ገለ ዝብሃል ዘስርሕ ኣይመስለንን።

**ቁጠባዊ ዕብየት ኣሎ፤ ንሱ ግን ልምዓት ከምፅእ ኣይከኣለን ዝብል ኣሎ ኣብ ዓድና:: እቶም ናይ መሰረተ ልምዓት ስራሕቲ ገለታት ፅቡቕ ተሰሪሑ እዩ:: ግን ካብቲ ዝተሰርሐ ስራሕ እውን መን ይጥቀም ዝብል ሕቶ ኣሎ:: ምስ ክፍፍል ሃፍቲ ተኣሲሩ ማለተይ እየ:: ብስሩ እውን ካብዚ ዝጥቀም ዘሎ ትግራዋይ እዩ ዝብል ኣረኣእያ ኣሎ:: ኣብዚ ጉዳይ እዚ እውን ሓደ ሓደ ነገር እንተትብል?**

ኣብ ዕብየት ወይ ኣብ ልምዓት ክልተ መሰረታዊ ዝኾኑ ነገራት ኣለዉ። እቲ ሓደ ባዕሉ እቲ ዕብየት ክመፅእ ምኽኣል እዩ። ዕብየት ምምፃእ ማለት ኣሰራርሓኻ ውፅኢታዊ ምግባር ማለት እዩ። እዚ ማለት ድማ THE BEST USE OF RESOURCE ማለት እዩ። እዚ ድማ ብሃፍቲ ክፍፍል ክዛባዕ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ THE BEST USE ክትብል እንተለኻ ስክ ኢልካ ኣይኮነን። ዝሓሸ ዝተምሃረ ሰብ ይደሊ THE BEST USE ንክህሉ፣ ዝሓሸ ከባቢ፣ ዝሓሸ ቅሩብነት ስራሕ ወዘተ ስለዚ እዚ ክትገብር እንተለኻ ናይ ግድን እዩ ናብ ሓደ ገፅ ከዘንብል። ከምዚኦም ዝበሉ ኣካላት ናብቲ ስርዓት እንትኣትዉ (ስለዝጠቕሙ) ንሳቶም ድማ ካብቲ ሃፍቲ ንሱ ተጠቃምቲ ዝኾኑሉ ዕድል ክህልው ይኽእል እዩ። ስለዚ ነቲ ዋና ዕላማኻ ክትብል ኢኻ ነቲ ዝኾነካ ሰብ እተእትዎ እሞ ንሱ እውን ዝጥቀም። ካብዚ ዝምንጬ ምዝባዕ ሃፍቲ ክፍፍል ክህሉ ይኽእል።

ኣብዚ ናይ መንግስቲ ኣድላይነት ኢኻ ትርኢ። መንግስቲ THE BEST USE OF RESOURCE ክህሉ ይፅዕር። እዚኣ እንትገብር ድማ ናይ ሃፍቲ ክፍፍል ሓሚቑ ሰብ ከይጉዳእ ይከላኸል። እዚ ኣመዓራሪኻ ናይ ምኻድ ስራሕ እዩ ናይ መንግስቲ ዝራሕ ዝብሃል። ዝንጠባጠብ ከይህሉ ይሓስብ። ኮራያይ ከይህሉ እውን ይሓስብ ማለት እዩ መንግስቲ። እዚ ንምግባር ዝድልዩ መስርሓት ድማ ኣለዉ። እቲ ውፅኢት በቲ ኣተገባብራ እዩ ዝውሰን።

ናብ ናትና ጉዳይ ክንመፅእ እንተለና ቅድም ኢሉ ኣፍሪካውያን ሃገራት ዝተሰማምዓሉ ኣብ ሕርሻ ማእኸል ዝገበረ ኢንቨስትመት ክህሉ ዝጠልብ ስምምዕ ነይሩ፤ ብወሑድ 10% ናይ ጂቲፒ ኣብ ሕርሻ ነውዕሎ ዝብል ስምምዕ እዩ። ኩለን ከምኡ ኣይገበራን። ሃገርና ካብተን ክልተ ወይ ሰለስተ ነዚ ብኣግባቡ ዝፈፀማ ሃገራት ኣፍሪካ ሓንቲ እያ። እዚ ቀሊል ቁራዕነትт ኣይኮነን። እዚ ማለት ዝበዝሐ ህዝቢ ኣብ ሕርሻ ክሳተፍ እናተገበረ እናተደገፈ እዩ ነይሩ ማለት እዩ። ስለዚ እዚ ብገፊሑ ኢንቨስት ዝተገበረሉ ዓውዲ፤ ሰፊሕ ህዝቢ ዝሓዘ ስለዝኾነ እቲ ክፍፍል ሃፍቲ ሕማቕ ኣይኮነን ኢልካ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

ግን ካብ ሕርሻ ናብ ኢንዳስትሪ ክትሰግር ከለኻ እቲ ክፍፍል ይቕየር እዩ። ናይ ታክሲ ፖሊሲ፣

## “ኩሉ ጊዜ ሓደ ስጉሚ ንቅድሚት ክንክይድ እንተለና ፈለማ ክንገብሮ ዘለና እታ ስጉሚ ንሳ ንድሕሪት ከምዘይትምለስ ርግፀኛ ምኳን ኣድላይት እያ።”

ልቓሕ፣ ዕድላት ናይ ምፍጣርን ዘይምፍጣርን ጉዳይ፣ ወዘተ ሓያል ስራሕ ዝደሊ እዩ። ሕዚ ኣብኣ ኢና ዘለና ንሕና። ስለዚ ገሊኡ ጫውጫው እውን ካብኡ ዝመፅእ እዩ። ብናይ ኢኮኖሚ መዐቀኒ ከመይ ትርእዮ እሞ እዚ እንተኢልካኒ ኢትዮጵያ ገዚፍ ዝብሃል INCOME DISTRIBUTION GAP ኣለዋ እትብሃል ሃገር ኣይኮነትን። ከምኡ ናይ ምግጣም ዕድል ግን ኣሎ። ከም በዓል ብራዚል ሜክሲኮ ናይ ምዃን ዕድል ኣሎ። ገሊኡ ሃፍታም ኣብ ሰማይ ገሊኡ ድኻ ድማ ኣብ ትሕቲ መሬት ክንብር ዝኽእል ዕድል ኣሎ፤ ዕፅው ኣይኮነን። ናይዚኦም ተርእዮታት ኣለዉ። ሕብረተሰብ ውፅእ ዝበለ ሃፍቲ ዘለዎም ኣካላት እንተርኢ ጫውጫው ክብል ግድን እዩ። ግን ድማ እዞም ኣካላት እዚኦም ክህልዉ ኣለዎም ዶ የብሎምን ክህልዉ እዩ ዘለዎም። ጠቐምቲ እዮም ብጣዕሚ። ከምዚኦም እንተዘይሃልዮም ናብቲ ካልእ ዝንጠብጠብ/ትሪክል ዳውን ዝገብር ኣይህሉን። ብስሩ እኮ ሃፍታም እንተዘይሃልዩ ድኽነት ምክፋል ማለት እኮ እዩ። ስለዚ ከም ሃገር ለውጢ ዝፈጠሮ ኣፈላላያት ኣሎ እዩ። ከም ሓደጋ ክፍፍል ሃፍቲ ዝውሰድ ግን ኣይኮነን፤ ብውሑድ ከሳብ ሕዚ። መኣረምታታት እናተገበረሉ እንተኸይዱ እውን ክስተኻኸል ዝኽእል እዩ።

ሕዚ ዝወፅኡ ዘለዉ ስርሓቲ ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ማኒፋክቼሪንግ ኢንቨስት ምግባርን ነዚ ምትብባዕን ብዙሕ ሰብ ስለዝቖፅሩ ከም ሓደ ሃፍቲ ክፍፍል ዝረጋገፀሎም ዓውድታት ምውሳድ ይከኣል እዩ። ስለዚ እቶም ምርጫታት ኢንቨስትመንትና ፅቡቓት እዮም ዝመስሉ። ስለዚ እቲ ሽግር ዘስግእ ዘይኾነሉ ዕድል ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ።

እቲ ናይ ተጋሩ ሕልፊ ተጠቃምነት ዝብል ንዓይ ፖለቲካል እዩ። ኢኮኖሚ መሰረት ዘለዎ ኣይመስለንን። ሓደ ብዛዕባ ተጋሩ ከነውግዕ እንተለና ብዛዕባ መን ነውግዕ ከምዘለና ንፈልጥ ኣይመስለንን። ብዛዕባ ሕልፊ ተጠቃምነት ተጋሩ ክነውግዕ እንተለና ብዛዕባ እቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓሙሽተ፡ ሽድሽተ ሚልዮን ህዝቢ ኢና ነውግዕ ዘለና። እቲ ኣብኡ ዘሎ ህዝቢ ምስቲ ካልእ ህዝቢ ኢትዮጵያ እንትወዳደር ከመይ ይነብር ኣሎ? እዩ እቲ ሕቶ ክኸውን ዘለዎ። በዚ መንፅር ክንርእዮ እንተለና ትግራይ ካብቲ ሕዚ መፂኡ ዘሎ ለውጢ ብዙሕ ተጠቒማ እያ ዝብል እምነት ኣይብለይን። እኳደኣስ ኣነ ብዙሕ ኣይተጠቐመትን ምስ ዝብሉ እየ። ነዚ ምኽንያት ኣለዉኒ። ኣመዳድባ በጀት ሓደ ጉዳይ እዩ። ምስ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ሓደ ዓብዪ ጉዳይ እዩ። UNCERTAINTIES ኣለዉ ኣብቲ ኸባቢ። ናይ ምሕደራ ፀገማት ኣለዉ። ኣብ ኢንቨስትመንት ዝተኸዱ ከያዶታት እውን ምውሳድ ትኽእል። ስለዚ ዝበዝሐ ዝሰልጠነ ዝብሃል ሓይሊ ሰብ ትግራይ ኣብ ትግራይ ኣይኮነን ዘሎ። ዘዝተመሃረ ይወፅእ እዩ ዘሎ። ከምዚ ብምዃኑ እቲ ካልእ እሞ ግደፎ እቲ ናይ ባዕሎ ሃፍቲ እውን ኣብ ምጥቃም ትሑት ደረጃ እዩ ዘሎ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ። ለውጢ የለን ማለት ኣይኮነን፤ ለውጥታት ኣለዉ። ግን ብሃገር ደረጃ እንትወዳደር ትግራይ ሕልፊ ትጥቀም ዝብል ካብ ወረ ዝሓለፈ ትርጉም ኣይህበንን። ካብ 5 ሚልዮን ህዝቢ እቲ 1 ሚልዮን ዝኸውን ኣብ ሰፍቲኔት ዝተፀገዐ ህዝቢ ሒዝካ ዝሓሸ ተጠቃምነት ኣሎ ምባል ንዓይ ብዙሕ ትርጉም ኣይህበንን። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘለዋ ክልተ ሰለስተ ህንፃታት ርኢኻ ትግራይ ሕልፊ ኣለዋ ምባል ዘኽይድ ኣይመስለንን። ኣብ ኣዲስ ኣበባ እውን እንተኾነ እንተዝፅብፀብ እቲ ናይ ትግራይ ኢንቨስትመንት ዝዓቢ ኣይመስለንን። ስልሒታት እውን ኣለዉ ከምኡ ዘይምኳኑ ዘርእዩ። ነዚ እውን እዩ ኢኮኖሚ ኣይኮነን፤ ፖለቲካ እዩ ዝበልኩኻ።

### መንግስቲ ናይቲ ኢኮኖሚ ኣንቀሳቓሳይ ብምዃኑ ሃፍቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ከባቢኣን ክእከብ ገይርዎ እዩ:: ሃፋትም ድማ ናብቲ ማእኸል ክውሕዙ ገይሩ እዩ:: ንሱ ዘለዎ ተፅዕኖ ምስኡ ተኣሳሲሩ እትብሎ እንተሃልዩካ?

ኣገዳሲ ሕቶ እዩ። እዛ ሃገር ፌደራል ስርዓት እያ እትኽተል። እዚ እናተኸተለት ግን እቲ ናይ ኢንቨስትመት ኣካይዳ እዛ ሃገር ፌደራል ኣይመስልን። ናብ ማእኸል ዘትኮረ ይመስል። ኣብ መጀመርታ ከባቢ ብዙሓት ነገራት ደፊኦምዎ እዮም ከምኡ ክኸውን። ሓደ ዕድል ስለዘሎ እዩ፤ ኣብ ከባቢ ኣዲስ ኣበባ። ፖለቲካል ምኽንያታት ኣለዉ። ካልኣይ ብሃፀ ተረኺበ ዝተወሰኑ ውሳነታት ዝፈጠርዎ እውን እዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተገበሩ ኢንቨስትመንታዊ ስርሓቲ ነቲ ፕራይቬት ኢንቨስተር እውን ናብኡ ክስሓብ ገይርዎ እዩ። መንግስቲ እውን እቲ ዝልዓለ ኢንቨስተር ስለዝኾነ ኣብኡ ኢንቨስት ክገብር እዩ ተራእዩ። መንግስቲ ዝልዓለ ገንዘቡ ዘፍሰሶ ኣብኡ እዩ። እዚ ዝፈጠሮ ኣዲስ ኣበባ ዓብዪ ናይ ሃፍቲ ምትእኽካብ ክህልዋ ገይርዋ እዩ። ዲቨሎፕመንት ኢኮኖሚክስ

ሰባት ካብ መብራህቲ ዘይብሉ ናብ መብራህቲ ዘለዎ እዮም ዝስደዱ እዩ ዝብል። ኣቕልል ኣቢሉ ከቕምጥ ከሎ ማለት እዩ። መብራህቲ ማለት በዚ ስፍሕ ዝበለ እዩ። እቲ ከባቢ ንማለት እዩ። ናብ ምቾው ከባቢ እዩ ዝኸይድ! ስለዚ ዝሓሸ ከባቢ ናይዛ ሃገር ኣዲስ ኣበባ እናኾነ መጺኡ። ካብዚ ዓብዪ ትምህርቲ ክውሰድ ዝክእል እዩ ዝመስለኒ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ናይ ኣዲስ ኣበባ ገለ ዝብሃል ሕቶታት ንዓይ IRRELEVANT እዩ። በዚ ኩነታት እዚ ዝተፈጠረ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተገበረ ኢንቨስትመንት ዝፈጠሮ ሕቶ እዩ። እቲ ናይ ኣዲስ ኣበባን ከባቢኣን ናይ ሃፍቲ ምትእኽኻብ ዘምፅኦ እዩ፤ ስለዚ እታ ሃገር ባዕላ ዝፈጠረቶ ሕቶ እዩ ኢለ እየ ዝወስድ።

መፍትሒኡ እቲ ቅድም ኢለ ዝበልክዎ እዩ። እዛ ዓዲ ፌደራል ስርዓት እያ እትኸተል፤ ስለዚ እዚ ኣብ ቁጠባ እውን እዩ ክሰርሕ ዘለዎ። ፌደራል ስርዓት ማለት ክልላት ናይ ባዕለን ልምዓት ባዕለን ክውስና ምፍቃድ ማለት እዩ። እዚ ተመኩሩ እዩ። ክንድቲ ዝድለ ኣብ ከካብ ከባቢኡ ገዚፍ ለውጢ ክመፅእ ዘኽእል ስራሕ ግን ውስንነት ነይርዎ ኢለ እየ ዝወስድ ኣነ። ብሓፂሩ ካልኦት ኣዲስኣበባታት ምፍጣር ይከኣል ነይሩ እዩ። ባህርዳር፣ መቐለ፣ ሃዋሳ፣ ድሬዳዋ ጥቓጥቓ ኣዲስ ኣበባ እንተዝመፃ ኣዲስ ኣበባ እዚ ዝብሃል ትርጉም ኣይምሃለዋን እቲ ፀገም እውን ኣይምተፈጠረን። ሕዚ ዋና ከተማታት እየ ጠቒሱ፤ እቲ ነገር ግን ልዕሊኡ እውን ክኸይድ ይኽእል እዩ።

ካልእ ዓብዪ ሕቶ ድማ ኣሎ። ህዝቢ ዲኻ ናብቲ ልምዓት ዘለዎ እትወስዶስ ወይስ ናብቲ ህዝቢ ዘለዎ ኢኻ ክትወስዶ ዘለካ እቲ ልምዓት? እንታይ ማለት እዩ እዚ? እንተኢልካ መንግስቲ ዓብዪ ኢንቨስተር ስለዝኾነ ብውሑድ እውን FACILITATOR ስለዝኾነ ነዚ ነገር እዚ ብወሳናይ መልክዑ ይውስኖ እዩ። ክሳብ ሕዚ ብዘለና ኣካይዳ ህዝቢ ኢና ናብ ከተማ ነእትው ዘለና። ህዝቢ ናብ ከተማ ክፈልስ እዩ ዝገብር ክሳብ ሕዚ ዘሎ ኣሰራርሓ። ኣብ ዘለዎ ናይ ዕብየት ስሕበት ክፈጥር ዕድል ክፈጥር ዝገብር ስራሕቲ ሕዚ ዝተመከሩ ኣለዉ፤ ፅቡቕ እንተኸይዶም። እቶም ኢንዳስትሪ ፓርክታት ማለተይ እየ። እዚ ዓብዪ ቁጠባዊ ትርጉም ኣለዎ። ፖለቲካዊ እንደምታ እውን ኣለዎ። ናይ ሃገር ናይ ምርግጋእን ዘይምርግጋእን ዕድል እውን ይውስን።

መቐለ እንድሕር ጥቓ ጥቓ ኣዲስ ኣበባ ኮይና ሃዋሳ እውን ከምኡ እንድሕር ኮይና ኣዲስ ኣበባ ጫውጫው እንተበለት ንመቐለ ወይ ንሃዋሳ እንታይ የገድሳ? ኣብ ካልኦት ዓድታት ክንርኢ ንኽእል ኢና። ኣብ ዋሽንግተን ዕግርግር እንተሃልዩ ኣብ ኒውዮርክ ሰላም እዩ። ብዜና እዮም ዝሰምዕዎ። ዘይሩ ዘይሩ ናይ ኒውዮርክ ኣጀንዳ ክኸውን ኣይኽእልን፤ ብርግፅ ናይ ሃገር ኣጀንዳ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከገድሳ እውን ኣይኽእልን ኣይኮነን ግን ከም ሃገር ናብ ዕግርግር ዘእትው ክኸውን ኣይኽእልን። እቲ ኣብ ከባቢ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ዕግርግር ግና ኣብኡ ተጀሚሩ ናብ ኣዲስ ኣበባ እውን ክኣትው ዝኽእል እዩ ነይሩ።

**ልምዓት ንምምፃእ ዘለዉ ኣተሓሳስባታትን መንገድታትን ኣውጊዕና ኣለና:: ናይ ልምዓት ሃፍታት ዝብሃሉ መሬት፣ ጉልበትን ካፒታልን እዮም ኢልና ኢና:: ፋይናንስ ግን ኣብ ፌደራል እዩ ዘሎ:: ካብ ኢድ እተን ፌደራላዊ ክልላት እዩ ዘሎ:: ንኣብነት ትግራይ መሬት ኣለዋ:: ሓይሊ ሰብ እውን ኣለዋ:: እቲ ሳልሳይ ግን ከድልያ እንተሎ ኣብ ኢዳ ስለዘየለ ናብ ፌደራል እያ ክተንቀዓርር:: ንሱ ድማ PRIORITIZE እዩ ክገብር:: ንኣብነት ሕርሻ እየ PRIORITIZE ዝገብር ክብል ይኽእል እዩ:: ትግራይ ድማ ሕርሻ ኣይኮነን ፐራይሮቲኣ:: ናብ ትግራይ ክኣቱ ስለዝደለኹ እየ እዚኣ ዘልዕላ ዘለኹ:: ስለዚ ፌደራል መንግስቲ ወናኒ ፋይናንስ ምኺኑ ምስኡ እውን እቶም ዓበይቲ ኢንፍራስትራክቸር እውን ኣብ ኢዱ እዮም:: ንኣብነት መብራህቲ ቴሌ ፌደራል እዮም:: እዚ ከመይ ገይርካ እዩ ከም ክልል ብሙሉእ ዓቕምኻ ናብ ልምዕዓት ክትኣቱ ዝገብሩኻ?**

ሕቶኻ ቴክኒካሊ FISICAL DECENTRALIZATION ዝምልከት እዩ፤ ብጣዕሚ ፅቡቕ ሕቶ። ፌደራል መንግስቲ ዝመርሐ ሃገር ኣለና። ኣታዊኡ ብዋናነት ታክስ እዩ። ካብ ካልእ ዝርከቡ እውን ኣለዉ። ካብ መዓድን ገለ! ካብዚኣም ናብ ፌደራል ዝእከብ ሃፍቲ መሊሱ ብመሰረት PRIORITIZATION ALLOCATE ይገብር ማለት እዩ። ንክልላት ክህብ እንተሎ ቀመር ኣሎ ብኡ መሰረት እዩ ዝህብ። ብፌደራል ዝስርሑ ስርሓቲ እውን ፈልዩ ኣቐሚጡ እዩ።

ስለዚ ፈለማ ክርአ ዘለዎ ንምንታይ እዩ ኣብ ፌደራል ክኸውን ተደልዩ ዙ ፋይናንስ ዝብል እዩ። THE RATIONAL BEHIND እዩ ክርአ ዘለዎ። እዛ ሃገር እዚኣ ዘይፋለጣ ከባቢታት ዝሓዘት ሃገር እያ። ሓደ ዓብዪ ሓደጋ ዝነበረ ናይዛ ሃገር፤ ፖለቲካዊ ምትእስሳር ንምፍጣር ፖለቲካዊ ምትእስሳር ስለዘይነበረ፤ ህዝቢ ንህዝቢ ናይ ምርካብ ዕድል ስለዘይነበረ ብመሰረቱ እቲ ህዝቢ ኣይፋለጥን ነይሩ። ሓደ ሃገር ናይ ምፍጣር ስራሕ ክትሰርሕ እንተኮይንካ ONE ECONOMIC SPACE ናይ ምፍጣር ስራሕ የድሊ። እዛ ቃል እዚኣ ብጣዕሚ ዝፈትዋ ናይቲ ሕገ መንግስቲ ቃል እያ። ሓደ ቁጠባዊ ማሕበረሰብ ምፍጣር! እዚ ኣብ ውሽጢ ዘይተማእኸለ ስርዓት ዝተማእኸለ ስርዓት ፋይናንስ ክህልወካ ግድን ይኸውን። ተዘይኮይኑ ኣብ መንን ከባቢታት ንግዲ ክትፈጥርን ናብ ሓደ ክተምፅኦምን ኣይትክእልን። እዚ ብስነ ሓሳብ ደረጃ እዩ። መበገሲኡ እዚ እዩ። ብተግባር መዓት ፀገማት ኣለዉዎ ብርግፅ።

እቲ ፌደራል መንግስቲ ክእከብ እንተሎ ሰኽ ኢሉ ይእከብ እሞ ALLOCATE ክገብር እንተሎ ድማ ብመዐቀኒታት ኣቢሉ ይብትን። ብካልእ ገፁ ድማ ንክልላት ስልጣን ሂብናየን ዝብል እኒህ። ኣብዚ ዘይምምጥጣን ዘሎ ይመስል። ብመሰረቱ ምስቲ ሕገ መንግስቲ ዝጋጮ

ኣይኮነን። ግን ኣብ ዝርዝር ክትመፅእ እንተለኻ ዝመፁ ፀገማት ግን ኣለዉ።

ኣብ ትሕቲ እዚ ዘሎ ኩነታት ኮይንና ኸ ክንገብሮ ዝግባእና ዶ ንገብር ኣለና። እንትጀምር ሓደ ቁጠባዊ ማሕበረሰብ ምፍጣር እንተተዓዊቱ ረብሓታት ኣለዉዎ እዮም። ኣምሓራን ትግራይን ዘራኽብ ፅርግያ ፌደራል እንተዘይሰሪሕዎ ትግራይ ኣይሰርሖን፤ ኣምሓራ እውን ኣይሰርሖን። እዘን ክልላት እዚኣን ግን ክራኽባ ኣለወን። ኩለን ክልላት ክራኽባ ክኽእላ ኣለወን። እዚእንድሕር ዘይገይርና ሓደ ቁጠባዊ ማሕበረሰብ ክመፅእ ኣይክእልን። ፅርግያ፣ ኤሌክትሪሲቲ፣ ስልኪ ካልኦትን ከምኡ እዮም ዝስርሑ።

ካልእ ክርሳዕ ዘይብሉ ወሳኒ ነገር ድማ ብጥሙር ኢኮኖሚ ሒሳብ መሰረት ኩሉኽን ክልላት ነናይ ባዕልኽን ኤሌክትሪክ ባዕልኽን ኣእትዋ ኢልካየንን ብፌደራል ደረጃ ብሓደ ጊዜ ክሰራሕ ምኽኣልን እቲ ዘዋፅእ እቲ ካልኣዋይ እዩ። ምኽንያቱ ምድግጋም እኳ ኣይህሉን። ኣብ ኦሮምያ ዘጥረካዮ ሓይሊ ንኩሉ ክትጥቀመሉ ትክእል ኢኻ። ትግራይ ዘሎ ናይ ንፋስ ሓይሊ ካልኦት ክልላት ክጥቀማሉ ይክእላ እየን። እዚ ዓብዩ ረብሓ ኣለዎ። ከም ሃገር ብሓደ ምሕሳብ እውን የኽእል።

ናብ ዝርዝር ክትኣቱ እንተለኻ ግን ክልላት እውን ዝተወሰነ ናፅነት እንተዝህልወን ዝብል ይወስድ። እቲ ንክልል ዝውሃብ ድጎማ ድዩ ዋላ በጀት ክልተ ዕላማታት ኣለዉዎ። ሓደ እቲ ንደመወዝን ንካልእን ዝጥቀማሉ ሪካረንት በጀት ዝብሃል እንትኸውን ካልኣይ ድማ ካፒታል በጀት ዝብሃል እዩ። እዚ ንቪንቨስትመት ዝጥቀማሉ እዩ። እቲ ቀዳማይ ንኮንሳምፕሽን እዩ። እቲ ካፒታል ግን እታ ክልል felixibly ክትጥቀመሉ እትኽእል እዩ። ንዕኡ ዝጥቀማሉ ፎርሙላን ኣሰራርሓን ወሰንቲ እዮም። ኣብኡ ክንደይ ዝኣክል ክይድና ዝብል ወሳኒ ሕቶ እዩ። መፅናዕቲ እውን ዘድለዮ ይመስለኒ። ካብኡ ዝሓለፈ ግን ንዓይ ሓንቲ ክልል ካብቲ ናይ ፌደራል ውህብቶ ንላዕሊ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ዕድላት ናይ ምጥቃም ወሳኒ እዩ እብል። እዚ ካብቲ ናይ ፌደራል ንላዕሊ እዩ። ብዙሕ እዩ ድማ ዘሎ። መሬት ኣሎ። ሃፍቲ ሰብ ኣለና። ካፒታል 'ዉን እቲ ናይ ፌደራል ጥራይ ኣይኮነን።

## ልቓሕ እየ ዝብል ዘለኹ ዶክተር፤ ካብቲ ብፌደራል ዝውሃብ ካፒታል በጀት ንላዕሊ እየ ዝብለካ ዘለኹ። ንኣብነት ልቓሕ ኣብ ምርካብ ከም ክልል?

ንሱ ፋይናንስ እዩ። ብክልል ደረጃ ዝግበር ናይ ፋይናንስ ስራሕ ልቓሕ ወዘተ ክፉት እዩ። ንዘደለኻዮም ዕድላት ዘዋፅእ ኢንቨስትመንት ናይ ግድን ኣይኮነን ብመንግስቲ ክኸውን። ንውልቀ ትካላት ድማ እቲ ዕድል ልቓሕ ኣሎ እዩ ኣብ ክልላት። ግን ልዕሊ እዚ እውን ክኸየድ ይከኣል እዩ።

ክልላት ብኢድ ፌደራል ተኣሲረን ክኸዳ ግን ኣይድግፍን ኣነ። ብፌደራል ደረጃ ዝወፀ ፖሊሲ ኩላትና ብኡ ክንከይድ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ክትግበር እዩ ዝድለ ዘሎ። ፖሊሲታት ፌደራል መሬት ምንም ኣፈላላይ ኣይብሎምን። ፖሊሲ ሕርሻ፣ ፖሊሲ ኢንዳስትሪ ኩሎም ከምኡ እዮም።

## እሞ እዚ ትኽክል ድዩ?

ኣይኮነን። ፌደራሊዝም ማለት ብኡ ዝወፀ ሓደ ፖሊሲ ኣይኮነን ዶ ናብ ክልል ናብ ወረዳ እውን እዩ ፈላሊኻ ክወርድ ዘለዎ። ከከም ከባቢኡን ኩነታቱን እዩ ክትርጎም ዘለዎ። ፌደራሊዝም ማለት እንኮላይ ናይ ውሳነ decentralization እዩ ዝሓቁፍ። ኣብ ትግራይ ዝሓሰቦ ኣነ፤ ኣብ ካልእ እውን ከምኡ ክኸውን ዝምነዮ ካብ ወረዳ ናብ ወረዳ እውን እዩ ክፈላለ ዘለዎ። ወረዳ ናይ ባዕላ ፖሊሲ ክህልዋ ኣለዎ። ናይ ባዕላ prioritization እዩ ክህልዋ ዘለዎ። እንተደሊኻ እውን ልምዓት ክትሓስብ እንተለካ a villiage at a time እዩ ክሕሰብ ዘለዎ ብስሩ። ወረዳ ምሉእ ክነልምዕ እንተዘይክኢልና ኣብታ ወረዳ ኣብ ሓንቲ ቦታ እታ እንኽእላ ኣድሚናይ ኢና ክነልምዓ ዘለና። focus የድሊ። ህዝቢ ኣብ ምርጫ ቀደማይነት/ፕራዮሪቲ ክሳተፍ ኣለዎ። ኢንቨስትመንቱ ክመርፅ ይግባእ። ካብኡ ተበጊሱ ውሳነታቱ ተጠሚሩ ንላዕሊ ዝኸይድ እምበር ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝከይድ ዓይነት ፖሊሲ ኣይኮነን ክህልወና ዝነበሮ ካብ መፈለምትኡ።

ከም መሪሕ ሓሳብ ሕርሻ ዝመርሖ ኢንዳስትርያላይዜሽን ምባል ምንም ፀገም የብሉን። እዚኣ ከመይ ገይረ ክትግብራ ኣብ ዝብል እዩ ኣፈላላይ ዝፍጠር ዘሎ። ኣብ ገጠር ኣብታ ሕርሻ እንታይ ዓይነት ስራሕ ኣላ? ነየናይ ቅድምያ ክንህብ ኣለና? ዝብል እዩ ክቕድም ዘለዎ። እዚ ኣይግበርን ዘሎ ኢለ እየ ዝኣምን። ኩሉ ኣካይዳ ፖሊሲታትና ካብ ላዕሊ ንታሕቲ እምበር ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ኣይኮነን።

ናብ ንስኻ ዘፅናዕኻዮም ስርሓቲ ንምፃእ ዶክተር። እቲ ዘዋጋዕካና እውን ካብኡ ዝመፀ እዩ ኢለ እየ ዝሓስብ። ናይ ማይክሮፋይናንስ መፅናዕቲ ርእየልካ ኣለኹ። ንደደቢት ሕዚ ብዙሕ ይብሃል እዩ ኣብ ትግራይ። እቲ ኢሊት ብፍላይ ግን ከም ፀላኢት እዩ ዝቖፅራ። ህዝቢ ትግራይ ናብ ድኸት ኣእትያቶ ዝብሃል ኣሎ። ናይ ሰፍቲኔት እውን ብዙሕ ሰሪሕኻ ኣለኻ። ምፅዋር ድርቂ ዝምልከት እውን ዘፅናዕካዮ ኣሎ። እዘን ካብ ባይታ ዘምፃእካየን ብጣዕሚ እየን ዘገድሳ እሞ ብዛዕባ እዚኣን ክተዋግዓና ኢኻ። ኣብ ምምፃእ ልምዓት እውን ሓንቲ ነጥቢ ኣላ ክትዛረበላ ዝደለየ። ልምዓት ጉጅለ ዝብሎ ነገር ኣሎ። ብዛዕባ እዚ እውን ዝተወሰነ ክትብለና ኢኻ። ምስ ባህሊ ቁጠባ ትግራይ ተኣሳሲሩ እውን ክትዛረብ ይደሊ እየ። ውሕስና ምግብና ኸ ኣብ ከመይ ኣለና ዝብል ዘፅናዕካዮ ኣሎ። እዚታት ብዳታታት ዝተደገፈ ስለዝኾነ እንተዋጋዕካና ንኣንበብቲ ይጠቅም እዩ ኢለ ስለዝሓስብ እዩ?

ብማይክሮፋይናንስ ክንጅምር። ኣብ ፒኤች ዲ ትምህርቲ ሓደ ፅብብ ዝበለ ርእሲ ክተትኩር እንድዩ ዝምክር ናተይ ናይ ዶክትሬት ድግሪ ወረቐተይ ኣብ ዙርያ እዚ እዩ ነይሩ። ናይ ገጠር ፋይናንስ ዝምልከት RURAL FINANCEING ዝብሃል እዩ ነይሩ። ንምንታይ እዩ ናይ ገጠር ፋይናንስ ኣድልዩ? ከመይ ከ እዩ ዝግትበር ዝብሉ ስነ ሓሳባውያን ዝመስሉ ነገራት ኣልዒልና ምዝታይ እንተጀሚርና፤ ኣፍራያይነት ክትውሰኽ እንተደሊኻ ኢንቨስተመት የድልየካ። ብቤተ ሰብ ደረጃ ማለት እዩ እዚ። ነዚ ድማ ፋይናንስ የድለየካ፤ ጥረ ገንዘብ የድልየካ። ገጠር ድማ ጥረ ገንዘብ የብሎምን። እኹሊ ኣሎ ካልእ ኣሎ። ግን ቅርሺ የለን። ቅርሺ ከረክቡ እንተኮይኖም ዕዳጋ ከይዶም ገለ ክሸጡ ኣለዎም። ላምባ ንክትገዝእ እኹሊ ክተቐንዕ ኣለካ። ሕዚ ሓንቲ ቅርሺ ዓባይ ዋጋ ኣለዋ ኣብ ገጠር ማለት እዩ። ናይ ድኽነት ሓደ መግለፂኡ ድማ ምስኣን ጥረ ቕርሺ እዩ። ቅርሺ ምስኣን እዩ መግለፂኡ።

ኣብ ገጠር ዘለዉ ቆልዑ ዝሓስብዎ ነገር ኣሎ። ኣነ ብኣካል እውን ዝርኣክዎ እየ ዝነግረካ ዘለኹ። ትሓቶም ዝገርም ሓሳባት ይነግሩኻ። ግን ዕፅው እዩ። ቅርሺ ክህልዎም ኣለዎ ዝሓሰብዎ ክገብሩ። ኢዶም ተኣሲሮም እዮም። ንኣብነት ሓደ መንእሰይ ንህቢ ክፍሪ፣ መስኖ ክጅምር ገለ እንተደልዩ ቅርሺ የድልዮ። ቅርሺ ድማ ብስነ ቁጠባ ኣብ ኢድ ኩሉ ሰብ ክህልው ግድን ኣይኮነን። ሓሳብ እንተሃልዩካ ቅርሺ ካብ ዘለዎ ኣምፂእካ እቲ ዝደለኻዮ ገይርካ ፅባሕ ናብ ዋንኡ ክትምልሶ ትኽእል ኢኻ። እቲ ጉዳይ ናይ ምትእስሳር ጉዳይ እዩ። ስለዚ ሎሚ የብልካን፤ ፅባሕ ግን ክህልወካ ዘኽእል ነገር ኣለካ፤ ስለዚ ተተኣሰስሮ ማለት እዩ። ልቓሕ ጠቓሚ ዝኸውን በዚ መንገዲ እዚ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ፋይናንስ እንተዝረክብ ሎሚ ፅባሕ ዝተለቀሖ ከፊሉስ ብናይ ባዕሉ ፋይናንስ ክጉዓዝ እዩ ማለት እዩ። ሕዚ እዚኣ እንተዘይረኺቡ ግን ኢደ እግሩ ተኣሲሩ ኣሎ ማለት እዩ።

ህዝብና ብወሳኒ መልክዑ ቀረብ ልቓሕ የብሉን። ኣብ ከተማ ቀረብ ኣሎ እዩ። ኣብ ገጠር ግን ዕፅው እዩ። ኣብ ከተማ ባክንታት ኣለዋ ገለመለ። ኣብ ገጠር ግን የለን። እዚ FINANCIAL MARKET FAILURE እዩ ዝብሃል። እዚ ዝነግረካ ዘለኹ ዛዕባ በዓል ጆሴፍ ስትግልዝ ኖቤል ሽልማት ዝወሰዱሉ ዛዕባ እዩ። ንምንታይ እዩ ኮይኑ ናብ ገጠር ዘይከደ ፋይናንስ? ፋይናንስ ካብ ዓብዪ ፍርያት ዘለዎ ናብ ንእሽተይ ፍርያት ዘለዎ እዩ ዝኸይድ። ከም ማይ እዩ ዝፈስስ እዩ ዝብሃል። መቐለን ዝኾነ ገጠርን እንተኣዋዳዲርካ መቐለ እዩ ተወዳዳራይ ዘለዎ። ኣብ ቲ ገጠር ድኣ ንስኻ በይንኻ እንዲኻ ዘለኻ። ናብኡ ክኸይድ እዩ ዝግባእ ነይሩ ብመሰረት እቲ ክልሰሓሳብ። እዚ ከይኸውን ግን ብዙሓት ማሕለኻታት ኣለዉ። ምስ ሃብኩካ ሒዝካዮ ክትጠፍእ ትክእል ኢኻ። ስለዚ ትሕጃ የድየኒ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ መን መን እዩ ዝብል ምፍላጥ ከድልየኒ እዩ ማለት እዩ። ኣብ ፋናንስ ከምኡ እዩ። ኮላተራል የድልየካ። ተኣሚንካዮ እውን ስከ ኢልካ ክትህቦ ትኽእል ኢካ። በዚ መንገዲ ባንክታት ናብ ገጠር ክኸዳ ኣይኽእላን። ትሕጃ ይደልያ እየን። ገባር ድማ ዘለዎ የብሉን። ዜሮ መትሓጃ እዩ ዘለዎ። በዚ መሰረት ኣብ ትሕቲ ድኽነት ይነብር።

ድኽነት ሒዝካ ክንበር ስለዘይብሉ፤ ሕዚ ናይ ማይክሮፋይናንስ ኣድላይነት ፋይናንስ ከመይ ገይሩ ናብ ገጠር ይኺድ ዝብል ሕቶ እዩ

## "እዛ ሃገር ፌደራል ስርዓት እያ እትኽተል። እዚ እናተኸተለት ግን እቲ ናይ ኢንቨስትመት ኣካይዳ እዛ ሃገር ፌደራል ኣይመስልን። ናብ ማእኸል ዘትኮረ ይመስል።"

ዝምልስ። እዚ ነገር እዚ ኣብ ባንግላድሽ እዩ ሓደ ናይ ዩኒቨርስቲ መምህር ጀሚርዎ። ናይ ባዕሉ ካብ መሃይኡ ዘጠራቐመን ገንዘብ ገይሩስ ገንዘብ ንዘይብሎም ምሃብ ጀሚሩ። ስኽ ኢሉ ምሃብ ጀሚሩ። ሕዚ እቲ ዋና ነገር ኮላተራል ዘይብልካ ከመይ ገይርካ ትህብ እንድያ እታ ጉዳይ፤ ምኽንያቱ ብዕራይ እንተትሓዝካ እውን ክመውት ይኽእል እዩ እቲ ብዕራይ።ገዛ የብሉን። መሬቱ ናይ መንግስቲ እዩ። ምንም ኣየትሕዝን። ስለዚ ኣሚንካ ሂብካስ ዝተጠቐሙ ኣለዉ ዶ? ከመይ ገይርካ ኸ ሞዴል ይግበር ንሱ ዝብል እዩ እቲ ጉዳይ።

ናብቲ መበገሲ ንመለስ እሞ ባንክታት ንሰብ ክለቀሓ እንተለዋ ባህርታት ተለቃሓይ የፅንዓ እየን እወ ዶ? ዓቕሙ የፅንዐኦ እየን። እዚ ኣለዎ፤ እዚ ክገብር ይኽእል እዩ፤ ድሓን እዩ ወዘተ ዝብል ነገር እየን ዝሓስባ። እቲ ከምዚ ዝበለ ኣካይደኣን ናብ ማይክሮፋይናንስ ነምፅኣዮ። ናይ ገጠር ሰባት ከምዚ ዝበለ መፅናዕቲ ከይገበርካሎም ባዕሎም ተረኣእዮም ዝሓሸ ሰብ መሪፆም ዶ ክሰዱልካ ይኽእሉ ዝብል እዩ እቲ ሓሳብ። ኣብዚ ዝመፅእ ምጉጃል ዝብሃል ነገር እዩ። እቲ ፋይናንስ ዝህብ ኣካል ስለዘይፈልጠካ፣ ትሕጃ እውን ስለዘይብልካ ንስኻን ኣብ ጎንኻ ዘለዉ ሰባትን እሞ ይጉጅለካ ንስኻ ንዕኡ ንሱ ድማ ንዓኻ ስለዝፈልጠካ ስክሪን ስለዝገብረካ ብኡ ኣቢልካ እቲ ልቓሕ ዝውሃበሉ መንገዲ ምምድማድ እዩ። እቲ ምጉጃል ነዚ ይጠቅም። ካብ ክልተ ድማ ሓደ ሓሙሽተ ትገብሮም እሞ ካብዚኦም እቶም ክልተ ሰለስተ እሙናት እንተኮይኖም ከም ውሕስና ክቐፀር ይክእል እዩ ዝብል መበገሲ እዩ ዘሎ።

እዘ ኣካይዳ እዚ ዓብዪ ሞዴል እዩ። ከም ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ምስ ለውጢ መንግስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ተራኪቡ።

ሕዚ ናብ ደደቢት ማይክሮፋይንስ ንምፃእ። ደደቢት ካብ ማረት እንትትውለድ ዝነበረ ናይ ምጅማር ሓሳብ በዚ እዩ። ዓብዪ ሓሰብ እዩ። ዓብዪ ሪቮሉሽን እዩ ከም ሓሳብ። ብዙሕ ነገር እውን እዩ ሰሪሑ። BY THE WAY ክነግረካ ካብ ከተማ ካሽ ተሰኪሙ ናብ ገጠር ዝኸይድ ማሕበረሰብ ተፈጢሩ ኣሎ። እዚ ብባዕሉ ዓብዪ ነገር እዩ። ሓንቲ ቅርሺ ናብኡ ከይዳ ማለት ንሰኻ ተጠቒምካላስ፣ሓረስታይ ወሲድዋስ ኣፍርዩላስ እንደገና ተመሊሳ ናብቲ ኢኮኖሚ ክትኣቱ እንተላ እዚ MULTIPLIER EFFECT ዝብሃል እናምፅኣት እያ እትኸድ። እቲ ፋይናንስ ምሽክርካር ይጅምር ኣሎ ማለት እዩ። በዚ ድማ እቲ ማሕንቖ ቅርሺ ዝብሃል ዝነበረ ጥንግንግ ኢሉ ዝነበረ ናይ ፋይናንስ ኩነታት ፈታሕታሕ ንክብል ገይርዎ እዩ። ክንድቲ ዝግባእ ግን ዕውት እዩ ምባል ኣይከኣልን።

**ኩሎም ገባራት ኣይኮኑን ንደደቢት ብኹፉእ ዝርእይዎ፡፡ መፅናዕቲ ገይረ እየ፤ ብስሩ እውን ኣብኡ እዩ እቲ መፅናዕተይ ዝሰራሕክዎ፡፡ ስለዚ ኣብ 16 ገጠራት ትግራይ ካብ ገዛ ናብ ገዛ እናኸድና ዝርኣይናዮ እየ ዝነግረካ ዘለኹ፡፡ ብዙሓት ተጠቐሚሞም እዮም፡፡ ሓደ ሓደ ድክመታት ኣለዉ ብርግፅ፡፡ እቲ ሽግር ነዞም ድኽመታት እዚኦም ንምእራም ዝተከደ ክያዶ ድኹም እዩ፡፡ ብስሩ እውን ብዝግባእ ኣይተፈለየን፡፡ ንዓኣቶም ክምልስ ዝኽእል ነገር ኣይተገበረን፡፡ ድኹም እዩ እቲ ምንቅስቓስ፡፡ ድሕሪ ምጥያሽ ማይክሮፋይናንስ እቲ ኣሰራርሓ መዓት ጊዜ እዩ ተቐይሩ፡፡ ኣብ ደደቢትን ካልኦት ናይ ዓድና ትካላት ማይክሮ ፋይናንስ ግን ኣብ ዝነበርኦ ዓይነት ኣካይዳ እዩ ዘሎ፡፡ ብጉጅለ ምሃብ እዩ ዘሎ ክሳብ ሕዚ፡፡ ክመሓየሽ ኣለዎ ክንብል እንተለና ስኽ ኢልካ ግምታዊ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ከተማ ብጉጅለ ብጉጅለ ክትህብ እንተለኻን ኣብ ገጠር ብጉጅለ ክትህብ እንተለኻን ዝተፈላለየ እዩ፡፡ እቲ ናይ ባንግላድሽ ዝበልኩኻ ኣብ ከተማ እዩ ሞኪርዋ፡፡ ስለዚ ኣብ ከተማ ናይ ምስራሕ ዕድል ኣለዋ፡፡ ኣብ ገጠር ግን ብምንታይ ትፈጥሮ?**

ኣብ ከተማ ብሓደ ክንጉጀል እንተለና ግድን ኣይኮነን ኣባላት እታ ጉጅለ ሓደ ዓይነት ስራሕ ክንሰርሕ። ዝተፈላለየ ሞያን ኣወፋፍራን ክህልወና ይኽእል እዩ። ኣብ ገጠር ግን እንታይ ይገብር? ኣነን ንስኻን ኣብ ገጠር ግን እንታይ ክንሰርሕ ንኽእል? ብዋናነት ሕርሻ እዩ ክከውን ዝኽእል። ድርቂ እንተመፂኡ ንኽልቴና ኢዩ ዘጥቅዕ። እቲ ሓሳብ ከምቲ ዝነገርኩኻ እዩ። ክልቴና ክንደጋገፍ እዩ። ኣብ ከተማ ኣነ እንተወዲቐ ንስኻ ግድን ኣይኮነን ክትወድቕ። ሓደ ዓይነት ስራሕ ስለዘይንሰርሕ። ስለዚ ኣነ እንተኸሲረ ንስካ ትኽፍል። ንዓመታ እውን ከምኡ። ኣብ ከተማ ኣባላት እታ ጉጅለ ብሓደ ሓደጋ ናይ ምግጣም ዕድሉ ዳርጋ ዜሮ እዩ። እናተሸፋፈንካ እናተሓጋገዝካ ዝኸየድ እዩ። ኣብ ገጠር ግን እቲ ሓደጋ 1 ጊዜ ኣብ 10 እዩ። ሕዚ እናቐነሰ እውን ይኸይድ ኣሎ። ኣብ 8 ዓመት ሓደ ጊዜ ኣብ 5 ዓመት ሓደ ጊዜ ሓደጋ ናይ ምግጣም ዕድል እናመፅአ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ዕድል ሕዚ እውን ኣሎ። ስለዚ ኩላትና ክንውቃዕ እንተለና ኩላትና ናይ ምኽፋል ዓቕምና ይመውት ኣሎ። ሽዑ ደደቢት ኣይትምሕረናን፤ መልሱ እያ እትብል። ከምኡ እውን እዩ ክኸውን ዝኽእል።

ስለዚ እቲ ሓሳብ ካብ ድኽነት ንምውፃእ እዩ ነይሩ። ዘለና ሽይጥና ኢና እንምልሰላ እንድሕር ሓደጋ ድርቂ ኣጋጢሙ። ስለዚ ኣብ ከተማ ክሰርሕ ይከእል እዩ። ኣብ ገጠር ግን ክመሓየሽ ነይርዎ ክብል እንተለኹ ከምዚ እንተጋጥም እንታይ ክንገብር ኣለና ዝብል ክሕሰበሉ ይግባእ ነይሩ። ንኣብነት ዝኾነ ስርዓት ኢንሹራንስ እንተነኣታቱ፤ ካብቲ ዝወሰድናዮ ልቓሕ ንኢንሹራንስ ዝኸነ ነገር ከፊልና እንነብር ኣነን ንስኻን እንድሕር ወዲቕና ብሓፈሻ ንደደቢት ፀገም ዘይኾነሉ ዕድል ክህልው ምነበረ። ንዓና እውን ምሕረት ምኾነ። ምሕረት እኳ እንተዘይኮነ ንዓመታ ከመይ ገይርና ንኸፍል ዝብል ኣፋፍኖት ምተረኸበ። ንዓመታ ዝናብ ምስመፀ፣ ልቓሕና ኣናዊሓ ከመይ ገይርና ንመልሶ ዝብል ካልእ መንገዲ ምተርኣየ ነይሩ። ሕዚ ዘይንጨናነቐሉ መንገዲ ክፍጠር ምተገበአ። እቲ ገባር ዝብሎ ዘሎ እውን ንሱ እዩ። ሕዚ ኣምፅእዋ ስለዝብልዎም ሓደ ሓደ ጊዜ ይፅግም ኣሎ። ከምዚኦም ዝበሉ ምምሕያሻት እንተተገይሮም ብሓፈሻ እቲ ናይ ማይክሮፋይናንስ ሓሳብ ፅቡቕ ሓሳብ እዩ።

ካብ 2002-2006 ብፈረንጂ ዝነበረ መረዳእታ ሒዝና እንተኣዋጊዕና ሽዑ ከምቲ ዝበልኩኻ ካብ 16 ጣብያታታት ዝተወሰደ መረዳእታ ከምዘመላኽቶ ብሚኢታዊ እቲ ዝበዝሕ ተጠቃማይ ምንባሩ እዩ ዘርኢ። ለውጥታት ኣምፂኡ እዩ። ግን ከም ውፅኢት እቶም ዓንተቦይ ዝበልኩኻ ነገራት ነይሮምዎ እዮም። እቶም ነገራት ንሳቶም ከመይ ከይርካ ይመሓየሹ ኢለ ዘቐመጥክዎም ለበዋታት እውን ነይሮም። እቲ ወረቐት እውን ንኹሉ በፂሕዎ እዩ ግን ዝርኣዮ ሰብ ኣሎ ኢለ ኣይግምትን። ኣብ ኩሉ ቦታታት ከይደ እውን ኣቕሪበዮ እየ። ኣብዛ ሃገር ኣብ ዝተዳለወ ዓበይቲ ኮንፈረንሳት ኣቕሪበዮ እየ። እቶም ናይ በዓል ስትግሊዝ ሞዴላት እውን ከመይ ገይሮም እዮም ምሳና ዝኸዱ ዝብል እውን ከርኢ ፈቲነ እየ። ኣብኡ ክስራሕ ዘለዎ ነገር ኣለዎ። ክንእከብ ኣለና፣ ክንሓስብ ኣለና ከመይ ንግበር ኢልና ከምቲ ዓንተቦይ ዝበልኩኻ።

**ኣብዛ ርእሲ እዚኣ ዝብሃል ካልእ እንታይ ኣሎ ወለድ ዝምልከት እዩ፡፡ ተጋኒኑ እቲ ወለድ ዝብል ኣሎ፡፡ ናይ ህዝቢ እናሃለወስ እዚ ኩሉ ወለድ ዝብል ሕቶ ኣሎ፡፡ ከመይ ኢኻ ትርእዮ?**

ተለቃሓይ ዜሮ ወለድ እዩ ዝደሊ ኩሉሻብ። ግን ወለድ ኣድላዪ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣሎ። ወለድ ዝውሰነሎም መንገድታት ኣለዉ። ሓደ ካብኦም ስግኣት/ሓደጋ (ሪስክ) እዩ። ልቓሕ ሂብካዮ ናይ ምምላስን ዘይምምላስን ዕድሉ እዩ ወለድ ክትትምን ዝገብር። እታ ወለድ ልዕል እተብላ እታ ናይ ምምላስ ዕድላ እንድሕር ዕብይ ዝበለት ኮይና እያ። ገጠር ስለዝኾነ እሞ ናይ ገጠር ሓደጋታት ስለዘለዉ እቲ ወለድ ንሱ ሰማይ ክበፅሕ እዩ ነይርዎ። ካልእ ኣብዚ ዝውስን ንሰራሕተኛታትን ገለን ዝኽፈል ክፍሊት እዚ TRANSACTION COST ዝብሃል ኣሎ። ስለዚ ባዕሉ ክኢሉ ክኸይድ እንተኮይኑ እዚኣን ክሸፍን ምኟኑ ርግፀኛ ክኸውን ኣለዎ።

ደደቢት እውን እዚኣን እያ እትገብር። ብመሰረት ‘ዚ እቲ ፍሰት ቅርሺ እንተወሲድካ ደደቢት ከቢድ መሃያ ኣይኸፍሉን። ቢሮኦም ኣዝዩ ዝተመላኸዐን ብዙሕ ፋይናንስ ዝጠልብን ኣይኮነን። እዚታት እቲ ወለድ ንእሽተይ ክኸውን ገይርዎ እዩ። እቲ ወለድ ካብ 15 ክሳብ 18 ሚኢታዊ እዩ ብኢትዮጵያ ደረጃ፤ ናይ ደደቢት እውን ኣብዚን ትሕቲኡን እዩ ዝርከብ።

ስግኣት ዝብሃል ባእታ ክተልዕል እንተለኻ ግን ሓያል ሓደጋ ስለዘሎ እቲ ወለድ እውን ንሱ እዩ ዓብዪ ክኸውን ገይርዎ። ኣብ በዓል ኣሜሪካ እንተኸይድካ ኮ ክሳብ ሰብዓ ክሳብ 60% ወለድ እዩ ዘሎ። ኣባና እውን እቶም ሃረፅቲ እንተወሲድካ ከምኡ እዮም። ሃረፃ ንዓይ (VERY IMPORTANT ECONOMIC CONCEPT እዩ) ከም ኢኮኖሚስት ንዓይ ፀገም ዘለዎ ኣይኮነን። ባንኪ ስለዘየለ እቲ ገንዘብ ዘለዎ ሰብ ከም ፋይናንሻል ትካል ኮይኑ እዩ ዝሰርሕ። ንምንታይ እዩ ልዑል ገንዘብ ዝሓትት ኣሃራፃይ? ዓብዪ ሪስክ ስለዘለዎ እዩ። ናይ ኣሃራፃይ ወለድን ናይ ማይክሮ ፋይናንስ ወለድን ሕሰብ። እቲ ትኽክለኛ ወለድ ናብቲ ናይ ኣሃራፃይ ወለድ ዝፀጋጋዕ እዩ። ንሳተን ዘቕርፅኦ ዘለዋ ወለድ ግን ትሕቲ እቲ ናይዚኦም እዩ። ሃረፃ ብወርሒ 20% እኳ እንተሓሲብካ ብዓመት ኣባዚሓዮ። ብጣዕሚ ብዙሕ እዩ። እቲ ክኸውን ዘለዎ ወለድ ንሱ እዩ። ስለዚ እቲ ናይ ደደቢት ንእሽተይ እዩ በሃላይ እየ። ስለዚ እቲ መፍትሒ ዝብሎ ዘለኩ እቲ ወለድ ምቕናስ ኣይኮነን፤ እቲ ሓደጋ ምቕናስ እዩ። ኢንሹራንስ የድልየና፣ ሕግን ስርዓትን የድልየና፤ መንነት ተለቃሕትና እንፈልጠሉ ማለት እዩ፤ ስለዘይንፈልጦም ኢና ንፈርሕ እሞ ወለድ ንፅዕን ዘለና።

## ሕዚ ደደቢት እዩ ዘሎ እቲ ዋና ፍልፍል ፋይናንስ ኣብ ህዝብና:: ሕዚ ንባዕላ ብጣዕሚ እያ ዓብያ:: ብዙሕ ገንዘብ እያ እተንቀሳቕስ ዘላ:: ነቲ ሕብረተሰብ ኣዕብያ ድያ ዓብያ ወይስ ከምቲ ዝብሃል መዝሚዛ እያ ዓብያ?

ግርም! መዝሚዛ እያ ዓብያ ዝብል ከቢድ ገምጋም እዩ። ኩለን ይፈልጠን እየ እተን ልቓሓት። ምስ ብዙሓት ተጠቀምቲ ናይ ምውጋዕ ኣጋጣሚታት እውን ኣለኒ። ድሕሪ ኣነ ኣብቲ ዓውዲ መፅናዕቲ ምካየደይ ዝተለወጠ ነገር ዘሎ እውን ኣይመስለንን። ስለዚ ከቢድ ገምጋም እዩ፤ ዋላ እኳ ዝተወሰነ ነገር እንተሎ ክነዋግዓሉ እውን እንኽእል ኢና።

እቲ ዝሓየለ ስራሕ እቲ ናይ ገጠር እዩ። ብመሰረቱ ኣብ ሕርሻ ፋይናንስ ፈሰስ ምግባር ካብ ዝተመኮሮሎም ናይ ዓለም ሃገራት ሓንቲ ኢትዮጵያ እያ። እዚ ዝጀመሮ ድማ ደደቢት እዩ። ሓያል ሓላፍነት እዮም ወሲዶም። ብጣዕሚ ዓብዪ ስራሕ እዩ። ኣብ ካልኦት ዓለም ሃገራት ከይደ ፅሑፋተይ ከቕርብ እንተለኹ ብዙሓት ይገርሞም እዩ። “ከመይ ኣቢሉ ይሰርሕ?” ይብሉ። ኣይምኮርን ኣብ ካልእ ዓዲ። ስለዚ ምዕባዮም ኣይገርምን። ካብቲ ሕዚ ዘለዉዎ እዮም ክዓብዩ ነይርዎም ደደቢት። ኣብ ዓለም እውን ብቑፅሪ ተጠቃሚ እቲ ዝዓበየ ናይ ማይክሮፋይናንስ ትካል ኣብ ኢትዮጵያ እዩ። ንሱ እውን እቲ ናይ ኣምሓራ ማይክሮፋይናንስ እዩ። ካልኣይ ድማ ደደቢት እዩ። ኣብ ዓለም እየ ዝብለካ ዘለኹ!

ኣብ ብዙሕ ዓለም ዝሙከር ነገር ኣይኮነን። ከቢድ እዩ። እንድሕር እናማሓየሽካ ከይድካዮ ኣዝዩ ጠቓምን ካብኡ ንላዕሊ እውን ክዓቢ ዝኽእልን እዩ። ግን ክንርስዖ ዘይብልና ንምንታይ ደደቢት ተዓዊታ እንተኢልካኒ ናይ ደደቢት ወይ ናይ ኢትዮጵያ ማይክሮፋይናንሳት ምስ ፓብሊክ ሴክተር ተኣሳሲረን እየን ዝሰርሓ። ወሳኒ ዝኾነ ሓገዝ ካብ መንግስቲ ይረኽባ እየን። ንኣብነት ገዚፍ ዝኮነ ልቃሕ ወዲቑ ኪሳራ በፂሕወን ኣይፈልጥን። በቲ ስርዓት ዝተውሓሳ እየን። ሓደ መንገዲ ውሕስንአን እቲ ናይ ጣብያ ስርዓት ምሕደራ ባዕሉ ምስኡ ዝተዋደደ እዩ። ሓደ ሰብ ልቓሕ እንተዘይመሊሱ ደደቢት ኣይኮነትን ከይዳ ፀቕጢ እትፈጥር እቲ ሲስተም ባዕሉ እዩ ከምኡ ዝገብር። እንተዘይከፊልካ ናብዚኣ ኣይትኣቱን ይብሎ እቲ ጣብያ፤ ይኸፍል። እቲ ገባር እውን ዘማርረላ እዚኣ እያ። ሕማቕ ድዩ ፅቡቕ ዝብል ይመስለኒ ፅቡቕ እውን እዩ ሕማቕ ነገር እውን ኣለዎ። እቲ ሕማቕ ነገር ምስ ካልእ ነገር ክተኣሳሰር እንተሎ እዩ። እዚኣ እንተዘይገይርካ እዚኣ ኣይንህበካን ዝዓይነቱ ኣካይዳ ሕማቕ እዩ። ካልእ ነገር ክተርፎ ትኽክል ኣይኮነን። እቲ ምግዳድ ግን ትኽክል እዩ። እንታይ እየ ዝብል ዘለኹ እዞም ኣብዚ ዘለዉ ናይ መንግስቲ ኣካላት እቲ ናይ ፋይናንስ ዋሕዚ ዋሕዙ ሓልዩ ክኸይድ ይሕግዙ ኣለዉ ማለተይ እየ። እኳ ድኣስ ተመምዩ ክምዕብል ዝኽእል እዩ በሃላይ እየ።

ስለዚ እተን ትካላት ማይክሮፋይናንስ ደደቢት ሓዊሱ ምዕባየን ናይቲ ገባር ሃፍቲ ብዘይኣግባብ ተጠቒመን እየን ዝብል እምነት ኣይብለይን። እንድያውም ዝሓገዛ እየን ዝመስለኒ። ምስዚ ኩሉ ሓደጋታትን ተፃብኦታትን እየን ዝሰርሓ ዘለዋ። እዚ ነገር እዚ ውልቀ ሴክተር ተዝሰርሖ ነይሩ ወለዱ ሰማይ እዩ ነይሩ፤ ብስሩ እውን ዘይክቕፅልእ ውን ይነብር። ስለዚ ብሓደ ወገን ኣድላይነተ ፓብሊክ ሴክተር ዝድገፈሉ ሓደ መንገዲ እውን እዚ እዩ። ግን ደደቢት ጥራሕ ክትከውን ኣለዋ ኣብ ትግራይ ዝብል እምነት ኣይብለይን። ከምኡ ዓይነት ቴንደንሲ ኣሎ እዩ።

**ናብ ሴፍትኔት ንምፃእ::** ሴፍቲኔት ንዝሓለፉ ሽድሽተ ሸውዓተ ዓመት ኣብዛ ሃገር ዝሰራሕክሉ ዓውዲ እዩ። ናህና ትካል እዩ ዝግምግሞ። ብሓሳብ እውን ዝሕግዝ ዝነበረ እዩ። እዚ

# "ህዝብና ኣብ ሕርሻ ይነብር እምበር ሕርሻ ጥራይ ኣይኮነን ዝሰርሕ"

ፕሮግራም እዚ ሓደ ናይ ውሕስና ምግቢ ዓምዲ እዩ ኣብ ኢትዮጵያ። ብፈረንጂ 2005 እዩ ተጀሚሩ። ብ 2002 ከባቢ.ታት 11 ሚልዮን ህዝቢ ብድርቂ ዝተጠቐዐሉ ተጓንፎ ምስመፅ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓሲቡ እንታይ ክግበር ኣለዎ ዝብል ምስ ወሃብቲ ሓገዝ ተማኺሮም ዝገበርዎ መደብ እዩ።

ሓደጋ ውሕስና ምግቢ ምስ ኣጋጠመ ሽዑ ዝግበር ህፁፅ ሓገዝ ምሕታት እዩ። በብዓመቱ ኣሎ ግን ድማ ከኣ ብዓብይኡ እንተጋጥም ብዓብይኡ ይሕተት። ክልተ ዓበይቲ ሓደጋታት ግን ነይሮምዎ እዚ። እቲ ሓደ ካብ ኣውሮፓን ኣሜሪካን ተኣኪቡ ዝመፅእ ሓገዝ ባሕሪ ተሳጊሩ ክሳብ ዝመፅእ ነዊሕ ጊዜ ይወስድ እሞ ሰብ ምስ ሞተ እዩ ኣብቲ ክበፅሓሉ ዝተሓሰበ ቦታን ህዝብን ዝበፅሕ። ድርቂ ድማ ብባህሪኡ ሰብ ምቕታል ዝጅምር እቲ ድርቂ ኣጋጢሙ ምስተብሃለ ኣይኮነን። ሎምዘበን ድርቂ ከጋጥም እንተኮይኑ ዝመፅእ ዘሎ ዘበን ምህርቲ እዩ ሓቀይ ዝጉዳእ? ግን ከምኡ ከምዘጋጥም ስለዝፍለጥ እቲ ድኻ ብፍላይ ልቓሕ እውን እዩ ዝስእን። እቲ ኣለቃሓይ እውን ምዕቛር እዩ ዝደሊ። ካብ ጎረቤት ክልቃሕ ዝክእለሉ ዕድል ይስእን። ስለዚ ንዓመታ ንዝጠፍእ ምህርቲ ሎምዘበን ሒዙ ይጠሚ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ብምኽኑ ሓደጋ ኣሎ ኢልና እንሓትት ሰብ ምሟት ስምጀመረ እዩ።

ስለዚ እዚ ክቕፅል ኣይብሉን ዝብል ኣሎ። ካልኣይ ድማ ህፁፅ ሓገዝ እዩ። ሓደጋ እንትህልው ዝመፅእ እንትጠፍእ ዘይመፅእ እዩ። እንታይ እናፈጠረ ከይዱ ይመስለካ እዚ፤ ረድኤት ዝለመደ ህዝቢ እናተፈጠረ መፂኡ። ኣብ ገለ መፅናዕታት ዘሎ እየ ዝነግረካ ዘለኹ። ኣብዚ ይዝነብ ኣይዝነብ ኣብ ካናዳ እንተዘኒቡ ፀገም የብሉን ዝብል ህዝቢ ተፈጢሩ። "ብስርናይና ዘዕበይናዮ ትውልዲ" ዝብልዎ ኣውሮፓውያን ዓይነት ማለት እዩ። እዚ ዓብዪ ሓደጋ እዩ። እዚ ብቐጥታ ሰብ ከይሰርሕ እዩ ዝገብር። ሓላፍነት ከይወስድ ይገብር። ራእይ ዘይብሉ ሰብ ይፈጥር። ኣብ ነዊሕ ጊዜ ዝተፈጠረ እዩ። ካብ ደርጊ ክሳብ መጀመርታ 90ታት ዝቐፀለ እዩ እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ኣብ ሃገርና።

ክልቲኣን ዓበይቲ ሓደጋታት እየን ነይረን። ነዚኣን ንምፍታሕ እንታይ ንግበር ተባሂሉ ብብስለት ዝወፀ ፕሮግራም እዩ።

ስለዚ ኣብቲ ፕሮግራም እቲ ሓደ ክኸውን ዝተገበረ ኣፍራያይ ክኸውን ምግባር እዩ፤ productive! ሰሪሑ ዝረክቦ ክኸውን ተገይሩ። ኩዒት እየ ዝጥቀም ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ። ብጉልበቱ ምኳኑ ክርድኦ ኣለዎ። ካልኣይ እቲ ዝኩዕቶ ዘሎ እውን ህዝባዊ ሃፍቲ ዝሃንፅ ክኸውን ኣለዎ። ጎቦታት ዝግድብ፣ ፅርግያ ዝሃንፅ ክኸውን ኣለዎ። እሞ እናተሓገዘኩ ዓደይ ይሃንፅ ኣለኹ ድኣ እምበር ኮፍ ኢለ ከረክቦ ዝብል ኣተሓሳስባ ክሰብር ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዕላማ እየ ዝነግረካ ዘለኹ። እቲ ዓንተቦይ ዝበልኩኻ ትግራይ ብወሳናይ መልክዑ ናይ ምልማዕ ስራሕ ብመስረቱ በዚ መንገዲ እዚ፤ ማለት ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ምንቅናቕ ብምግባር እዩ ክስራሕ ዝኽእል። ስለዚ ተፀባይነት ሰባሪት እያ ብሓደ ገፅ።

ብካልእ መዳይ ድማ ካብ ርዳእታ ክሳብ ዝመፅእ ሰብ ዝመውት ኩሉ ጊዜ ክህልው ንግበሮ እቲ ህፁፅ ረድኤት እሞ እናሰርሑ ድማ ክረኽብዎ ይግባእ። እዚ ድማ ንብዙሕ ሰብ ግልፂ ዘይኮነ እንታይ ዓይነት ነገር ኣሎ ይመስለካ፤ ከም ገባር ሓደ ብዕራይ ኣለኒ ኢልካ ሕሰብ። ክሓርስ ከለኹ ሎምዘበን ሓሪሱ ንዓመታ ክሓፍስ እዩ። ሕዚ ከዘርእ ከለኹ ዚኣ እንተዘሪአ ዚኣ ክረክብ እየ ገለመለ ኢልካ ምሕሳብ ተጀሚሩ ኣሎ ማለት እዩ። ስለዚ ናብ ከምዚ ዝበለ ኩነት እንተመፂኡ እቲ ህዝቢ ፅቡቕ እዩ። ድርቂ እንተጋጠመ'ኸ ኢሉ ምሕሳብ ይጅምር ኣሎ። እዚ ፅቡቕ እዩ።

ካልኣይ ድማ ምናልባት እንድሕርዘየጋጠመ እዚኣ ክገብር እየ እንድሕር ኣጋጢሙ ድማ እዚኣ ስገም ክዘርኣ እየ ኢሉ ትሕት መፍረያይነት እዩ ምሕሳብ ዝጅምር። እዚ ንድርቂ ዝፃወር ኣተሓሳሳባ ይምዕብል ኣሎ ማለት እዩ። ስገም ዝዘርአ ቀልጢፉ ክትበፅሓለይ ትክእል እያ ኢሉ እዩ እምበር ኣተራፊ ክኾነላ እዩ ኢሉ ኣይኮነን። ስለዚ እንታይ እዩ ዝገብር ዘሎ፤ ሓደጋ እዩ ዝቕንስ ዘሎ። ካልእ ተዘዚርኣ ብዙሕ ምረኸበ። ግን እቲ ፍርሒ እዩ ከምኡ ዝገብሮ። እዚ ዓብዪ ነገር እዩ።

ሓደ ካብቶም ኣብ ኢኮኖሚክስ ዘለዉ ዓበይቲ ዘዕባታት ድኽነት ድኽነት ዝወልድ ምኽኑ እዩ። ክሳብ መወዳእታ ከይጥቀም ዝገብር ሓደጋ ስለዘሎ እቲ ድኽነት ድኽነት ንክህልው እዩ ዝገብሮ ዘሎ። ስለዚ ሓደ ናይ ሰፍትኔት ዕላማ ሓደጋ ከጋጥም ስለዝኽእል እቲ ዘይኣተወ ክኣትው ዝኽእለሉ እቲ ዝኣተወ ድማ ኣብኡ ዝቕፅለሉ መስርሕ እዩ ዘንፅፍ። ከምኡ እዩ እቲ መንፈስ። እዚ ዝህቦ ውሕስና ነቲ እትዘርአ ዝራእቲ ይውስነልካ ማለት እዩ። እዚኣ እዚ ዘርኢ እዚ ክዘርኣ እየ። እንድሕር ፀገም ኣጋጢሙ ድማ ሰፍትኔት ዶ እኒሄን ኢሉ ንክሓስብ ይገብር ኣሎ ማለት እዩ።

ሕዚ እዚ ኣካይዳ እዚ ሰሚሩ ዶ ኣይሰመረን እዩ ክኸውን ዘለዎ ናይ ሕዚ ሕቶ። ብውሕስና ምግቢ ኣብ ምንታይ ኣሎ? በቲ ሕዚ ዘበልናዮ ናይ ኣፍራያይነት ኣካይዳ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ኣሎ? ሰባት ብዝገመትዎ ዶ ይኸይድ ኣሎ? ወዘተ ዝብሉ እዮም ኣካላት መፅናዕትና። በዚ መዳይ እንትርእ ብሓፈሻ ፅቡቕ እዩ። ግን ኩሉ ጊዜ ፅቡቕ ኣይነበረን። ኣብ ከይዲ እዩ እናተመሓየሸ እናተመሓየሸ መፂኡ። ናይ ግዝዕይና፣ ናይ ምሕደራ ፀገማት ኣለዎ። እዚ ዳታታት እውን ኣለውና ክርእየካ ይኽእል እየ ኣብ ከይዲ

ነዊሕ ዓመታት እናተመሓየሸ እዩ መጺኡ። ከም መከላኸሊ ሓደጋ ድርቂ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ፕሮግራም እዩ ሴፍትኔት ማለት ኢለ እየ ዝውስድ። ብዓለም ክርአ እንተሎ እውን ፅቡቅ ስም ዘለዎ እዩ።

ናብ ዝርዝር ከትኣቱ እንተለኻ ድማ ብዙሓት ፀገማት ኣለዉ። ብዙሕ መፅናዕቲ ኢና ገይርና። ማንም ሰብ ጎጉል ገይሩ እውን ክርእዮ ዝኽእል እዩ። ካብኡ በብዓመቱ እነውፅአ እውን ኣሎ፤ ኩሉ ይሕተም እዩ። ንኣካዳሚክ ረብሓ ዝውዕል ሕትመታት እውን ኣለዉና። እዚ ዘርእዮ ነገር እንተሃለወ ለውጢ ምህላዉ እዩ። ኩሉ ነገር እናተመሓሸ፣ እቲ ኣሰራርሓ እናፀበቐ እዩ መጺኡ። እዚ ኩሉ ውፅኢት ናይቲ በብግዚኡ ዝግበር ክትትልን ምምሕያሻትን እዩ እየ ዝብል።

እዚ ብዝሓሸ ፍጥነትን ፅባቐን ክኸይድ ሕዚ ኣብ ትግራይ ክንገብሮም ካብ ዘለና ነገራት እቲ ሓደ እቲ ናይ ገምጋም ስርዓትና ክስተኻኸል ኣለዎ ኢለ እየ ዝኣምን። እቲ ገምጋምና ካብ ፈፃሚ ኣካል ብዝተረኸበ ፀብፃብ ኣይኮነን ተመስሪቱ ክኸይድ ዘለዎ። ናይ ጥቕሚ ጎንፂ ከየጋጥም ተጠንቂቕካ ኢኻ ክትርእዮ ዘለካ። ነቲ ዝሰርሖ ዘሎ ኣካል ገምጊሞ እንተኢልካዮ እሞ ብመሰረት እቲ ገምጋም ደመወዙ እትውስኾን እትንክየሉን እንተኾይንካ እንታይ ኢሉ ሕማቕ ፀብፃብ ይፅሕፈልካ? እሞስ ፍሉይ ድልየት ዘይብሉ ሰብ እዩ ክሰርሖ ዘለዎ። ስለዚ ዝሓሸ ናይ ገምጋም ስርዓት ክህልወና ኣለዎ። እዚ ክሕሰበሉ ኣለዎ።

**እቶም ብሰፍቲኔት ተመሪቖም ዝብሃሉ ሓረስቶት "እንታይ ኣለኒ ወሪዱኒ፣ ንለይ ድኣኸንትን ሰዲዳትለይ" ወዘተ ዝብሉ ኣለዉ፤ ማለትስ ብናይእማን ዓቕሚ ከይፈጠሩ እዮም ፈጢሮም ዝበሃል ዘሎ እዩ ዝበሃል እሞ ከመይ ኢኻ ትርእዮ እዚ ዶክተር?**

ምርቃ ዝምልከት እቲ ኣካይዳ ንፁር ኣይኮነን። ክሳብ ዝኾነ ደረጃ እናተሓገዙ ክምረቑ ምግባር ኣሎ። ኣብዚ እውን ፀገማት ኣለዉ። ሓደ እቲ ምረቃ ዝብሃል ብጣዕሚ ዝተሓላለኸ እዩ፤ SOPHISTICATED እዩ። እንታይ ምስኮነ ኢኻ ተመሪቑ እትብሎ? ብሃገር ዋላ ብክልል ደረጃ ከቢድ እዩ። ኣብ ትግራይ ዝምረቕ ሓረስታይ ሓደ ብኣታዊ እዩ። ካልኣይ ድማ ኣብታ ከባቢ ብእትግበር ዘተ እያ እትውሰን። ኣነ እዚ ዕውት ኣካይዳ እዩ ኢለ እየ ዝኣምን።

ምኽንያታት ኣለኒ። ሓደ ናብዚ ፕሮግራም እዚ ክኣቱ ዘለዎ ሰብ ምንም ካልእ ኣማራፂ ዘይብሉ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ክወፅእ ዘለዎ እውን ካብኡ ዝሓሸ እዩ ክኸውን ዘለዎ። መንግስቲ ብደገ ኮይኑ ኣይፈልጦን። እቲ ማሕበረሰብ እዩ ዝፈልጦ። ኣሳቲፍካ እንተሰሪሕካዮ ናብ ሓቂ ናይ ምቕራብ ዕድል ይፈጥር እዩ። ግን ምጥቕቓዕ ከኣ ኣለዎ። ይኹን እምበር ነታ ምጥቕቓዕ እውን ኢኻ ድማ መስርሕ እተዐርየላ። ናይ ጥርዓን ስርዓትካ ክተስተካኽል ኣለካ። እዚ ፅቡቕ እዩ። ናይቲ ፕሮግራም ሓደ ፈተና እውን ምጥቕቓዕ እዩ።

ናብ ድርቂ ዝምልከት ዛዕባ ድማ ንምፃእ። ከምቲ ዓንተቦይ ዝበልኩኻ ድርቂ ናይ ኢትዮጵያ ወይ ናይ ትግራይ ሽግር ጥራይ ኣይኮነን። ናይ ብዙሓት ሃገራትን ህዝብታትን ሽግር እውን እዩ። ጥሜት ዝብሃል ብሓፈሻ ናይ ድርቂ ሽግር ጥራይ ገይርካ ምውሳድ ጌጋ እዩ።ናይ ምሕደራ ፀገም እውን እዩ። ከም ካልኦት ሃገራትን ህዝብታትን ድርቂ የጋጥመና ኣሎ፤ እማን! ግን እዚ ክንመልሶ ክንቆፃፀሮ ኣለና። እዚ ንምግባር ዘድሊ ስሩዕን ጥዑይን ምሕደራ እዩ። ክንሓስበሉ ክንክእል ኣለና። ዓለም ሓሲባ እያ እትነብር ዘላ። ኢሎዋ የጋጥመን እዩ ኣብዚ ኢኳተርያል ከባቢ ዘለዋ ሃገራት። ዓለም ከም ዓለም እውን ምዝባዕ ኩነታት ኣየር ኣሎ። ነዚ ክኢሉ እዩ ዝነብር ዘሎ። ስለዚ ናይ ድርቂ ሽግር ናይ ተፈጥሮ ሽግር እዩ ኢልካ ክውሰድ ኣይግባእን። ናይ ምሕደራ ፀገም እውን እዩ። ዓለም ኣማሓዲራ እያ እትነብር ዘላ። መፍትሕታት ኣለዉ ክንሰርሓሎም ይግባእ።

ሓደ ካብኣቶም እቶም ፀገም ዘጋጥሞም ዓውድታት እቲ ፀገም ክስከምዎ ዘኽእል ዓቕሚ ከጥርዩ ናይ ምግባር ስራሕ እዩ። ብስሩ እኮ ሰፍቲኔት ብካልእ ሽሙ SOCIAL SECURITY SYSTEM/ ስርዓት ማሕበራዊ ውሕስና እዩ። እቲ ኣውሮፓውያን ዝገብሩዎ ዘለዉ እዩ ብካልእ ኣበሃህላ። ስካንድቨያን ሃገራት ዝጥቀማሉ ዓይነት እዩ። ምንም እንተገበርና ካብዚ ሲስተም እዚ ክርባሕ ዝኽእል ማሕበረሰብ ኣለና። ስለዚ ሓደ መፍትሒ እዩ እዚ።

ሕብረተሰብና ብዙሕ ፀገም ዘለዎ እዩ። ሓደ ዝብላዕ ዝስተ ዘይብላ ኣደ፣ ዝሓመሙ ቤተ ሰብ፣ ጉልበት ዝብሃል ዘይብሎም ኣካላት ማሕበረሰብ ኣለዉና እዮም። ናይ ዩኒሴፍ ሓደ መፅናዕቲ ኣሎ ኣብ ሕንጣሎን ዓብዪ ዓዲን ዝተሰርሐ መፅናዕቲ እዩ። ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመታት ዝተሰርሐ መፅናዕቲ እዩ። ከመይ ገይርካ ይሕገዝ ዝብል ሕቶ ንምምላስ እዩ ነይሩ። ክልል እውን ኢድ ነይርዎ። እዞም ዝበልኹኻ ኣካላት ድላይካ ግበር ዋላ ባንክታት ኣእትው፣ ዋላ መስኖ ኣተኣታቱ ወዘተ ነዓቶም ጥብ ዝብል ኣይኮነን። እዚኦም ክንስከሞም ዘለና ኣካላት ማሕበረሰብ እዮም። ስለዚ ስርዓት ማሕበራዊ ውሕስና የድልየና እዩ። ናብ ማንም እትድርብዮም ኣይኮኑን። ካብኦም ድይብ እናበልካ ክትከይድ እንተለኻ ግን ንእሽተይ ሓገዝ ዘድልዮም፣ ሽው ባዕሎም ክዘሉ ዝኽእሉ ኣለዉ። ግን ክዘሉ ዝኽእሉ ምሂኖም ድማ ርግፀኛ ምኳን የድልየካ።

ዓንተቦይ እንብሎ ዝነበርና እዚ ናይ ፅግዕተኝነት መንፈስ ድማ ኣሎ። ብድምር ዘርእዮ ከምዚ ዓይነት ነገር ኣብ ትግራይ ፀቢብ ዕድል ከምዘለዎ እዩ። ይኹን እምበር ተጠቀስቲ ዝብሃሉ መረዳእታታት ግን ኣለዉ እዮም። እታ መሃያ ንእሽተይ እያ፣ ብሳላሳ ቅርሺ ክውዕል እናኽኣለ ንምንታይ ብ10 ቅርሺ ይውዕል። እዚ ሰብ እዚ ኣነ ደጊም ሴፍቲኔት ይኣኽለኒ ዝሓሸ ዕድል ኣለኒ ኢሉ ዝሓስበሉ ሲስተም ክህልው ኣለዎ። ሕዚ ዘሎ ፀገም ግን ብሰላሳ ቅርሺ ዝውዕለላ ቦታ ስለዘየላ ኣብታ ናይ 10 ቅርሺ (ሰፍቲኔት) ክውዕል ይደሊ። ኩሉ ሰብ ይደልያ ማለት እዩ። ንእሽተይ ዝተገበረ እውን እኮ ኣዝዩ ዝኸፍአ ሰብ ክኣትዎ ምእንታን እዩ። እቲ ሓሳብ ከምኡ እዩ። ሕዚ ኣብ ሰፍቲኔት ዘሎ ህዝቢ ከምኡ እዩ። ካብኣ ክወፅእ ዘይደሊ ሰብ ኣለና ማለት እዩ። ሓደ ሚልዮም ከምዚ ዝበለ ህዝቢ ኣለና። ክወፅእ ዘይከኣለ

እዩ እዚ። ስኸ ኢልካ ኣይኮነን እዚ፤ ብጣዕሚ ብዙሕ ህዝቢ እዩ። ካብ ሓሙሽተ ሽድሽተ ሚልዮን ህዝቢ እዚ ዝኣክል ህዝቢ ኣብ ሰፍቲኔት ሒዝካ እቲ ካልእ ማልእ ምውጋዕ እውን ሓደሓደጊዜ ቀልዲ እዩ ዝመስል። ሓደ ብርኪ እዚ እዩ።

ካልእ ብርኪ ድማ ናይ ማይ ጉዳይ እዩ። ኢሊኖ እንትመፅእ እንስእኖ ዘለና ማይ እዩ ሓቀይ? ስለዚ ከርስ ምድሪ ማይ ኣለና። ሃፍቲ ማይ ኣለና። እዚ ምጥቃም የድሊ። ንመፃኢ ወለዶ ከተርፍ እውን ብዝኸእል መልክው ክንስራሓሉ ኣለና። ሓያል ናይ ኢንጅነሪንግ ምሕሳብ (THINKING) ዘድልዮ እዩ እዚ፤ ቀሊል ኣይኮነን። ባንኪ ዘድልዮም እውን ኣለዉ። እቲ መፍትሒ ብዙሕ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ሓንቲ መፍትሒት ሒዝና ክንከድ ኣይብልናን። መዓት እዩ ዘድሊ መፍትሒ። እዚ ናይ ምሕሳብ ነገር እዩ ናይ ድርቂ ጉዳይ እምበር ክንንከዮ ወይ ክንከላኸሎ ኣይከኣልን። ክንትንብዮ ንኽእል ኢና ብርግፅ።

ምስ ምትንባይ ተተሓሒዙ ሃገራዊ ኮነ ክልላዊ ኢንሹራንስ ክንገብር ንኽእል እና። ቅድሚ ሕዚ ተሞኪሩ ነይሩ እዩ፤ ዘሐጉስ ታሪክ ድኣ ኣይብሉን እምበር። ምስ ፈረንሳይን ካልእ ሓደ ዓለም ለኸ ኢንሹራንስን ዝተገበረ ስራሕ ነይሩ።

እዚ እንታይ እዩ፡ ተደጋጋሚ ዝጥቅዓ ከባቢታት እንተሃልየን ንበይነን፣ ዘይጥቅዓ እንተሃልየን እውን ይፍለያ። ሓልሓሊፉ ዘጥቅዐን ድማ ንበይነን ይፍለያ እሞ እተን ብዙሕ ጊዜ ዘጥቅዐን ብዙሕ ጊዜ ሓገዝ የድልየን። እቲኣን እውን ከም ኣጋጣሚኣን። ነዘን ከባቢታት እዚኣን ከከም ደረጃ ተቓላዓይነተን መንግስቲ ኢንሹራንስ ከኣትወለን ይኽእል እዩ። ኣብ ላቲን ኣሜሪካ ዝተመኮሩ ሓደሓደ ነገራት ኣለዉ። ብክልል ደረጃ እውን ምሕሳብ ይከኣል እዩ። ዋላ ምስ ኬንያ እውን ይኹን ብሓባር ኮይንና ኢንሹራንስ ምፍጣር ይከኣል እዩ። ንኢትዮጵያ ኣጥቂዑ ንካልእ ጎረቤት ሃገር ዘየጥቅዕ ክኸውን ይኽእል።

ስለዚ ኢንሹራንስ ምእታው። ናብ ሃገርና ናብ ክልልና እንተኣምጺእናዮ እውን ከምኡ እዩ። ንኩሎም ወረዳታታት ኢንሹራንስ ክነእትዎም ንኽእል ኢና። ብትግራይ ደረጃ ክሕሰብ ይከኣል እዩ። ኣብ ዝኮነ ቦታ ሪሶርስ ኣለካ ማለት እዩ። ኣብ 10 ዓመት 1 ጊዜ ዘጋጥም እንተኾይኑ እቲ ዕድል ንኡስ እዩ። ንሽድሽተ ሸውዓተ ወርሒ ቀለብ እንድሕር ዘድልዮ ኮይኑ እሞ በብወርሑ 2 ሽሕ እንድሕር ዝደሊ ኮይኑ እዚ ተደሚሩ ናይዚ 10% እዩ ዝከውን ዘሎ ማለት እዩ። ካብኡ ድማ እዚ ኣብ 10 ዓመት ሓደ ጊዜ እዩ። ድርቂ እንተጋጥም ናብቲ ዝተጠቐዐ ይውሰድ። እድር ማለት እኮ ካልእ ኣይብሉን። ከምዚ ዝበሉ ሓሳባት ናይ ምሕሳብ ነገር እዩ ሕዚ ዘድሊ ዘሎ። ንዕኡ እዩ ዕንቅፋት ልምዓት ዝብሃል፤ ድርቂ።

ጉጅለ ልምዓት ወይ ኔትወርክ ዝምልከት ዘልዓልካዮ ነገር ኣሎ። ኣብ ኢትዮጵያ ካብቶም ናይ ኤክስቴንሽን ስርሓቲ ዘፅንዑ ኣካላት ሓደ እየ። ቀጺሉ ዝሓለፈ ዓሰርታተ ዓመታት እንታይ ነይሩ? እንታይ ይጎድሎ ገለ ዝብል ኣብ ቀረባ እዋን ካብ ዝሕተሙ ስርሓቲ እቲ ሓደ እዩ። ኣብዚ ዝተርኣየ ነገር ናይ ኤክስተንሽን ስርዓትና ብዙሕ ዝጎድልዎ ነገራት ኣለዉ። ኮይኑ ግን ከም ስርዓት ምህላዉ ዓብዩ ነገር እዩ። ብድምር ክትርኢ እንተለኻ ዘይነበረ ንእሽተይ ትምህርትን ሓበሬታን፣ ፈተነታት ገለታት ካብ ጫፍ ርሑቕ ናብ ዝብሃሉ ከባቢታት ንክበፅሕ ሓጊዙ እዩ። መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ እዩ። ንሱ ዘምፅኦ ናይ እታወት ኣጠቓቕማ ወሰኽ ኣሎ። እዚ ኣብ ኩሉ ክልላት እዛ ሃገር እዩ። ንሱ ዘምፅኦ ናይ ኣፍራያይነት ሰሰን ኣሎ። ምህርቲ ወሲኹ እዩ። እቲ ዕብየት እንብሎ ካብኡ ዝመጸ እዩ ብሓደ ገፁ።

ግን ኤክስተንሽን ማለት ብሓሳብ ደረጃ ሓበሬታን ትምህርትን እዩ ዝስከም። እዚ ግን ዝገብሮ ዘሎ እታወትን ምስላጥን ጥራይ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። መዳበርያ፣ ምሩፅ ዘርኢ፣ ቴክኒካል ሓገዝ ወዘተ እዩ ዝገብር ዘሎ። እዚኦም ዘምፅእዎ ለውጢ ድማ ኣሎ። ኤክስቴንሽን መሰረታዊ ስርሑ ግን ሓበሬታን ትምህርትን ናይ ምስግጋር መንገዲ እዩ። ካበይ ዝመፀ? ናይ ሕርሻ ምርምር ትካላት ኮነ ዩኒቨርስታት ዘፅንዕዎ ብዙሕ ነገር ኣሎ። እዚ ተሓጊሩ ከይተርፍ፤ ናብቲ ሓረስታይ ክኣትው ናይ ኤክስቴንሽን ስራሕ ኣገዳሲ ይኸውን።

እዚ ብዋናነት ሓበሬታን ትምህርትን ብቐሊሉ ክመሓላለፍ ዝገብር ሜላ ኣካይዳ እዚ ብጣዕሚ ፅቡቕ ሓሳብ እዩ። ቀሊል ስራሕ ከይመስለካ ኔትወርክ ዝሰርሖ ስራሕ። ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ኣርሲ ኸባቢ ከይደ ነይረ። እቲ ዓዲ ፅቡቕ ምህርቲ ዝርከበሉ ዓዲ እዩ፤ እቶም ሓረስቶት እውን ንፉዓት እዮም። ድሓር ብኤክስቴንሽን እንታይ ትሰርሑ ኢለዮም። ናይ ስገም ናይ ስርናይ ዝብሃል ሕማም ነይሩ ኢሎም። እቲ ኸባቢ ስርናይ ፖተንሻል ኸባቢ እንድዩ፤ ድንገት መፅዩ እቲ ዘጥፍኦ። ሸዑ እንታይ እዮም ዝገብሩ፤ ከምዚ ዝብለ ሕማምያ ተራእዩ ምስተብሃለ ናብቶም ኣቦ ሰላሳ እዮም ዝውድሉ። መድሓኒት እንተሃልዩ እውን እንዳ እከለ ኣሎ እናተበሃሃሉ እዮም ካብ ሓደጋ ዝድሕኑ።ሓበሬታ ብሓደ ጊዜ ከባፃሕ ይገብር ኔትወርክ።

እዚ ግን ምንም ኩሉሻብ ቅኑዕ እዩ ማለት ኣይኮነን። ሕቶ ኣይብሉን፤ MIS USE ዝገብርዎ ኣለዉ እዮም። ብዘይኮነ መንገዲ ዝጥቀሙሉ ኣይስኣኑን። ንግዛዕ ምዛዕ ዝጥቀሙሉ ኣይስኣኑን። ንፖለቲካዊ ረብሓ እውን ይጥቀሙሉ። ካድራዊ እውን ይኸውን። ሸዑ ይሓምቕ። ስለዚ ብሓፈሻ እንትርእ ኔትወርክ ብሓሳብ ደረጃ ፅቡቕ እዩ።

ብካልእ ወገን ድማ ኔትወርክ ኣብ ኩሉይ ይሰርሕ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሕርሻ ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ኣብ ትምህርቲ እውን ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ኣብ ካልእ ግን ወረ ክኸውን ይኽእል እዩ።

# የቐንየለይ ምባል ንኽኣል!

ኣምበስ ተወልደ (ባሎኒ ኣማኻሪ ልምዓታዊ ስፖርት መቐለ)



ወለዲ ፅቡቕ ምግባር ንምትብባዕ ካብ ዝጥቀምሎም ኣበሃህላታት ውሽጢ "ፅቡቕ ንዝገበረልካ ወይ ግበረሉ ወይ ንገረሉ" ይብሉሞ የቐንየለይን ክብረት ይሃበለይን ምባል ንቡርን ፅቡቕ ስነ ምግባርን ከምዝኾነ ብዘየላጢ መንገዲ ገሊፆምዎ እዮም።

የቐንየለይ ብመሰረት ትርጉም ማርያም ዌብስተር "ብትሕትና ዝግለፅ ናእዳ እዩ" እንትብሎ፣ ዲክሽነሪ ካምብሪጅ'ውን ስሩዕን ዘይስሩዕን ብምባል ይመቕሎምሞ ዘይስሩዕ የቐንየለይ ዝበሃል ሓደ ሰብ ንዝገበርልካ ሕጉስ ምዃንካ ንምግላፅ ትጥቀመሉ እንትኾን ስሩዕ ዝበሃል ድማ ትሕትናዊ መግለፂ ኮይኑ ንዝሃብካዮ ውህብቶ፣ ግልጋሎት፣ ከማላእ ዝግብኦ ነገር ብምምላእኻ ወይ ዝግደፍ ብምግዳፍካ ዝወሃብ ምስጋናን ኣፍልጦን እዩ። ኡርባን ዲክሽነሪ'ውን የቐንየለይ ልዕሊ ናእዳ ዘሎ ውዕለትን ፅቡቕ ነገርን ዘንፀባርቕ እዩ ብምባል የቐምጦ።

በዚ መሰረት የቐንየለይ ምባል ንዝተገበረልካ ወይ ንዝተሰርሓልካ ዋጋ ዘይወሃቦን ዘይኽፈሎን ብቃል ወይ ብፅሑፍ ዝወሃብ ትሕትናን ናእዳን ዘለዎ ምላሽ እዩ። የቐንየለይ ብውለቀ፣ ብጉጅለን ማሕበርን ተዘየለ ብመንግስቲ ብርኪ ክግለፅ ዝኽእል ኣፍልጦ እዩ።

የቐንየለይ ንተብሃሊኡ ዘሐጉስ፣ ዘተባብዕ፣ ዘነቓቕሕ፣ ተግባራቱ ኣፍልጦ ከምዝረኸቡ ዘመላኽት እንትኾን ንበሃሊኡ ድማ ብስለት፣ ውዕለት፣ ክብረት፣ ዋጋ ዘርክብ ሰባት ተኸባቢሮምን ተሳንዮምን ንክኸዱ ዘግብር ብሓንቲ ቃል ዝግለፅ ክባርን መተካእታ ዘይብላን ቃል እያ።

ክርስቶስ ምእንተ ደቂ ሰብ መንከራ ተቐቢሉ ዘለኣለማዊ ድሕነት እንትምፅእ ዝሓተተና ሓንቲ ነገር ጥራሕ እዩ "ምስጋና"። እወ ምስጋናን የቐንየለይን ነቲ ፍፁምን ንምስጋና ዝፈጠረን ኣምላኽ እንተሐጕስዎ ንሰባት ክንደይ ከምዘሐጉሰና ካብቲ ኣምላኻዊ ቃልን ትእዛዝን ምርዳእ ይከኣል።

ተጋዳላይ መተካእታ ዘይብላን ክብርቲ ሂወት፣ ኣካልን ጊዜን እንተውፊ ምእንተ "መፃኢት ትግራይ" ነይሩ፣ እንትስዋእ መፃኢት ትግራይ ከምዘይሪኣ፣ ኣካሉ እንትስእን ከም ሙሉእ ኣካል ተጓይዩ ከምዘይሰርሐላ፣ ዘይተሰወአን ኣካሉ ዘይጎደለን'ውን ኣብ ንእስነቱ ከጥርዮም ዝግብኡ ዓቕሚታት ስኢኑ ከምዝሪኣ እንትጋደል ካብ ሰለስቲኣን ሓዲኣን ብፅሒቱ ከምዝኾና ኣንዳዕዲው ይፈልጥ ኔሩ እዩ።

ተጋዳላይ እንትጋደል መስዋእቲ፣ ምጉዳል ኣካልን ጊዜን ጥራሕ ዘይኮነስ ጥሜት፣ ፅምኢ፣ ሕማም፣ ተፈጥራዊ ምቅይያራት ከም ቁሪ፣ ሃሩር፣ ዝናብ ወዘተ ኩሎም ከምዘለዉ እናፈለጠ ኔሩ። ንምግዳሉ እንትሕተት ምላሹ "ምእንተ ረብሓ ህዝቢ" ዘይኮነስ "ምእንተ ረብሓይ" ኔሩ። ንሕና'ውን ምእንትኡ ዘይኮነስ ምእንታና "የቐንየለና" ክንብል ሰብኣዊ፣ ሞራላዊን ማሕበራዊን ጉቡእ ይህልወና። ዘይምጥላምናን ሕድሪ ዘይምዕባርናን መግለፂኡ "የቐንየለይ" ስለዝኾነ። እስቲ ነዚ ዝስዕብ ኣበሃህላ ነስተብህለሉ፡-

The little effort of saying "thank you" or of writing and sending a "thank you" can have benefits far beyond the value of the moments involved. "Thank you" can motivate, validate, and give positive reinforcement. "Thank you" for the ordinary as well as the extraordinary can enhance the interpersonal relationships immeasurably and make it well worth the time spent.

እዚ ኣበሃህላ እዚ ካብ ሓደ ዛጊድ ምንጩ ዘይፈለጥክዎ ፅሑፍ እየ ረኺበዮ፣ ነቲ ዝብሎ ዘለኹ ስለዝጠቕመኒ ወሲደዮ'ምበር ናተይ ኣይኮነን። እንተ ንበሃሊኡ ምስጋና ይብፃሓዮ። ዋጋ የቐንየለይ ክሳብ ክንደይ ዙርያ መለሽ ረብሓ ከምዘለዎ ንምርድኡ ከቢድ ኣይመስለንን።

ነዚ ፅሑፍ እንትፅሕፍ ሓደ ነገር ዘኪረ። ሓደ እዋን ኣባላት ፈፃሚት ቤት ምኽሪ ስፖርት ትግራይ ተኣኪብና ኣብ መንጎ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ኣባላት ኣመራርሓ ፌዴሬሽንን ዘይምስስምማዕ እንተተፈጢሩ ንምንታይ ብጎንፂን ዘይዕረቕ ብዝመስል ኣፈላላይን ንፈትሖ ዝብል ሓሳብ ይለዓል። (ኣብቲ እዋን ኣብ መንጎ እቲ ቢሮን ፌዴሬሽን ብስክሌታን ጎንፂ ተፈጢሩ ብምንባሩ ናብ ክሲን ንስኻባ ንስኻባ ናብ ዝብል ምትፍናን ተበፂሑ ብምንባሩ) ዝተልዓለ ሓሳብ እዩ።

ኣባላት ፈፀምቲ ኩሉና (ንሓለፍቲ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ሓዊሱ) ሰባት ንዓመታት ዝሰርሕዎን ዝለፍዕዎን ብሓንቲ ኣጋጣሚ ኣፈላላይ "የቐንየለይ" ዘይምባል

ዘይንቡር ብምኽኑ ይትረፍዶ ነቶም ሕዚ ዝሰርሑ ዘለዉስ ነቶም ካብ ሓምሳታት ጀሚሮም ዝሰርሑ ኣፍልጦ ንሃብ ዝብል ሓሳብ ይቐርብን ንሰማማዕን።

ኣብቲ ኣኼባ ሰለስተ ሰባት (ኣነ ካብ ፌዴሬሽን ኩዕሶ ኢድ፣ ተፈራ ካብ ፌዴሬሽን ኩዕሶ እግሪን ኪዳነ ማርያም ካብ ፌዴሬሽን ብሽክሌታ) ተመሪፅና። ሕጊ፣ መስርሒ፣ ሮቓሒን ካልኦት ኣገደስቲ ተግባራት ዘየማላእና ከመይ ሰባት ንመርፅ እንተተብሃለ ግዲ የለን ይብሃል። እቲ ተግባር ብኣግኡ ከምዝበርዐን ንመምበብቲ ዝጠፍኦም ኣይመስለንን።

ድሕሪ እታ ኣኼባ ኣባላት ፈፀምቲ ዳግም ዝተራኸብና ኣይመስለንን፣ ብኣጋጣሚ ሰለስቴና ኣብዚ ሕዚ እዋን ካብ ኣባልነት ፈፃሚት ዝተሰናበትና እንትኾን ክልቲኦም "የቑንየለይ" እንተግኒዮም ኣይፈልጥን እንተ ብወገነይ ግና "የቑንየለይ" ኣይረኸብኩን።

"የቑንየለይ" ዘይምባል ንዝሰርሑ ምትብባዕን ኣፍልጦን ምሃብ ብዝብል ዘብቅዕ ኣይኮነን። ኣፍልጦን "የቑንየለይ"ን ዘይምባል ታሪክ'ውን የዛብዕ እዩ። ስፖርት ትግራይ ብሓፈሻ ኩዕሶ እግሪ ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ 54 ዓመታት ብርክት ዝበሉ ሰባት ብዝተፈላለዩ ዓውደ ዘፈራት ተዋፊሮም ዝሃብዎ ኣበርክቶ ድምር ውፅኢት ኢና ሕዚ ዘሎ ኩዕሶ እግሪን ስፖርትን ነንቀሳቐሶ ዘለና።

ቅድሚኡ ግና ብዘይተለመደ መንገዲ ዩኒቨርሲቲ መቐለ ንሓደ ኣብ ስፖርት ትግራይ ብሓፈሻ ኣብ ኩዕሶ ኢድ ድማ ብፍላይ ዝለዓለ ደገፍ ንዝገበሩ በዓል ሃፍቲ ትግራዋይ ነባሪ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣይተ መለስ ብስራት ብምፅዋዕ የቑንየለይ ብምባል ንዝሰርሐዎን ዝፈፀምዎን ተግባር ብሽም ዩኒቨርሲቲ መቐለ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ንዩኒቨርሲቲ መቐለ ዝገልፅ ሽልማትን ኣፍልጦ የቑንየለይን ዝሃቦም እንትኾን ነቲ ኣፍልጦ ፕረዚዳንት ዩኒቨርሲቲ መቐለ ፕሮፌሰር ክንደያ፣ ም/ ፕረዚዳንት ዶ/ር ዓብደልቃድርን ኮሌጅ ዲን ተፈጥሮ ቀመር ሳይንስ ዶ/ር ሃፍቱን በቢተራ ዘተባብዕ መልእኽቲ ብምሕላፍ ኣብ ታሪክ ስፖርት ትግራይ ፈላሚ ዝኾነ ኣፍልጦ እንትህቡን የቑንየለይ እንትብሉ ብምርኣየይ ዝተሰመዐኒ ታሕጓስን ዘለኒ ናእዳን ክገልፀሎም ይፎቱ። ዶ/ር ከሳቴ ድማ ነዚ ብምትሕብባርን ብምውዳድን ዝተፃወቶ ግደ ዕዙዝ ብምንባሩ ደጊመ ክንእዶ ይደሊ።

በቲ እዋን ኣይተ መለስ ብስራት ክንደይ ከምዝተሓጎሱ ተዓዚበ ዋጋ የቑንየለይ ድማ ተረዲአ። ስለዚ ሰባት ይዕበ ይንኣስ ንዝገበርዎ ኣስተዋፅኦ "የቑንየለይ" ዝግበኦምን ዘድልዮምን'ኳ እንትኾነ ፍልይ ዝበለን ሩሑይ ኣስተዋፅኦ ንዝገበሩ እንትርስዑ ድማ ቀቅድሚትናን በብዕለቱ ንዘሎን ፕራሕ ከንርኢ ስለዘገድደና ሚዛን ክስሕትን ታሪክ ከዛባዕን ይገብር። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝገበሮ ኣስተዋፅኦ መተካእታ የብሉን። ንኻሊእ ገዲፍና ካብ ሓምሳታት ክሳብ ሰብዓታት ኣብ ኩዕሶ እግሪ ኣመራርሓ ብርኪ ዝነበሩን ፍልይ ዝበለ ኣስተዋፅኦ ንዝገበሩን ፕራሕ እንተወሲድና (ኣብነትን ኣብ መቐለን ንዝነበሩ ፕራሕ የቐምጥ ስለዘለኹ ኩሎም ሰብ ሞሳ ኣብዚ ብዘይምልዓለይ ይቕረታ ይሓትት) ንኣራም ማሩ፣ ሃይለ ገ/መስቀል፣ ልጅኣለም ገ/ሄር፣ ታፈረ ረዳ፣ ፍስሃዬ ሮጀ፣ ገ/ማርያም (ቖርበት) መብራህቱ ከለሎም፣ ሙሉ ታደሰ፣ ኣባዲ ተስፋይ፣ ወዘተ ምርሳዕ ወይ ምግዳፍ ሎሚ ዝለፍው ዘለዉ ፅባሕ ዘካሪ የብሎምን ፕራሕ ዘይኮነስ መሰረት ኣልቦ ስፖርትን ኩዕሶ እግሪን ሒዝና ክንጉዓዝ ዘገድድ እዩ።

ነዚ እዩ'ውን ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ዝነበሩ ክሲታትን ነቐፌታታትን መሰል መግለፂታት ንቡዙሓት ዘገረመ። ሰባት ኣብ ስራሕ እንትወፍሩ ዘርእይዎ ኣወንታዊን ኣሉታዊን ጎኒታት ክህልዉ ባህሪያዊ እዩ። ሰባት ንምንቃፍን ንምሙጓስን መስርሕን ኣሰራርሓን መሰረት እንተጌርካ እንተተጋግዮም ንምእራም እንተተፃሒዎም ንክትቐፅሎም ቀሊልን ልሙድን ኣሰራርሓ እዩ። ተዘየለ ኩሉሻብ ገምጋም መሰረትን መበገሲን እናተገበረ ዝኽየድ እንተኾይኑ ሐሓንሳብ ክሽለሙ፣ ክሙገሱን "የቑንየለይ" ከበሃሉን ዝግበኦም እናገደፍካ ክንቀፉን ክሕተቱን ዝግብኦም እናሽለምካ ንክትኽይድ ዝዕድም እዩ። ካብ መስርሕ ወፃኢ እንተተኸይዱ ሎሚ ዝነኣድካዮ ፅባሕ ዝነቕፍካዮን ተሓታቲ ዝገበርካዮን ፅቡቕ ስለዘይከውን ኣቕዲምካ ኣሞጊስካ ንምሕማይ ዘፀለምካዮ ንምንኣድ ኣፀጋሚ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ብሃንደበታዊ ሕማም ዝተፈለየና ሓውናን ቤተሰብ ስፖርትን ሰለሞን ገ/ፃዲቕ ትማሊ ኣብ ጋንታ ወልዋሎ ሓላፊ ኮይኑ ኣብዝሰርሐሉ እዋን ሰብ እዩሞ ከም ሰብ መጠን ኣዎንታን ኣሉታን ክህልዎ ባህሪያዊ እዩ። ክስመረሉ ዘለዎ ግና ጋንታ ወልዋሎ ካብ ምስረትኣ ጀሚሩ ክሳብ ምሕላፍ ናብ ፕሪሚየር ሊግ ማንም ዘይትክእ ኣስተዋፅኦ ነይርዎ እዩ።

ስለዚ ሰለሞን ኮነ ካልኦት ነቲ ዝገበርዎ ኣስተዋፅኦ ፈለማ "የቑንየለይ" ትብሎምሞ ከቐፅሉ እንተኾይኖም ኣተባቢዕኻ ዘየቐፅሎም እንተኾይኑ ድማ ንዝገበርዎ "የቑንየለይ" ብምባል ምፍናው እናተኽኣለ ብሚዲያ ዝቐነየ ከሳሲን ተኸሳሲን በራሪን ኣባራሪን ዘረባታት ሕዚ ናብ ምንታይ ከምዝቕየሩ ኣይፈልጥን።

ብርግፅ ብባህልና ምውት ኣይውቀስን ግን ስርሑን ተግባራቱ ብህልዉ ቀንጢጥካ እንትሞት ምሙጋስ ግና ኣይንባዕሉ፣ ኣይንስድርሑ፣ ኣይንፈተውቱን ነቲ ስፖርትን ንዝኾነ ሰብን ተግባርን ስለዘይረብሕ ገምጋም ወለድ "ፍረጃታት" ክንመሃረሉ ይግባእ። ሰባት ህልዋት ኮይና ዝሰራሕናዮም ኣፍልጦ እንትረኽቡ ንፍረን ንሙህሮን እንትኾኑ ካብዚ ዓለም እንትንፍለ ዝመፅእ ኣፍልጦን የቑንየለይን ግና እሞ ድሕሪ መፀለምታ እንተኾይኖም ኣየምህሩን።

ስለዚ ሰባት ሓቢርና እንትንሰርሕ ዕብየት እንትንፈላለ ውድቀት ምኻኑ መረዳእታ ኣለኻ ኣየኽይድን ወለድና ዝሓበራያ ኣፃብዕቲስ ኣርቃይ የፀምብዓ ከምዝበልዎ ሄነሪ ፎርድ ብወገኑ "Coming together is the beginning, keeping together is progress, and working together is success." ኢልዎ እዩ። ስለዚ ንሕብረት መሰረቱ "የቑንየለይ" ስለዝኾነ "የቑንየለይ" ይልመደና ኢለ እንትሰናበት ንሰሎሞን ገ/ፃዲቕ መንግስተ ሰማያት የዋርስካ ንስድርኡን ፈተውቱን ድማ ፅንዓት ይሃብኩም ኢለ ክሰናበት።

# ኣንጻር ማዕበል እናሓንበስካ ኣብ ደንደስ ባሕሪ ሰላም ክብጻሕ ከቢድ እዩ፧

ብቸሩ ተስፋዝጊ

ኣብ መእተዊ ናይ ዛ ምልእቲ ቁጽሪ ብግእዝ ዓመተ 2010 ኣብዛ ሃገር ጥዑማት ወረታት ይጋውሑ ኣለው። ሽሕ እኳ ብወገን ኣስመራ ኣንፈት ሰላም ዝሕብር ዝሑል ንፋስ እንተሃለወ: ኣብ ናይ ሎሚ ኢትዮጰያ ግን ንሰላም ዝእምቱ ዛዕባታት ብዝተፈላለዩ መንገዲ ዝያዳ ንፋሶም ይውዒ።

“የኤርትራ መንግስት የስግኣት ምንጪ የማይሆንበት ደረጃ ደርሰዋል” ዝብል ጋዜጣዊ መግለጺ ኣብ ሪፖርተር ብግእዝ መስከረም 07 2010 ኣብ መራኸቢ ብዙሓት ዝተጻሕፈ ኣንቢበ። ካብዚ “ኤርትራ ኣብ ዘይተስግኣና ደረጃ በጺሓ” ዝብል ዛዕባ እንታይ ኢና ክንርዳእ፧ እዚ ጋዜጣዊ መግለጺ ነቲ ካብ ኤርትራ ክህሉ ዝነበሮ “ስግኣት” ሲዒርናዮ ይብል የሎን፡ ተሰማሚዕና ኣሎና እውን ይብለና ዮሎን፡ ካብዚ ወጻኢ እቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝበሃል ዝነበረ (ናይ ስግኣት ምንጪያ) ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ሃልኪ እዩ ነይሩ ማለት እዩ፡ በቲ ኮይኑ በቲ ብወገነይ ዝተረዳእክዎ እዚ እዩ!

ቀዳማይ! ሰሜን ኢትዮጵያ ን20 ዓመት ዝኣክል ኣብ ናይ ወግእ ዞባ ተቐይሩ ነቲ ወፍሪ ልምዓት መሬቱን ሰብኣዊ ሃብቱን ከም ዝድለ ንኺይዓቢ ዓጊትዎ ዝጸንሐ ኲነት ይቅየር ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ኣዋጅ ንኣውፈርቲ ርእሰ ማል ምቹእ ባይታ ንኽፈጥረሎም ክሕግዝ እዩ። ብዓቢኡ ከኣ ንህዝቢ ትግራይን ዓፋርን ጥዑም ወረ እዩ።

ካልኣይ! እቲ ምድጋፍ ንበዓል ኦነግን፣ ጉንበት 7ን፣ ተቃውሞ ዓፋር ጁቡትን (ፈሪድ) ከም ዘቛረጸቶ ዝሕብር ጉዳይ ዘየሎ ከሎ፡ እቶም ኣብ ገማግም ባሕርና የዐስኪራቶም ዘላ ዓረባዊ ኪዳን ዝያዳ ጽላል ካብ ዝኾንዋ ንደሓር፡ ብሓይሊ ገንዘብን ኣጽዋርን ውግእን ዝያዳ ጎልቢታ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ እዚ “ህጹጽ ግዚያዊ ኣዋጅ” ጌና ኣብ ዘይተላዓለሉ ግዜ፡ ኤርትራ ናይ ስግኣት ምንጪ ዘይትኾነሉ ዘላ ምኽንያት ደኣ እንታይ እዩ፧ ብሕጽር ዝበለ! ምርጫ እዩ! “ካብ መቅድም መን ይቕድም እዩ፧” ናይ ግጥምያ ግንባራት ምቕናስ እዩ። ብተወሳኺ እውን ጽዑቕ ዞናውን ኣህጉራውን ድፍኢት ዘለዎ ዲፕሎማስያዊ ስልቲ እዩ። በቲ ኮይኑ በቲ ጥዑም ወረ እዩ…

## መዝሙር ሰላም “ለኢትዮጵያና ለኤርትራ ህዝቦች” ኣብ ትሕትቲ ዝብል ቴማ…

ብግዱሳት መንእሰያትን ምሁራትን ዝተላዕለ ዛዕባ እነሀ ኣብ መገዲ ኣሎ። ኣብ 10 ጋዜጣታት ናይ ዛ ሃገር ከኣ ሰፊሩ ይርከብ። እዞም ግዱሳት ደቂ ዓዲ ኣበጊሶሞ ዘለው ሰላማዊ ዛዕባ (መዝሙር ሰላም) ነቶም ኣንጻር ማዕበል እናሓንበሱ ኣብ ደንደስ ሰላም ዝብጻሕ ዝመስሎም ኣዝዮም ጸበብቲ ኣተሓሳስባታት ዝውክል እዩ መታን ከይብል፡ ብወገን ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘለው መትከላዊ ኣምራት ኣብ ግምት ዘእተወ ጻዊዒት ክኸውን ተስፋ ይገብር።

ንሰላምን ፍቅርን ዝእምቱ ናይ ሙዚቃ ፕሮግራም (ብክልቲኡ ወገን ዝቀረቡ) እነሀ ኣብ ቲቪ ትግራይ ቀሪቡ ቀንዩ፡ እዚ እውን ጥዑም ወረ እዩ…

ሽሕ እኳ ንሕና ኤርትራውያን ከነማዕርዮ ዝግበኣና ገዚፍ ናይ ገዛ “ዲሞክራስያዊ ዕዮን”፡ ማእከሉ ዝሰኣነ ደንበ ተቃውሞን ኣብ ቅድሜና ተገቲሮም ይሃልው፣ ብዘይ ተሳትፎ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓትን ደገፍቱን እነካይዶ ናይ ሰላም ዘተ ምሉእ ብሙሉእ ክዕወት ኣይኽኣልን፡ ደንበ ተቃውሞና ብፍላይ ውድባትና ኣብ ኣፍንጭኦም ከሎ ትም ኢሎም ምርኣዮም (ብርዱእ ምኽንያት) ተደራቢ ጸገም ይኹን፡ ክልቲኦም (መንግስትናን ተቃውሞን) ሓንጊዶም ኢልና፡ ስቕ ክንብል ግን ኣይንኽእልን። ኣብዚ ኣርእስቲ ክንዛተ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ (ብዘየገድስ ስለምንታይ) እወትኡ ኣርእዩና ኣሎ። ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ግን ነዚ ተራ ናይ ውሑዳት ዘተ እሂን ምሂን: ንኽይፍጻም በቲ ሓደ ካብቲ ትካላቱ (serawr.com) ኣቢሉ ጓል መገዲ ዝኾነ ኣሉታዊ ዘመትኡ ከስመዓና ቀንዩ። ኣይገርመንን! ምኽንያቱ ኣብዛ ሃገርና ከም ዋናታታ ኮይኖም ካብ ዝሰፍሩ ክንደይ ድዮም ኣቚጺሮም ዘለው፧ ካብ ኢዶም ወጻኢ ይትረፍ እኩባት ሰባት ክዛተይሉ፡ ሓደ ውልቀ ሰበ እኳ ምስ ነብሱ ክማኸረሉ ዘየፍቅዱስ፡ ከመይ ኢሎም ነዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝረአ ዘሎ ሓዲሽ ኲነት ክቕበሉ። እንተ ባዕሎም ካልእ ወሰኽ ዘይብሉ ግን ነዛ መገዲ ሰላም ዓይኖም ከም ዘይሓስዩላስ ፍሉጥ እዩ። መቸም ኣብቲ ብ18ን 19ን March 2017 ኣብ Tunisia ብ19ን 20ን August 2017 ከኣ ኣብ Khartoum (Sudan) ካልኣይን ሳልሳይን ዋዕላ “ናይ ኣፍሪቃ ገዛእቲ ፖለቲካዊ ፓርትታት” (The Council of African Political Parties CAPP) ዝተጋብአ ወከልቲ “ኢህወዴግን ህግደፍን” ተዛትዮም እዮም ዋላኳ ኣይበል ተረጋጊጾም ክመሓላለፉ እዮም ዝብል ግምት ግን የብለይን።

ብተወሳኺ! እቲ ንግዳማዊ ትርኢትና ዘይኮነ ንውሽጣዊ ጽባቀና ዝውክል፡ ዘይነጽፍ ስነ ጥበባዊ ደርፍታትና ምናልባት እዞም ናይ ክልቲኡ ሃገር ፖለቲካ ማሰኛታት ኣይርእይዎን ከይህሉው ደኣ እንበር፡ ብሓባር ክንሰርሕ ካብ እንጅምርሲ እነሀ ሓሙሽተ ዓመቱ ኣቑጺሩ ኣሎ። ክንደይ ደርፍታት ናይ ኤርትራውያን እዩ ኣብ ኢትዮጵያ ብተጋሩ ኣቀናበርቲ ዝተሰርሐን ዝተዘየመን ዝተገጥመን? ክንደይኸ እዩ ሓደሽቲ ናይ ኤርትራውያን ስነጥበብ

ብተጋሩ ኮነ ብኣምሓሩ ደረፍቲ ዝተደረፉን ጌና ዝስራሕ ዘሎን? ስነ ጥበብና ንድሕረ ባይትኡ ከይገደፈ! ኩሉሻዕ ንቅድሚት ስለ ዝሓሰብ! ምስቲ ኩሉ ቃንዝኡ! እቲ ሓቢርካ ምስራሕን ምድግጋፍን ግን ብተግባር ከምዝካኣል ኣርእዩና ኣሎ። እሞ ስለምንታይ ደኣ እዩ ኣብ ፖለቲካ ሓቢርካ ምሕሳብ ዘይከኣል፤ ብፍላይ ኣብ ግዝኣተ/ግብኣተ ህግደፍ ከም ገበን ዝርአ ወይ ዘይፍቀድ ዘሎ፤ እዚ ንናይ ፖለቲካን ስልጣንን ሕዛእቶም ስለ ዝሻሞ ጥራይ እዩ ዝቃወምዎ ዘለዉ እናበልኩ፡ እስከ ናብቲ ቀንዲ ዛዕባይ ክምለስ.....

ኣብዚ ብሕርያ ክጋባእ ተዳልዩ ዘሎ ቅሉዕ ዘተ! ብዘየገድስ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንዓና ከም ህዝቢ ዝብጽሑናን ንሰላምና ዝውክሉ ክገሃሱ ዘይብሎምን መትከላውያን ኣምራትና ኣብ ግምት ዘእተወ መታን ክኾነልና ብወገነይ ሓሙሽተ ነጥብታት ኣቐሚጠ ኣለኹ። እስከ ሓደ ክልተ ክብሎም...

ቐዳማይ... ሰላም ማለት ብቀንዱ ንኽልቲኡ ሃገራት ሕጋዊ ጅኦግራፊካዊ ዶባተን ምዝኽበር ጥራይ እዩ! እዚ ንኽልቴና ዝለከመ ንኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ኣብሳ ኮይኑ ዘሎ "መግዛእታዊ ዶባት" ሲዒቡ ጠንቂ ውግእን ወረ ውግእን ኣብዛ ዓለምና ከም ዝወለደ ንርእዮ ኣሎና። ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ ን177 ብሄራት ወይ ቀቢላታት (ምንጪ The Mail & Guardian a South African weekly newspaper) ንማሕበራዊ ኣቓውመኣን ኣብ ግምት ዘየእተወ መግዛእታዊ ዶባተን ናብ 54 ሃገራት መቓቒሉ (ወታቲፉ) ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ዝቐበልኦን (1963) ጌይሩ እዩ። ንሕና ኤርትራውያን እውን ሽሕ እኳ ከም ህዝቢ ሽዑኡ ንዓና ዝወከለ መንግስቲ ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ዓለም ዝቆጻጸሮ ኣፍሪቃዊ መገብኣያ ተረኺቡ ኢዱ ኣውጺኡ እሺ! ወይ ኣይፋልን ንኽብል ዕድል ኣይርከብ ደኣ እንበር: እታ ኣብቲ ግዜ እቲ ገዛኢትና ዝነበረት ሃገር (ኢትዮጵያ) ተቐቢላቶ እያ። እዚ ካብ ኮነ ሕጊ ናይዛ ንነብረላ ዘሎና ዓለም ክንእዘዞ ግድን ኮይኑና እዩ። ስለ ዝኾነ እዩ ከኣ ብይን ኮሚሽን ዶብ ኢትዮ ኤርትራ (13 ሚያዝያ 2002) ክልቴና ሃገራት ኣማሲኡ ዝተቐበልናዮ።

እዚ ማለት ግን እቲ ገዛእትና ንረብሓኣምን ርሑቕ ዝጠመተ ስዉር መግዛእቶምን ኢሎም ዝሓንጸጽዎ ዶባት ሎሚ ባዕልና ዋናታቱ ካብ ኮና ኣብ ትሕቲ እቲ ብሉጻት ደቅና ብመስዋእቶም ዋጋ ዝኸፈልናሉ ምሉእ ናጽነትናን ልኡላውነትናን ከነስተኻኽሎ ዘመናዊ ጠለባትናን ሕጋዊ ብጽሒትናን እዩ። ከመይሲ እቲ ኣብቲ መስመር ዝነብር ህዝቢ ድልየቱ ወይ ምርጭኡን ማሕበራዊ ኣቓውሙኡን ኣብ ግምት ዘእተወ "ዶብ" ምስ ዝሕንጸጸሉ ጥራይ እዩ ሙሉእ ወይ ተዛማዲ ሰላም ክልቲኡ ኣህዛብ (ሃገራት) ክረጋገጸልና ዝኽእል። ብፍላይ እቲ ኣብቲ መስመር (ጠረር) ዝነብር ህዝቢ ብዓቢኡ ወዲ መን ሙኺኑ ዝፈልጥ ህዝቢ እዩ። ነዚ "ናይ ካልእ ግማዕ ናቱ መኸፈልቲ ክኸውን ዘይምነ ህዝቢ" ኣብ ምጥራር መሬቱ ብኣካሉ (ብወከልቱ) እንተተሳቲፍዎ መሬቱ ክሳብ ኣበይ ከም ዘሎ ብግብእ ክነግረና ዝኽእል ህዝቢ እዩ።

ስለምንታይ ክሳብ ሎሚ ዘይተጠረረ ብዙሕ እዩ ምኽንያቱ። ምርጫ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራን፣ ሩሑቕ ዝጠመተ ስትራተጂካዊ ራኢ ኢትዮጵያን፣ ባእስን ህልኽን ውድባት (ሻዕብያን ወያነን)፣ ጅኦ ፖለቲክ ቀይሕ ባሕርን ስለ ዝተደዋወሱ እዩ። ብሰንኪ እዚ ረብሓዊ ፖለቲክን ዲፕሎማስያዊ ቁሩቁስን እነሆ ክሳብ ሎሚ መዕለቢ ኣይረኸበን ዘሎ። እቶም ንጅኦ ፖለቲክ ቀይሕ ባሕሪ ንነብሶም ከም ዋናታቱ ዝርእይዎ ሃገራት መንፈስ ምውታን (ምዕራባውያ) ከም ልቦም ኣብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ከሳፍሑ ዘይምኽኣሎምን፣ እቲ ሩሑቕ ዝጠመተ ስትራተጂካዊ ራኢ ኢትዮጵያ ክሳድ ዝኾነ ባብ ኣፍደገ ባሕርን ፖለቲካውን ማሕበራውን ዝምድናታት ብሰንኪ ባእሲ ክልተ ውድባት ስለ ዝተቐጽየን፣ ኣዝዩ ዕጽውን ምንም ፈኻኽ ዘይብሉ ስልቲ ኤርትራ ምስ ተወሰኾ ተለኻኺም ኮነ። ኢትዮጵያ "ኣይሰላም ኣይ ወግእ ስትራተጂ መሪጻ ኣብ ፖለቲካዊ ደውታ ኣተወት። ኤርትራ (ሻዕብያ) ከኣ ካብዚ ገዚፍ ዲፕሎማስያዊ መንቀራቕሮን፡ ካብቲ ጭብጢ ዘይተረኽቦ እገዳን መታን ክትወጽእ: ነቲ "ብደምን ቀለምን ዝተኸተመ መጻኢ ክልቴና" ዝብልን፡ ነቲ "ክንዮ ዶብ እዩ ዝምድናና" ዝብል ዝነበረ ራኢኣ ገዲፋ ገጻ ንባሕሪ ክትገብሮ ተገደደት። ኮይኑ ከኣ ፍጹም ድልየታን ምርጫኣን ዶ ዋላስ ዲፕሎማስያዊ ስልቲ እዩ ጌና ዘይፈለጥናዩ ሓዲሽ ስልታዊ ቀዝሒ ኣብ ኣፍደገ ባሕራ ፈጢራ ነቲ ርሑቕ ዝጠመተ ራኢ ኢትዮጵያ ሓቆናቶ። ኢትዮጵያ ነቲ ን20 ዓመት ዝመረጸቶ ፖለቲካዊ ደውታ ዳግም ክትርእዮን ከተማሓይሾን ከኣ ተገደደት። ብተወሳኺ...

ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ነጸብራቕ ርእሰ ምስሊ ሕብረተሰብን ኣብ ክንዲ ዝኸውን፡ ናይ ወጻኢ ፖሊስኦን ንውሽጣዊ ጉዳየን ዝጸሉ ኮይኑ እነሆ ክልቲኦን ሃገራት ዝወሰድኦ ደጋዊ ስልቲ ህርመቱ ኣብ ከብደን ይረአ። ኣብ ኤርትራ ንጅኦ ፖለቲካና ዝሻሞ ዓረባዊ ጸብለልትነትን ማሕበራዊ ምዝንባልን: ኣብ ኢትዮጵያ ከኣ ብፍላይ ንሰሜን ኢትዮጵያ ዝጎድእ ቁጠባዊ ደውታ ፈጢሩ ይርከብ። ንዓና ንኤርትራውያን እቲ ሓንኩሉ ሒዙና ዘሎ ምጥራር መግዛእታዊ ዶባትና ናይ መጨረሻ መዕለቢ ክንገብረሉ ካብቶም ካልኦት ቀዳማይ ዝኾነ እንኮ ምርጫና እዩ። ከመይሲ ኣብ ፈለማ እግርና ተጀሚሩ ዝነበረ ምትካል ጥጡሕ ህዝባዊ ባይታን፣ ምጅማር ዳግመ ህንጻ ሃገርናን፣ ሕጊ መንግስትን (ቁዋም ሃገር) ምትካልን፣ ካብ ግዚያዊ መንግስቲ ናብ ምስግጋር ህዝባዊ መንግስቲ ክንዓቢ ኣብ ቀረባ ዝነበረ: ውግእ ኢትዮ ኤርትራ ምስተኣንገደ ቆጽዩና እዩ። ንህግደፍ እዚ ሃገራዊ ጠለብ ዘለዎ መግዛእታዊ ዶብና ይከበር ዝብል ኣምር ንስልጣኑ ምንዋሕን መገዱ ንኽቅይርን ግርም መሕብእን ምኽንያትን ኮኖ። ውድባዊ ቅርጻ ሻዕብያ መላኺ ከም ዝነበረ ኣብ ገድሊ እንከሎ እንፈልጦ ጉዳይ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ድሕሪ ናጽነት ዝተጋብአ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር (ሻዕብያ) ንሃገር ዝኣተወሉ ብሩህ ተስፋ ጎስዩ: ኣብ ገዛእ ርእሱ ንሱ ብንሱ ዕልዋ ዝፈጸመ ጉጅለ: ህልም ዝበለ መላኺ መንግስቲ ተኺሉ ንኽቅጽል ሓደ ካብቲ ምኽንያት ዝኾኖ "ውግእ ባድመ" እዩ። ከመይሲ ኣብ ኣፈታትሓ ናይቲ ኲናት ሻዕብያ ኣብ ክልተ ስለ ዝተገምዐ እዩ። ብውጽኢቱ ከኣ ህዝቢ ተመቓቒሉ፣ መንግስቲ ህግደፍ ካብ ዲፕሎማሲ ዓለም

ተገሊሉ፣ መንእሰይ ንኽስደድ ተሓርዩ: እዚ እውን ውጽኢት "ውግእ ባድመ" እዩ። ነዚ ገዚፍ ናይ ገዛና ዲሞክራስያዊ ዕዮ ናብ ንቡር ንኽንመልሶ ነዚ ተጎልቢብሉ ዘሎ ጉዳይ ዶብ ብቀዳምነት ክንፈትሖ ኣሎና በሃልቲ ኢና። ነዚ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ናይ ሰላም መዝሙር ነዚ ኣርእስቲ ማእከሉ መታን ክገብሮ ክንቃለስ ማንም ዝገትኣና ሓይሊ የልቦን።

ካልኣይ... ክልቴና ሃገራት ካብ ጅኦግራፊካዊ ምልክነት ነጻ ክንወጽእ ኣይንኽእልን! ስለዚ...

ባህርያዊ ብዙሕነትና (DIVERSITY) መለለይና ስለ ዝኾነ: እዞም ጸቢብነት፣ ዓልየትነት፣ ወገንነት፣ ሃይማኖትነት ብሓፈሻ እዞም ናይ ጽልኢ ጽራሮት (HATE MONGERING) ዝበሃሉ ኣብዚ ናይ ሰላም መኣድና ቦታ የብሎምን። ረብሓ ሓድሕድ ምክብባር ዘለዎን: ንሕብረ ብዙሕነትና (ባህልናን፣ እምነትናን፣ ብሄራትናን ካልኦትን) ዘማእከለን ኣብ ግምት ዘእተወን ናይ ሰላም ዘተ ክንክተል እዙዛት ኢና።

ሳልሳይ... ወግእ ኢትዮ ኤርትራ ሽሕ እኳ መንቀሊኡ መግዛእታዊ ዶብ ንበሎ: ብቀሊሉ ክንፈትሖ ዘይምኽኣልና ግን እቲ ጠንቂ ባእሲ ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ዝርከቡ ተጋሩ ተዛረብቲ ሓደ ቋንቋ ስለ ዝነበረ እዩ። ብፍላይ ብወገን ኢትዮጵያ ከኣ በቲ ንዓመታት ዝገዝኣና ባሕርና እንበር ንዓና ዘይደለየ ርሑቕ ዝጠመተ ኣተሓሳስባ ስዩም እግዚኣብሄር ወይ መኣም ኣንበሳ "ብስውር" ስለ ዝተደገፈ እዩ። እዚ ኣብ ናይ ሎሚ ክውንነት ኤርትራን ልኡላውነታን ዘየኽብር: ካብ መትከል መንግስቱ ዝረሓቀ ጌና ብጎነጽ ኣፍደገ ባሕሪ ዝደሊ ዘሎ ጸኒሐ ትሑዛዊ ኣተሓሳስባ "መስፍናውያን" ንሕን ኤርትራውያን ኮነ ኣዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ፍጹም ከምዘይንቅበሎን ብዓቢኡ ከኣ ብጺሒታዊ ሕጋውነት ከም ዘይብሉን ክርዳእን ክኣምንን ኣለዎ። ህዝቢ ኤርትራ ንቁጠባዊ ጸጊዕነት ኣፍደገ ባሕሪ ክሳብ ክንደየናይ ንሓንቲ ሃገር ከም ዘድልያ ዝርዳእ ህዝቢ እዩ። ኣብ ሰላማውን ሕውነታውን ሰንሰለት ከኣ ዘይከኣል ነገር የልቦን በሃላይ እዩ። እዚ ብኣሽሓት ኪሎ ሜተር ዝቁጸር ገማግም ባሕርና ይትረፍ ንኽልቴና ሃገር ንኻልኦት ከይተረፈ ከገልግል ዝኽእልን ረብሓ ሓድ ሕድ ዕቤት ዘለዎ እንበር፡ ክሳራ ከም ዘይብሉ ዝኣምን ምቅሉል ህዝቢ እዩ ዘሎና። ስለዚ ኣብዚ ዝኣመነ ጥራይ እዩ ኣብ ናይ ሰላም መኣዲ ክቀርብ ዝኽእል።

ራብዓይ... ወሽጣዊ ጉዳይና (ብዘየገድስ መን ይመርሕ ኣሎ ኣብታ ሃገር) ነቶም ዜጋታት ናይታ ሃገር ዝምልከት ጉዳይ ጥራይ እዩ። ሽሕ እኳ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራትና ነንሕድሕዱ ምስ ጎረባብትና ዝጸላሎ ይኹን ኣብ ነንሕድ ሕዱ ግን ንረብሓ ክትብል ብኣሉታዊ ፖለቲካዊ ስትራተጂ ጣልቃ ክንተኣታቶ የብልናን። ውሽጣዊ ጉዳያትና ብቀንዱ ነቶም ዜጋታት ናይተን ሃገራት ዝምልከት ጉዳይ እንበር ነቲ ኣብ ቃጽዕ ዘሎ መንግስቲ ብቀረባ ዝምልከት ኣይኮነን። ዝኾነ ሰላማዊ ዘተ ኣብዚ ጉዳይ ንጹር መርገጽን እምነትን ክህልዎ ይግበኦ።

ሓሙሻይ... መኑ ንኽዕረቕ ይቀድም? ክልቲኡ ብሓደ ይከኣል እዩ? ዝብል እምነት የብለይን...

እዚ ሰላማዊ ዘተ ብዛዕባ ኢትዮ ኤርትራ እንተ ኾይኑ ክጥረር (ክስመር) ዘለዎ ፖለቲካዊ ሕንጻጽ (መስመር) ኣሎ ኣብ መንጎና። እዚ ምስ ዝፍጸም ከኣ ብውሑዱ ቀስ እናበለ መገዲ ሰላም ዝሕዘሉ ወቅቲ ተጀሚሩ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይክእል ጉዳይ ኣሎ። እቲ ተዛማዲ ሰላም ንቡሩ ክረክብ እንተኾይኑ፡ ዝምድና ክልቲኡ ሃገራት ኣብ ግዳማዊ ፖሊሲታተን ዝቀራረብ ስትራተጂ ምስ ዝህልወን እዩ። ማሕበራውን (ባህላውን) ቁጠባውን ዝምድናታት ህዝበን ኣብ ግምት ዘእተወ ትልሚ ምስ ዝህልወን እዩ። ካብ ጸቢብ ውድባዊ ኣተሓሳስባ ዝረሓቀ ሃገራዊ መንፈስ ዘለዎ ዝምድናታት ነቲ ዝሓለፈ ብሰንኪ ዝዓበየ ሽነኹ ብጽልኢ ክልተ ውድባት ዝተወለዐ ደማዊ ጎንጺ ቁስሉ ናብ ህዝብታትና ዝላሓኹ (ዋላ ቀሊል ኣይኹን) ንኽሕውዮ ግን መንገዲ ከፊቱ ኣሎ ማለት እዩ።

እንተ እቲ ጽልኢ የሕዋት ሓደ ቋንቋ ወይ ዝመሳሰላ ክልተ ውድባት (ሻዕብያን ወያነን) ዘንበድበድኦ ኮይኑ ድማ "ፈልስን ዘርእን ከምኡ ከኣ ዕጫናን ምርጫናን ዘለዎ ዝተዋሳሰበ ህዝቢ ምስ ታሪኻቱ ዝተኣሳሰር ባህላውን፣ ሓሳባውን፣ መንፈሳውን ቀሌቤት ስለ ዝኾነ ኣብ ሞንጎና "ዶብ" የልቦን። እዚ እናተወራረሰ ዝመጽአ ጽልኢ ንሕና ውን ናብ ደቅነና ከይነስግሮ ደኣ ኢና ክንጥንቀቕን ክንገትኦን ዘሎና እንበር፡ ብቕጽበት ክንፈትሖስ መስርሕ እዩ፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ወይ ናይ ኣዋርሕ ዕማም ኣይኮነን። ነዚ ኣብ ንቡር ንምምላስ "ደም ስንና ካብ ጡፍ እንብሎ እንውሕጦ ስለ ዝበዝሐ"፡ ነቶም ኣብ ሞንጎና ዘለው: ገሊኦም ገዛእትና ንኽመቃቕሉና ኢሎም ዝፈጠርዎ ግዚኡ ዝበልዐ ድሑር ኣተሓሳስባ ጌና ዝተኾልኮሉን: ገሊኦም "ሰብ ዑሩባት ሕልና" ዝኾኑ ንኽገዝኡ ኢሎም ኮነ ኢሎም ቂምታ ዘዋልዱን ጽልኢ ዘናድዩን ኣንጻር ሰላምና ደው ዝበሉን ስዩም ከየበልና ብቀሊሉ ክንፈትሖ ኣይንኽእልን። ኣብዚ ጉዳይ ክልቴና ኣህዛብ ነናትና ገዚፍ ናይ ገዛ ዕዮ ይጽበየና ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ዝብሎ፡ ኣብዚ ናይ ሰላም መኣዲ ይኹን ኣብ መገዲ ዛሃገር ኣንጻር ማዕበል እናሓንበሱ ኣብ ደንደስ ባሕሪ ሰላም ክበጽሑ ዝህቅኑ ጸበብትን ጌና ኣብቲ ቅድሚ 19 ዓመት ዝነበረ ኩነት ኣተሓሳስበኦም ደው ዝበለን፡ ጌሊኦም ንታሪኾም ዝረግጹን፡ ሕልኽልኽ ዝብሉ ውልቀ ሰባት ከም ዘለዉ ጥርጥር የብለይን። ኣይንርበሽን! እዞም ሰባት "ሰብ ጸቢብ ሓሳብ" ሕማምና እንበር ጸላእትና ኣይኮኑን፡ ንሕማምና ከኣ ፈውሲ ኣሎና! ጥራይ ኮፍ ንበል፡ ሕራይ ንዑ ንዛተ...